# መቓልሕ ትግራይ

ብቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ በብኽልተ ሰሙን ዝሕተም ጋዜጣ 30 መስከረም 2013 ዓ/ም ሕታም 640 ብነፃ ዝዕደል





## ኣብዪ ኣሕመድ ለኣኽቱ ከይተረፉ ይክሕዱዎ ምህላዉ ተፈሊጡ

ብይርጋ ኣብርሃ

መንግስቲ እንግሊዝ ኣብ ኢትዮጵያ ንዘሎ ጥሕሰት ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ብም ኹናን መረፃ ትግራይ ብሰላማዊ መንገዲ ምክያዱን ኣብ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ቀላሲ ግደ ከምዘለዎን ኣብ ዝለኣኾ ደብዳበ ኣፍሊጡ።

ንካባ ኢህወደግ ተኸዲኑ ብሽም ሃገራዊ ለውጢ ናብ መንበረ ስልጣን ዝደየበ ጉጅለ ኣብዪ ኣሕመድ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ሰፊሕ ጥሕሰት ብምክያድ፣ ማሕበረ ቁጠባዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ኣዝዩ ናብ ዘንቀልቁለሉ ኩነታት ከምዝወረደ ዓለም ለኸ ትካላት ኣፍሊጦም።

ናብ ገፅ 6 ይዘውር

## ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን ትግራይ ንምስፍሕፋሕ ንግድን ኢንቨስትመንትን ትኹረት ሂቡ ክሰርሕ እየ ኢሉ

ብተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

ኣብ ኩለን ከተማታት ትግራይ ንግድን ኢንቨስትመንትን ብምስፋሕ ኣብ ኩለመዳይ መኸተ ክወፍር ምድላዋቱ ከምዝወገነ ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

እቲ ቤት ምኽሪ፣ መንግስቲ ትግራይ ብዘውፅኦም ኣዋጃት፣ መምርሕታትን ፖሊስታትን መኸተ፣ ትኹረት ብምግባር ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት፣ ሰብ ሃፍቲ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ኣብ ትግራይ ኣትዮም ክሰርሑ ጡጡሕ ባይታ ብምፍጣርን ስርዓቱ ዝሓለወ ሰደድን ኣታውን ንግዲ ክህሉ ዝለዓለ ትኹረት ብምሃብ ከምዝሰርሕ ፕረዚደንት ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን ክልል ትግራይ መምህር ኣሰፋ ገ/ስላሴ ገሊፆም፡፡

እቲ ቤት ምኽሪ፣ በቲ ዝተዋቐረ ኮምሽን ኢንቨስትመንት መሰረት ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ምሕደራ መሬት ብምጥቃም፣ ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ንዝፍጠሩ ፀገማት ንምፍታሕ ብዕቱብ ከም ዝሰርሕን ኣብ ኣብያተ ማዘጋጃ፣ ኣብ ከተማ ልምዓትን ካልኦትን ዘለዉ ተፃብኦታት ንምፍታሕ፣ ምስ ቢሮ ከተማ ልምዓት፣ ንግድን ኢንዳስትርን ብውዳድ ከም ዝስርሕ መምህር ኣሰፋ ተዛሪቦም፡፡

መብዛሕትኦም ዞባታት ኢንዳስትሪ ትግራይ መሰረተ ልምዓት ስለዘይተስፋሕፋሓሎም በዓል ሃፍቲ ከምድላዩ ተንቀሳቒሱ ከልምዕ ዕንቅፋት እናኾኖ ከምዘሎ ዝሓበሩ እቶም ፕሬዝዳንት፣ ኣብዚ ዓመት ቀንዲ ትኹረት ካብ ዝወሃቦም ስራሕቲ፣ ኣብቶም ኢንዳስትሪ ዞባታት መሰረተ ልምዓት ብምስፍሕፋሕ እቲ በዓል ሃፍቲ ከምድላዩ ተንቀሳቒሱ ዘፍርየሉን ዘልምዓሉን ባይታ ንምፍጣር ብዕቱብ ክስራሕ እዩ ኢሎም ፡፡

ኣብ ትግራይ ንብዙሓት ሰብ ሃፍቲ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ብምውፋር ብዙሕ ዕድል ስራሕ ክፍጠረሎም

ናብ ገፅ 4 ይዘውር



## “ትካል ፍትሓዊ ልቓሕን ዕቋርን ደደቢት ዘበናዊ ኣሰራርሓን ቴክኖሎጅን ንምትእትታው ይሰርሕ ኣሎ”

**ዋና መካየዲ ስራሕ ትካል ፍትሓዊ ልቓሕን ዕቋርን ደደቢት ኣይተ ሙሉጌታ ብርሃነ**

ብኣሸናፊ ዘውዴ

ኣብ ትግራይ በዝሒ ጨንፈር ንምውሳኽን ዘመናዊ ኣሰራርሓን ቴክኖሎጅን ንምትእትታውን ትኹረት ሂቡ ይሰርሕ ምህላዉ ትካል ፍትሓዊ ልቓሕን ዕቋርን ደደቢት ኣፍሊጡ።

ዋና መካየዲ ስራሕ እቲ ትካል ኣይተ ሙሉጌታ ብርሃነ ከም ዝበልዎ፤ እቲ ትካል ክሳብ ሐዚ 201 ጨንፈር ብምኽፋት ግልጋሎት ልቓሕን ዕቑርን ኣብ ምሃብ እንትርከብ በዝሒ ጨንፈር ንምውሳኽን ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ንምትእትታውን ትኹረት ሂቡ ብምስርሑ ዘተባብዕ ውፅኢት ኣብ ምምፃእ ይርከብ።

እቲ ትካል ቕድሚ 26 ዓመት ብትሕቲ ሓሙሽተ ሚልዮን ብር ካፒታል ተጣይሹ፤ ሕዚ ኣስታት 14.5 ቢልዮን ብር ካፒታል ኣብ ምንቅስቓስ ከምዝርከብ እቲ 75 ሚኢታዊ ካፒታል ብህዝቢ ዝተዓቖረ ገንዘብ ምዃኑ ዝገለፁ ኣይተ ሙሉጌታ፤ ልዕሊ 10 ቢልዮን ብር ልቓሕ ብምሃብ ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ክውዕል ከም ዝተገበረን ካብዚ እቲ ልዕሊ ሓሙሽተ ቢልዮን ብር ኣብ 2012 ዓ.ም ጥራሕ ዝተውሃበ ልቓሕ እዩ ኢሎም።

ሐዚ ብሄራዊ ባንኪ ብዘውፅኦ ሕጊ መሰረት ግልጋሎት ሓዱሽ ብር ምቕያር ይህብ ከም ዘሎን፣ ሕ/ሰብ ዘለዎ ገንዘብ ኣብ እዋኑ ናብቲ ትካል ከይዱ ገንዘብ ክቕይር ከምዘለዎ እቶም ዋና ኣካየዲ ስራሕ ድሕሪ ምግላፆም፤ እቲ ለውጢ ገንዘብ ነቲ ትካል ረብሓ ከም ዘለዎን እዚ ድማ ሕ/ሰብ ንክዓቑርን ሒሳብ ቑፅሪ ንክኸፍትን ዘተባብዕን ኩነታት ከም ዘሎን ብበዝሒ ዕቋር ሃልዩ ብዙሓት ተለቃሕቲ ንምእትእንጋድ ከም ዘኽእል ገሊፆም።

ዝተወሰደ ልቓሕ ብእዋኑ ብዘይምምላሱ እቲ ትካል ክበፅሖ ኣብ ዝግባእ ዕብየት ንከይበፅሕ ዝለዓለ ብፅሒት ኣለዎ ዝበሉ ኣይተ ሙሉጌታ፣ ሐዚ ብርክት ዝበለ ብልቓሕ ዝተወሰደ ገንዘብ ኣብ ሕ/ሰብ ብምህላዉን እቲ ገንዘብ ብእዋኑ ተመሊሱ ዳግም ኣብ ረብሓ ንክውዕል ኹሎም ዝምልከቶም ኣካላት ብትኹረት ክሰርሑ ይግባእ ኢሎም።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ኢድ ሕ/ሰብ ዝርከብ ነባር ገንዘብ ንክቕየር ኣብ ዝተተሓዘሉ እዋን ቆልጢፍኻ ብምቕያር መሊኡ ኣብ ረብሓ ንክ ውዕል ብትኹረት ክስራሕ ከም ዝግባእ፤ ሕ/ሰብ ኣብቲ ትካል ሒሳብ ቑፅሪ ብምኽፋት ዕቋሩ ብምውሳኽ ሜላታት ዘመናዊ ምንቅስቓስ ገንዘብ ክጥቀም ከም ዘለዎ ዝሓበሩ ኣይተ ሙሉጌታ፣ ኣስታት 43 ጨንፈር እቲ ትካል ዘመናዊ ግልጋሎት ፋይናስ ኣብ ምሃብ ከም ዝርከብን እተን ዝተረፋ ናብ ዘመናዊ ስርዓት ፋይናስ ንምስግጋር ትኹረት ተዋሂብዎ ይስራሕ ከም ዘሎ ኣገንዚቦም።


**ዝኸበርኩም ተገልገልትና**

**እዋናውን ተኣማንን ዜና ካልኦት ዓበይቲ ሓበሬታታት ህዝብን ክልል**

**ትግራይን ሃገርን ዓለምን ተኸታቲልኩም like, share comment ብምግባር ንክትሳተፉ ንዕድም ።**

**Facebook: https://www.facebook.com/TigrayCAB/**

**Youtube: Tigray Communication Affairs Bureau**

**Twitter: https://twitter.com/TigrayCAB**


## 2013 ዓ/ም ትግራይ ብሓዱሽ ናህሪ ናብ ብራኸ ዓወት !

# ቅንያት ወረዳታት

## ኣሕፈሮም

ኣብ ወረዳ ኣሕፈሮም ቤት ማዘጋጃ ከተማ ድብድቦ ን117 ወገናት ንመንበሪ ዝኸውን ቦታ ምዕዳሉ ኣፍሊጡ፡፡

ኣካየዲ ስራሕ ቤት ማዘገጃ ከተማ ድብድቦ ኣይተ ተስፋይ ገ/ስላሴ ከም ዝበልዎ፤ን6 ማሕበራት ንመንበሪ ዝኸውን ቦታ ዝተውሃቡ ኮይኖም ማሕበር መምህራን፣ ተመዛበልቲ፣ ኣባላት ፖሊስን ምክልኻል ሃገርን 2 ማሕበራት ዓርሰ ሓገዝ መናእሰይን እንትኾኑ ብድምሩ ከባቢ 58 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 117 ነበርቲ እቲ ከተማ መንበሪ ቦታ ከምዝተዓደሉ ገሊፆም፡፡

ተዓደልቲ እቲ መንበሪ ቦታ ነበርቲ ከተማ ድብድቦ ሓለቓ ዓሰርተ ዓብቃድር ኣደም፣ ሓለቓ ሚኢቲ ገ/ሄር ሃይሉን መንእሰይ ኪዳን ገብሩን ብወገኖም፤ መንበሪ ገዛ ተደጋጋሚ ንክውሃቦም ይሓቱ ከም ዝነበሩን መንግስቲ ትግራይ እቲ ሕቶ መሰረት ብምግባር ክህብ ምኽኣሉ ካብ ልቢ ኣመስጊኖም፤ ክብል ክኢላ ፕረስ ወረዳ ኣሕፈሮም ገ/ህይወት ኣስመላሽ ፀብፂቡ፡፡

## ሓውዜን

ኣብዚ ዓመትዚ ፖለቲካዊ ንቕሓት መናእሰይ ክብ ክብል ብምግባር፣ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ተጠቃምነቶም ብዕምቆት ንምርግጋፅ ዘኽእሉ ሰፋሕቲ መደባት ልምዓት ሓንፂፉ ምንቅስቓስ ከም ዝጀመረ፣ ሊግ መናእሰይ ህ.ወ.ሓ.ት ወረዳ ሓውዜን ኣፍሊጡ፡፡

ኣቦ ወንበር ሊግ መናእሰይ ህ.ወ.ሓ.ት ወረዳ ሓውዜን መንእሰይ ጠዓመ ገ/መድህን፤ ኣብታ ወረዳ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ፖለቲካዊ ንቕሓት መናእሰይ ክብ ክብል ብምግባር፣ ፀጋታት ከባቢኦም ፀንቂቖም ኣብ ረብሓ ዘውዕልሉ ባይታ ብምትዕርራይ፣ ካብቶም ዝሓለፉ እዋናት ብዝያዳ ተጠቃምነት መናእሰይ ከረጋግፁ ዝኽእሉ ትልሚ ኣዳልዩ ምንቅስቓስ ከምዝጀመረ ሓቢሩ፡፡

ብመሰረት እዚ 320 መናእሰይ ኣብ ልምዓት መስኖ፣ 850 ኣብ ምርባሕ ሃፍቲ እንስሳን 650 መናእሰይ ኣብ መዓድን ንክዋፈሩ፣ ን820 ዕድመ ኣከል ዝኾኑ መናእሰይ ድማ መጠሻን ተሓራሳይ መሬትን ክረኽቡ ከምዝግበር መንእሰይ ጠዓመ ሓቢሩ፡፡ እዚ መደብ ዕውት ኮይኑ ንክፍፀም ምስ መድረግቲ ኣካላትን ጥምረት መናእሰይን ብፍላይ ድማ ምስ ፈፃሚት ሊግ ህ.ወ.ሓ.ት መናእሰይ እታ ወረዳ ሰፊሕ ምይይጥ ተካይዱ ኣብ ሓደ ምርድዳእ ከምዝተበፅሐ መንእሰይ ጠዓመ ኣፍሊጡ፤ ክብል ክኢላ ፕረስ ወረዳ ሓውዜን ተክለማርያም ተካ ፀብፂቡ፡፡

## ጉሎ መኸዳ

ኣብ ወረዳ ጉሎ መኸዳ ብሓልዮት ሓደ ግዱስ በዓል ሃፍቲ ብልዕሊ 2 ሚልዮን ብር ዝተገዝአት ዘበናዊት ኣምቡላንስ ከምዝተለገሰት ቤት ፅሕፈት ጥዕና ወረዳ ጉሎ መኸዳ ሓቢሩ፡፡

እታ ኣምቡላንስ ብግዱስ በዓል ሃፍቲ ኣይተ ግርማይ ገ/ኣረጋዊ ተገዚኣ ንመባእታዊ ሆስፒታል ዶ/ር ፀጋይ ገ/ሄር ፋፂ ዝተወሃበት እንትትኮን ኣብቲ ስነ ስርዓት ርክክብ ዝተረኸቡ ተወካሊ እቶም ግዱስ በዓል ሃፍቲ ኣይተ መሓሪ ገ/ገርግስ ከምዝገፀዎ፤ እታ ኣምቡላንስ ሞት ኣዴታትን ህፃናትን ኣብ ምቕናስ ዝለዓለ ተራ ከምትፃወት ብምእማን ዝተገበረ ደገፍ ምዃኑ ብምሕባር እቲ ደገፍ ሽቶኡ ንክወቅዕ ድማ ነታ ኣምቡላንስ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ኣድላይ ክንክን ክገብረላ ይግባእ ኢሎም፡፡

መካይዲ ስራሕ መባእታዊ ሆስፒታል ዶ/ር ፀጋይ ገ/ሄር ኣይተ ቃለክርስቶስ ግደይ ብወገኖም፤ እቲ ዝተገበረ ሓገዝ ነተን ኣብ ስራሕ ዘለዋ ኣምቡላንሳት ፃዕቂ ስራሕ ብምቕናስ ሞት ኣዴታትን ህፃናትን ኣብ ምንካይ ዝለዓለ ግደ ከምዝፃወት ብምሕባር ኩሉ ስራሕተኛ እቲ ሆስፒታል ብዉፍይነት ብምስራሕ ዕግበት ተገልገልቲ ንምርግጋፅ እናሰርሐ ከምዝርከብ ገሊፆም፡፡

ምክትል ዋና ኣመሓዳሪ እቲ ወረዳ ኣይተ ሃይላይ ገ/ሄር ብገዲኦም፤ ወረዳ ጉሎ መኸዳ ካብተን ብተወለድትን ሰብ ሃፍትን ሰፋሕቲ ስራሕቲ ልምዓት ዝስረሐለን ወረዳታት ሓንቲ ከምዝኾነት ብምሕባር ናይዚ መቐፀልታ ዝኾነ ነቲ ዝተገበረ ሓገዝ ብሽሞምን ብሽም ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ጉሎ መኸዳ ምስጋና ብምቅራብ ኩሉ በዓል ሃፍቲ ነዚ ሰናይ ተግባር ክስዕቦ ፀዊዖም፤ ክብል ክኢላ ፕረስ እታ ወረዳ መብራህቶም ለምለም ፀብፂቡ፡፡

## ማሕበር ልምዓት ትግራይ

ሓረስቶትን መሃያ ተኸፈልቲ ሰራሕተኛታትን 6 ወረዳታትን ዞባ ደቡብ ትግራይ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ብር ናብ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣታዊ ምግባሮም ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣፍሊጣ፡፡

መተሓባበሪ ማሕበር ልምዓት ትግራይ እተን ወረዳታት ኣይተ ኣፈወርቂ ረዳ ከም ዝበልዎ፤ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት መደባት ማልት ኣብ ዞባ ደቡብ ትግራይ ምስ ዘለዉ ኣመራርሓን ኣባላትን ሰፊሕ ምርድዳእ ብምግባር ሓረስቶት፣ መሃያ ተኸፈልቲ ሰራሕተኛታትን ሰብ ሃፍትን ከተማ ኮረም፣ ወረዳታት ኦፍላን ዛታን እታ ማሕበር ኣብቲ ዞባን ኣብ መላእ ትግራይን ልምዓት ትግራይ ንምስላጥ ትገብሮ ዘላ ፃዕሪ ዕዉት ንምግባር እጃምና ክንዋፃእ ኣለና ብምባል ኣብ ቀዳማይ ርባዕ ዓመት 472,965 ብር ናብ ማልት ኣታዊ ምግባሮም ገይሮም፡፡

ብተመሳሳሊ ሓረስቶት፣ መሃያ ተኸፈልቲ ሰራሕተኛታት፣ ነጋዶን ዝተፈላለዩ ውዳበታትን ከተማ ማይጨው፣ ወረዳታት እንዳ ሞኾኒን ነቀስገን 548,991 ብር ናብ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣታዊ ምግባሮም ኣብ ማሕበር ልምዓት ትግራይ መተሓባበሪ ከተማ ማይጨው፣ እንዳ ሞኾኒን ነቀስገን ኣይተ ካሕሳይ ወረደ ገሊፆም፡፡

ብሓፈሻ ሓረስቶትን መሃያ ተኸፈልቲ ሰራሕተኛታትን ሽድሽተ ወረዳታት ዞባ ደቡብ ትግራይ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ብር ናብ ሒሳብ ባንኪ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣታዊ ምግባሮም ተገሊፁ፡፡

## ኣላማጣ

ቤት ምኽሪ ከተማ ኣላማጣ ን2013 በጀት ዓመት ልዕሊ159 ሚልዮን ብር በጀት ምፅዳቑ ቤት ፅሕፈት ኣፈ ጉባኤ ኣፍሊጡ፡፡

ቤት ምኽሪ ከተማ ኣላማጣ ኣብ 4ይ ዘመን መበል 28 ስሩዕ ጉባኤ ኣብ 2012 ዝነበሩ መደባትን ኣፈፃፅመኦምን ብሰፊሑ ዝገምገመ እንትኾን ን2013 ዓ/ም ልዕሊ 159 ሚልዮን ብር ዓመታዊ በጀት ከም ዘፅደቀ ምኧኑ ምክትል ኣፈ ጉባኤ ወ/ሮ ኣበባ በላይ ሓቢረን።

እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ 2012 ዓ/ም ዝነበሩ ብህዝቢ ዝተልዓሉ ጉድለታት ኣፈፃፅማ ብሰፊሑ ካብ ዝገምገሞም ጉዳያት ኣብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ናይ ጉድለት ፅርየትን ኣተሓሕዛ ንብረት፣ ወሰኽ ሞት ኣዴታትን፣ ብኽነት፣ ፅገና ኣብያተ ትምህርትን ተምሃሮ ብፕላዝማ ከማሃሩ ምግባርን፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ዙርያ ሕማም ቫይረስ ኮሮና ኩሎም ዝተልዓሉ ሕቶታት ንቐፃሊ ብትኹረት ክሰርሑ ኣንፈት ዘቀመጠ ምኧኑን ገሊፀን፡፡

ከም ከተማ ኣብ 2013 በጀት ዓመት ክስርሑ ዘተትሓዙ ፕሮጀክታት ፀፀር መንገዲ፣ ጋብየን፣ ፅገና ኣብያተ ትምህርቲ፣ ፅገና ቤት ፍርዲ ንክስርሑ ንመስርሒኦም ድማ 10 ሚልዮንን 420 ሽሕ ብርን በጀት ከምዝተተለመ ንምፍላጥ ተካኢሉ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ሕማም ቫይረስ ኮሮና ኣብ ከተማ ኣላማጣ ዝነብር ህዝብን ካሊእን ዓርሱን ቤተሰቡን ካብ ቫይረስ ኮሮና ንምክልካል ዓብይ ጥንቃቀ ክገብር ከምዝግበኦ ምክትል ከንቲባ ከተማ ኣላማጣ ኣይተ ጣሰው ቦጋለ ኣተሓሳሲቦም። ክትብል ክኢላ ፕረስ ቤት ፅሕፈት ርክብ ህዝብን መንግስትን እቲ ከተማ መናል ኢብራሂም ፀብፂባ፡፡

ኣእዳውና ብፅሬት ብምሕላው፣ ምንኽኻእ ብምውጋድን፣ ካልኦት ሓበሬታታት ፀረ ቫይረስ ኮሮና ብውነ ብምጭባጥን ናብ ተግባር ነሽርፎ!!

2013 ዓ/ም ትግራይ ብሓዱሽ ናህሪ ናብ ብራኸ ዓወት !



# ርእሰ ዓንቀፅ

## ንህዝቢ ምስዋእ- ዘለኣለማዊ ክብሪ'ዩ።

መስከረም 14 2008 ዓ.ም ብሰረት ሕገ መንግስትና ልክዕ ኣብ 5 ዓመቱ ሎሚ ኣብ 1ይ ዋዕላ ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምጥያሽ ተኣኪቡ። ሕገ መንግስቲ ይከበር እናበልና ዝተቓለስናዮ ብጭቡጥ ሕገ መንግስትና ኣኽቢርና ታሪኻዊ መረፃና ኣሳሊጥና ሓዱሽ መንግስቲ ንምጥያሽ ኣብዚ ወርቃዊ ባይቶ ጉባኤ ተቓኒዑ ኣሎ። ስለዝኾነ'ውን ክልላዊ መንግስትና ኣጣይሽና ናብ ስራሕ ንወፍረሉ ዕለት መስከረም 14 2013 ዓ.ም. ሰላዕ ወፍሪ ሓዱሽ ምዕራፍ ተኣዋጁ።

ህዝቢ ትግራይ ብውድብ ህወሓት እናተመርሐ ተቓሊሱ በህገ መንግስታዊ ስርዓት ትምራሕ ፌደራላዊ ስርዓት ተተኺሉ ንኣስታት 30 ዓመታት ግብራዊ ኮይኑ። ውድብ፥ መንግስትን ህዝብን ኣብ ዝገበሩዎ ምርብራብ ኣብ ፖለቲካዊ፥ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዓበይቲ ለውጥታት ኣብ ሃገርናን ክልልናን መፅዮም፥ ህዝብና በብደረጃኡ ተጠቃሚ ኮይኑ። ይኹን እምበር ኣብ ዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ናይ ውሽጥን ደገን ሓይልታት ተኣሳሲሮም ንህዝቢ ትግራይ ምስ ካልኦት ህዝብታት ክበታተኽ፣ ስርዓትና ንምፍራስን ብዙሕ ውዲታት ፍሒሶም ማእለያ ዘይብሉ ኣደራዕ ተፈፂሙ።

ሕዚ'ውን ይቕፅል ኣሎ። እዚኦምን ካልኦት ብድሆታት ንምምካት ኣብንሓስበሉ ንህዝቦም ንመሰል ዓርሰ ውሳነ ኢሎም ዝወደቑ ጀጋኑ ክንዝክር ይግባእ። ሕዚውን ንክብሪ ህዝብና መሰል ዓርሰ ውሳነናን ኢልና ንመስዋእቲ ድሉዊ ዝኾነ ሰራዊትን ትውልድን ሒዝና ሕድሪ ሕሉፋት ስዉኣት ኣይነዕብርን ኢልና ንቃለሰሉ እዋን'ዩ። ሕሉፋት ነኽብሮም መሰል ዓርሰ ውሳነና ክኽበር፥ ማዕርነትና ክኽበር ስለዝተቓለሱ ጥራሕ ኣይኮነን። ንህዝቢ ምግልጋል ክሳብ ክንደይ ክባር ምኻኑ፥ ህዝቢ ልዕሊ ዝኾነ ውልቀ ሰብ ምኻኑ፥ ንህዝቢ ምስዋእ ክብሪ ም኷ኑ ብተግባር ዘምሀሩ ብምኳኖም እውን እዩ። ኣብዚ ዘለናሉ እዋን ቀፃልነት ወለዶ ንምርግጋፅን ንምውሓስን እውን ንስውኣትና ክብሪ ሂብና ናይ ባዕልና ግደ ክንፃወት ታሪኽ ይሓተና።

ብታሪኻዊ መረፃና መንነትና ብመሰል ዓርሰ ውሳነና ምርግጋፅና ከም ህዝቢ ከይንብተን፥ ከይንጠፍእ ጥራሕ እንተይኮነስ መንነትና ኣረጋጊፅና ተሓባቢርና እንተሰሪሕና ካልኦት ፀገማት እውን ክንፈትሕ ተዳሊና ከምዘለና ንፁር መልእኽቲ ዘሕልፍ'ዩ።


ክፍለጥ ዘለዎ ፈተናታት ክንሰግሮም ንኽእል ዝኽፋፍሉና ኣሊና ሓደ ዝገብሩና ክነሰጣጥም

እንተኽእሊና ጥራሕ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ኣብ መሰል ዓርሰ ውሳንኡ ሓደ ከምዝኾነ፥ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ዝሓዞ ፖለቲካዊ መርገፂ ሓደ ምኻኑ ውሽጣዊ ሓድነቱ ክሳብ ክንደይ ስጡም ምኻኑ፥ ኣብ ሓደ ሓሳብ ዝተጠመረ ሓደ ህዝቢ ምኻኑ ንኹሉ ኣርኢዩ።

እዚ ሓፂናዊ ሓድነት ድማ ኣብ ሓመድ ድበ ድኽነት ክደግም ይግባእ። ዛጊድ'ውን ህዝብና ካብ ድኽነት ንምውፃእ ብዝገበሮ ፃዕሪ ድኽነት ብዝለዓለ እናነከየ ዝመፀ ምኳኑ ዝፈለጥ ዋላ እንተኾነ 30% ዝኸውን ህዝብና ሕዚውን መናብርቲ ድኽነት ኮይኑ ኣሎ። ህዝብና ገና ኣብ ከምዚ ዝበለ ድኽነት ምህላዉ ብፍላይ ኣብ ዝተፈላለየ ፀፍሒ ዝርከብ መሪሕነት ዝለዓለ እጃምን ሓላፍነትን ኣለዎ። እዚ ፃዕረኛ ህዝቢ ሒዝካ ምስ ድኽነት ንነዊሕ ጊዜ ምንባር ኣይግባእን። ናይ ስራሕ ዕድል፥ ከቢድ ፀገም መንበሪ እዩ። ብትምህርቲ ብዙሕ ርሕቕት መፂና ኢና፥ ይኹን እምበር ፅርየት ትምህርቲ ገና እዩ። ጥዕና ተበፃሕነት ብዙሕ ተሰሪሑ ፅርየት ዘለዎ ኣገልግሎት ግና ገና እዩ። ኣብ መሰረተ ልምዓት እውን ክምኡ ብዙሕ ተሰሪሑ እዩ። ይኹን እምበር ዘይበፅሖን ዝበፅሖን ህዝብና ኣብ መሰረተ ልምዓት ብዙሕ ሕቶታት ተበፃሕነትን ፅርየትን የልዕልዩ። ኢኮኖሚና ስሉጥ ዕብየትን ልምዓትን ክምዝገብ ይፅውዕ ኣሎ። ኣብ ወፍርና ዕድል ስራሕ ምፍጣር ጥራሕ እንተይኮነስ ስሉጥ ዕብየትን ልምዓትን ክመፅእ ክንሰርሕ ይግባእ። ኣብ ህንፀት መንገዲ ኤሌክትሪክ መስመር፥ ቴሌኮምዩኒኬሽን ህዝብና ነንሕድሕዱ ክተኣሳሰርን ንግዳዊ ስራሕቲ ህዝብና ክሳለጥ ምግባር ይግባእ። ሳይንስን ቴክኖሎጂን ብምምዕባል ኣገልግሎት ሕክምና ብዝለዓለ ፅርየትን ብዝተሓተን ዋጋ ክርከብ፥ ተሓደስቲ ምንጭታት ሓይሊ ብምልማዕ ቀረብን ተበፃሕነት ሓይሊ ልዑል ክኸወን ዝለዓለ ምርብራብ ክግበር ኣለዎ።

ዘለዉ ፈተናታትናን ብድሆታትናን ዘመላኽቱ ኮይኖም ንሕና መናብርቲ እዞም ሽግራት ኢና ማለት ግና ኣይኮነን። ብኻሊእ ገፅ ግና ኣብ ዘለናሉ ጊዜ ናይ ብሓቂ ፈተንቲ ብድሆታትን ሽግራትን ውሽጢ ከምዘለናን፣ ኣብ ሓደ ለይቲ ክንፈትሖም እንተዘይተኽኣለ ብቐፃልነት ህዝባዊ ማዕበል ፈጢርና ብሓያል ብሄራዊ ስምዒት ክፍትሖ ምኳኖም ሳይንሳዊ ሓቂ'ዩ።

# ብርዒ ኣንበብቲ



## "ወይለከይ ሰብኣይ ዓቢዱ... ክመላላአና ግዲ ደልዩ"

ሰላም እንዳ ምስንዳእ ጋዜጣ መቓልሕ ትግራይ ደጊመ እንኳዕ ን2013 ዓ/ም ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና እናበልኹ ናብቲ "ወይ ለከይ ሰብኣይ ዓቢዱ" ናብ ዘበለኒ ብሂል ክመልሰኩም።

እሞ እንዳ ምስንዳእ ጋዜጣ መቓልሕ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ንውሽጣዊ ምብስባስ ውድብ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ተበሊፁ ብህዝቢ ዘይተመረፀን ብጥቕሚ ንህዝቦም ዝጠለሙ ዕሱባት ዝተኣኻኸብሉ ፓርቲ ብልፅግና መስሪቱ ነዚ ፓርቲ ብሕታዊ ዝመርሕ ዘሎ ቀዳማይ ሚኒስቴር ዶ/ር ኣብይ ኣሕመድ ካብ ንግስንኦም ተዋስኦ ሓደ ኣብ ብመምርሒ ናፍቆት ኣሃዳውነት ዝተሰረተ ሕልንኦም ብመርዛም መልሓሶም ንህዝቢ ንምድንጋር ዝተጠቐሙሉ ሓደ ዘረባ "ኣይትጠራጠሩ ናብ ብልፅግና ክነሰጋግረኩም ኢና" ዝበሉ መራሒ ነቲ ዝበልዎ ዘይደግሙ መራሒ ሕዚ ኣብ ኣፍ ሞት ኣብ ዝተቐራረብሉ እዋን ወቕትን ጊዜን ኣብዘይተሳነየሉ "ናይ ሞሮ ከውርድ ኢላ ናይ ውሻጠኣ በተነቶ" ከምዝተብሃለ ንኢኮኖሚ ትግራይ ንምሕሳይ ብዝተኣለመ ሽርሒ ብሽም ምቕያር ናይ ቕርሺ ኖት ትሪልዮናት ወፃኢ ብምግባር ናብ ብልፅግና ከሰጋግረካ እየ ዝበልዎ ህዝቢ ግምት ብዘይምሃብ ዝኾነ ውልቀ ሰብ ብመዓልቲ 5,000.00 /ሓሙሽተ ሽሕ/ ብር ከንቀሳቕስ ካብ 1.5 ሚልዮን ንላዕሊ ዝወነነ ድማ ክውረስ ዝብል ዕሙት ዝኾነ መምርሒ ውልቀ ድሌቶም ዘማልእ ሕጊ ክሕንፀፅ ብምግባር መላእ ህዝቢ ሃገርና ኣብ ዝሓለፉ 27 ዓመት እቲ ናይ ሕዚ 3ተ ዓመት ናይ ጭንቂን ህልቂትን ዓመት ገዲፍኻ ብዝነበረ ሰላምን ነፃ ፖሊሲ ንግዲ ተጠቒሙ ሰሪሑን ሪሂፁን ዘዋህለሎ ሃፍቲ ቐይዱ ብምትሓዝ ምንቕስቓስ ኢንቨስትመንት ብነፃነት ከይሳለጥ ንሃገርን ንህዝብን ናብ ምንቁልቋል ዝመልስን ናብ ዘይምርግጋእ ዘእትው ተግባራት ኣብ ምፍፃም ዝርከብ ዘሎ መንግስቲ ኮይኑ ኣሎ።

ስለዙይ እዚ ኣብጠላዕ ቀትሪ ዝዓበደ መንግስቲ ቅድሚ ተመሳሊኡና ምጥፍኡ ብሄር-ብሄረሰባት ብሓባር በቃ ይኣክል ንበሎ።

**ኣስረስ ኣረና / ጫሕማይ/**

ዓመተ 2013 ዓመተ ራህዋ ሰላምን ቅሳነትን ክኾነልና እናተመነኹ ብሓዱሽ መንፈስ ኣብ ስራሕትኹም ኣሳልጦ ክህልወኩም ዝለዓለ ትምኒት ኣሎኒ። ንህፃናት ዘዘናግዑ ትሕ ዝቶታት ክተካትቱ ድማ ይላቦ።

**ዓወት ሓድጉ**
**ከተማ ዓዲግራት**


ምስ/ዋና ኣሰናዳኢ- ስብሓት ገ/እግዚኣብሄር

ኣሰናዳእትን ኣረምቲ ፅሑፍን
- ይርጋ ኣብርሃ
- መስፍን ገ/ትንሳኤ
- ኣሸናፊ ዘውዴ

ኣሰናዳእቲ
- ግርማይ ተ/ብርሃን
- ተስፋልደት ገ/ማርያም
- ብርሃን ገ/መድህን
- ተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

ዲዛይን፣ ለይኣውትን ግራፊክስን - ስንዳዮ ኣፅብሃ
- ፀሃይ ገብረ

ክትትልን ምክፍፋልን ውፅኢት ሕትመት - ዕፃይ ሓጎስ
ልምዓት ምልክታን ኣድቨርታይዝመንትን - ሃ/ሚካኤል ከበደ
ቑፅሪ ሞባይል 0932349104 - 0344-41-90-25



477 መቐለ
ፋክስ/Fax 40 74 62

03 44 40 26 26
03 44 40 93 44


**ሓበሬታ**

ክቡራት መንበብቲ፣ ኣብ ዓምድታት፣ ዜናታት፣ ፅሑፋት ወይ ፎቶ ግራፋትን ዘለኩም ርኢቶ ብኣድራሻና Webmail info@tig-gpr.org ወይ Gmail tiggpr1120gmail.com ንክትልእኹልና እናሓበርና ስለእቲ ተሳትፎኹም ኣቐዲምና ነመስግን።


መቓልሕ ትግራይ
ሓምለ 1985 ዓ.ም ተጣይሹ
መበል 28 ዓመት ፣ ቁፅሪ 640
30 መስከረም 2013 ዓ.ም


2013 ዓ/ም ትግራይ ብሓዱሽ ናህሪ ናብ ብራኸ ዓወት !

## ሰሙናዊ መልእኽቲ ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ

## ሓበሬታ-ንኹለመዳያዊ መኸተን ዘላቒ ምዕባለን!!

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ መዓልቲ ሓበሬታ ብብርኪ ክልል ን2ይ ግዜ ዘኽበሮ፣ ቐንዲ ምኽንያት፣ ኣብ ፅባሕ ምስረታ መንግስቲ፣ ዝውጠኑ ቐፃሊ ትልሚ 5 ዓመትን፣ ኣብ ዝቕፅሉ 25 ዓመታት ትግራይ፣ ናብ ዝለዓለ ብራኸ ምዕባለ ዘብፅሑ ኣንፈታትን መደባትን፣ ምልኣተ ህዝብና፣ ተኣማናይ ሓበሬታ ረኺቡ ኣብ ኩሉ መደባት መኸተ ቀንዲ ተዋሳኣይ ንምግባር ብዘለዎ ትርጉም እዩ፡፡

ልዕሊ ኩሉ ግና መንግስቲ ትግራይ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝጀመሮ ሓዱሽ ኣወዳድባ ትግራይ ኣፅፊፉ ናብ ባይታ ብምውራድ ስርዓት ግልፅነትን ተሓታትነትን ብምዝርጋሕ፣ ቅልጡፍ ሕቶ ልምዓት ንምምላስ፣ ካብ ኣካብነት ክራይ ኣተሓሳስባን ተግባርን ዝፍልፍሉ ፀገማት ሰናይ ምምሕዳር፣ ብርኪ ብብርኪ ብምፍታሕ፣ ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ፣ ብፍላይ ተጠቃምነት ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ንምርግጋፅ መተካእታ ዘይብሉ ግደ ስለዘለዎ እዩ፡፡

ብምኽኑ ህዝብና፣ መንግስቲ ዘውፅኦም ሓደሽቲ ፖሊስታት፣ ኣዋጃት፣ ዝውጥኖም መደባትን፣ ብሓፈሻ ኣብ መሰረታውን እዋናውን ጉዳያት ኣብ ሓበራዊ ምርድዳእ በፂሑ፣ እጃሙ ንኽውፊ ከምኡ እውን እወንታዊ ምስሊ ትግራይ ንማሕበረሰብ ዓለም ብምፍላጥ፣ ትግራይ ስሕበት ኢንቨስትመንትን ማእኸል ቱሪዝምን ንምግባር ኣብ ዘለናሉ ንኡስ ዝተሓላለኸ መድረኽ ህዝብና ኣብ ንቕሓትን ፍልጠትን ዝተደረኸ ውሳነ ንምውሳን ተራ ሓበሬታ ቁልፊ ምኳኑ ክስመረሉ ይግባእ፡፡

ብምኽኑ መንግስቲ፣ ኣብ ሕገ-መንግስትን ኣዋጅ መሰል ሓበሬታ 590/2000፣ ዜጋታት ሓበሬታ ናይ ምእካብ፣ ምሕታት፣ ምርካብን ምዕቃብን ብዝደለይዎ ኣገባብ ምሕላፍን ምፍናውን ዝተደንገገ መሰሎም ብሙሉእነት ተግባራዊ ከይኸውን፣ ማሕንቖታት ኮይኖም ዘለው ፀገማት ኣተሓሳስባ፣ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ብምፍታሕ ብቐንዱ ህዝብና ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት፣ ዝፈጥሮ ስጡም ሓድነት፣ ዘለዎ ፖለቲካዊ ዋዒ፣ ኣሓይሉ ተወዲቡ ብንቕሓት፣ ውሽጣዉን ግዳማዉን ፀገማት መኪቱ፣ ትግራይ ጀሚራቶ ዘላ ከይዲ ዲሞክራይታዜሽን ኣብ ድልዱል መሰረት ክህነፅ፣ ኣብ ኩለመዳይ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ፣ ግንባር ቀደም ተዋሳኣይ ኽኸዉን ዘኽእሎ ሓበሬታ ክረክብ ግድን እዩ፡፡

ከም ዝፍለጥ ኣብ መዋእል ግሎባላይዜሽን፣ ከም ሃገርካ ተወዳዳራይ ንምኳን ካብቶም ሽዱሽተ ዓበይቲ ሃፍተ-ገነታት ማለት ሰብኣዊ ሃፍቲ፣ ፋይናንስ፣ ማተርያል፣ ቴክኖሎጂ፣ ግዜን ኣውራ መወዳዳራይ ሃፍቲ፣ ሃፍቲ፣ ሓበሬታ እዩ፡፡ ነዙይ ቀንዲ ሃፍትን ሓይሊን ሓበሬታ፣ ኣብ መበል 21 ክ/ዘመን ኩለ መዳያዊ ሓበሬታ ዘለዎ ዓለም ናይ ምዝዋር፣ ጉልበትን ብቕዓትን ኣለዎ፡፡

ስለዝኾነ ዘላቒ ምዕባለ ንክነረጋግፅ በቢማይክሮ ሴከንድ ተኣማናይ ሓበሬታ ብዓይነት፣ ብበዝሕን ፅሬትን ምቅላሕ ወሳናይ ጉዳይ ምኳኑ ሕድሕድ ትግራዋይ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ሕድሕድ ቤት ዕዮ መንግስቲ በቢብርኩ ዘሎ ኣመራርሓ ተረዲኡ ብሓላፍነት መንፈስ እጃሙ ከውፊ ግድነት ከም ዘለዎ ክርዳእ ይግባእ፡፡

ኣብ መወዳእታ ዘፈር ኮሚኒዩኬሽንን ሚድያን ትግራይ፣ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ሃለዋትን ድሕንነትን ትግራይ ውሑስ ኣብ ምግባር፣ ንኣሃዳዊ ውልቀ መላኺ ጉጅለ ኣብ ምቅላዕን፣ ብሓፈሻ ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ከምኡ እውን ማሕበረሰብ ዓለም ብፍላይ ድማ ህዝቢ ትግራይ ንኽፈልጦን ክምክቶን ዝገበሮ ርብርብ ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ፡፡ ብቐንዱ ግና መንግስቲ ትግራይ ምስ ምልኣተ ህዝብን ልምዓታዊ ሰብ ሃፍትን ኢድ ንኢድ ተተሓሒዙ ዝገብሮ ዘሎ ኩለመዳይ ርብርብ፣ ብፍላይ ህዝብና ስሉጥ ልምዓት ክረጋገፀሉ፣ ፀገም ሰናይ ምምሕዳር፣ ምጉዳል ፍትሒ ዝፈጥሩ ተሓታትነት ክረጋገፅ፣ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ዝተኣ ናገደሉ ምህዳር ዲሞክራሲ ክዕምብብ፣ ዘፈር ኮሚዩኒኬሽንን ሚድያን ትግራይ ትኽክለኛን ተኣማንነትን ዘለዎ ሓበሬታ ብምቅላሕ ሓበሬታ ንኹለመዳያዊ መኸተን ዘላቒ ምዕባለን፣ ክነውዕሎ ኩሉ እጃሙ ከውፊ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ፃውዒቱ የቕርብ፡፡

**ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ**
**መቐለ**
**22 መስከረም 2013 ዓ/ም**

### ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ዝኽእሉ ከም መዓድናት፣ ዕጣን፣ ከም ኣብ ባዕኽር ዝርከብ ኢንዳስትሪ፣ ሰብ ሃፍቲ ብምስታፍ ዓለም ለኻዊ ተወዳዳርነት ዘለዎ ምህርቲ ብምፍራይ ትግራይ ክትረኽቦ ዝግባኣ ሽርፊ ወፃኢ ንምርካብ ዝለዓለ ትኹረት ብምሃብ ንክስራሕ ምድላዋት ከምዝተወገነ ዝገለፁ መምህር ኣሰፋ፣ ዝፈርዩ ምህርትታት ብጥሪኦም እንተይኮነስ ክብሪ ብምውሳኽ ሰደድ ንኽግበሩን እቲ ቤት ምኽሪ ካብ ዝሓዞም ትልምታት ሓደ ምኳኑ ኣመልኪቶም፡፡

ኣብ 2013 ዓ/ም መንግስቲ ትግራይ ኣብ ዝሰርሖም ኩለመዳይ ስራሕቲ መኸተ፣ ብፍላይ ኣብ ዘጋጠምዎ ሕፅረታት ሎሚ እውን ከምቲ ልሙድ ምስ መድረግቲ ኣካላት ቴሎቶናት ብምድላው እቲ ቤት ምኽሪ ሓገዝ ከምዝገብር ዝገለፁ እቶም ዳይሬክተር ፣ ኣብ 2012 ዓ/ም መንግስቲ ትግራይ ኣጋጢሙዎ ንዝነበረ ሕፅረት በጀት መሰረተ ልምዓት፣ ምስ መድረግቲ ኣካላት ልዕሊ 650 ሚልዮን ብር ሓገዝ ከምዝተገበረን ኣብ መዓልኡ ከምዝወዓለን ኣዘኻኺሮም።

ኣብ መወዳእታ ትግራይ፣ ካብ ድኽነትን ድሕረትን ተናጊፉ፣ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝባ ተረጋጊፁ፣ ካብ ኩሎም ፀገማትን ክባታትን ሓራ ንምውፃእ ኩሉ ማሕበረሰብ ንግዲ ንዘጋጥምዎ ፀገማት በዲሁ፣ ኣብ ዝግበሩ ፃውዒታት ኣብ ጎኒ ህዝብን መንግስትን ተሰሊፉ፣ ኣብ ኩለመዳይ መኸተ ከም ቀደሙ ውዳብኡ ኣሕይሉ ክቃለስ ተላብዮም፡፡

## ሕድሪ እቶም ንመሰል ዓርሰ ውሳነና ዝሓለፉ... ካብ ገፅ 15 ዝዘረ

ንምቅይያምን ስርዓትና ንምፍራስን ብዙሕ ውዲታት ፍሒሶም ክንደይ እከይ ፈፂሞም ገና እናፈፀሙ እውን ይርከቡ። እዚኦምን ካልኦት ብድሆታት ንምምካት ኣብንሓስበሉ ንህዝቦም ንመ/ዓ/ውሳነ ኢሎም ዝወደቑ ጀጋኑ ክንዝክር ይግባእ። ሕዚውን ንክብሪ ህዝብና መሰል ዓርሰ ውሳነናን ኢልና ንመስዋእትነት ድሉዊ ዝኾነ ሰራዊትን ትውልድን ሒዝና ሕድሪ ሕሉፋት ስዉኣት ኣይነዕብርን ኢልና ንቃለስ።

ሕሉፋት ነኽብሮም መሰል ዓርሰ ውሳነና ክኽበር፥ ማዕርነትና ክኽበር ስለዝተቓለሱ ጥራሕ ኣይኮነን፥ ንህዝቢ ምግልጋል ክሳብ ክንደይ ክባር ምኻኑ፥ ህዝቢ ልዕሊ ዝኾነ ውልቀ ሰብ ምኻኑ፥ ንህዝቢ ምስዋእ ክብሪ ምኳኑ ብተግባር ዘምሀሩ ብምኳኖም እውን እዩ። ኣብዚ ዘለናሉ እዋን ቀፃልነት ወለዶ ንምርግጋፅን ንምውሓስን እውን ንስውኣትና ክብሪ ሂብና ናይ ባዕልና ግደ ክንፃወት ታሪኽ ይሓተና። ኮይኑ'ውን ብታሪኻዊ መረፃና መንነትና ብመሰል ዓርሰ ውሳነና ምርግጋፅና ከም ህዝቢ ከይንብተን፥ ከይንጠፍእ ጥራሕ እንተይኮነስ መንነትና ኣረጋጊፅና ተሓባቢርና እንተሰሪሕና ካልኦት ሽግራት እውን ክንፈትሕ ተዳሊና ከምዘለና ዘመላኽት እዩ።

ክፍለጥ ዘለዉ ፈተናታት ክንሰግሮም ንኽእል ዝኽፋፍሉና ኣወጊድና ሓደ ዝገብሩና ክነሰጣጥም እንተኽእሊና ጥራሕ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ኣብ መሰል ዓርሰ ውሳንኡ ሓደ ከምዝኾነ፥ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ዝሓዞ ፖለቲካዊ መርገፂ ሓደ ምኻኑ ውሽጣዊ ሓድነቱ ክሳብ ክንደይ ስጡም ምኻኑ፥ ኣብ ሓደ ሓሳብ ዝተጠመረ ሓደ ህዝቢ ምኻኑ ንኹሉ ኣርኢዮ።

### ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ህዝብና ካብ ድኽነት ንምውፃእ ብዝገበሮ ፃዕሪ ድኽነት ብዝለዓለ እናነከየ ዝመፀ ምኳኑ ዝፈለጥ ዋላ እንተኾነ 30% ዝኸውን ህዝብና ሕዚውን መናብርቲ ድኽነት ኮይኑ ኣሎ። ህዝብና ገና ኣብ ከምዚ ዝበለ ድኽነት ምህላዉ ናይ ኩልና ብፍላይ ናይ ሓላፍነት ዝተውሃቦ ኣመራርሓ ዝለዓለ ጉዳይ እዩ። እዚ ፃዕረኛ ህዝቢ ሒዝካ ምስ ድኽነት ንነዊሕ ጊዜ ምንባር ኣይግባእን። ናይ ስራሕ ዕድል፥ መንበሪ ፀገም ከቢድ እዩ። ብትምህርቲ ብዙሕ ርሕቐት መፂና ኢና፥ ይኹን እምበር ፅርየት ትምህርቲ ገና እዩ። ጥዕና ተበፃሕነት ብዙሕ ተሰሪሑ ፅርየት ዘለዎ ኣገልግሎት ግን ገና እዩ። ኣብ መሰረተ ልምዓት እውን ከምኡ ብዙሕ ተሰሪሑ እዩ፥ ይኹን እምበር ዘይበፅሖን ዝበፅሖን ህዝብና ኣብ መሰረተ ልምዓት ብዙሕ ሕቶታት ተበፃሕነትን ፅርየትን የልዕልዩ። ኢኮኖሚና ስሉጥ ዕብየትን ልምዓትን ከምዝገብ ይፅውዕ ኣሎ። እንትንሰርሕ ናይ ስራሕ ዕድል ምፍጣር ጥራሕ እንተይኮነ ስሉጥ ዕብየትን ልምዓትን ክመፅእ ክንሰርሕ ይግባእ። ብምህናፅ መገዲ፥ ኤሌክትሪክ መሰመር፥ ቴሌኮምዩኒኬሽን ህዝብና ነንሕድሕዱ ክተኣሳሰርን ንግዳዊ ስራሕቲ ህዝብና ክሳለጥ ምግባር ይግባእ። ሳይንስን ቴክኖሎጂን ብምምዕባል ኣገልግሎት ሕክምና ብዝለዓለ ፅርየትን ብዝተሓተን ዋጋ ክርከብ፥ ተሓደስቲ ምንጭታት ሓይሊ ብምልማዕ ቀረብ፥ ተበፃሕነት ሓይሊ ልዑል ክኸወን ዝለዓለ ምርብራብ ክግበር ኣለዎ።

እዚኦም ዘለዉ ፈተናታትናን ብድሆታትናን ዘመላኽቱ ኮይኖም ንሕና መናብርቲ እዞም ሽግራት ኢና ማለት ግና ኣይኮነን። ብኻሊእ ገፅ ግና ኣብ ዘለናሉ ጊዜ ናይ ብሓቂ ፈተንቲ ብድሆታትን ሽግራትን ውሽጢ ከምዘለናን ብቐሊሉን ኣብ ዝሓፀረ ጊዜን ክንፈትሖም ከምዘይንኽእልን ምርዳእ ግቡእኳ እንተኾነ ኩልና ክንኣምን ዘለና እዞም ሽግራት ክፍትሖ ዝኽእሉ ምኳኖም እዩ።

### ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ድኽነት ብስሉጥ ንንክየሉ ኣግባቡ ተፈቲሹ፥ ኣብ ተፈጥሮ ሃፍቲ፥ ሕርሻ፥ ኢንዱስትሪ ስሉጥ ለውጢ ነምፅኣሉ ኩነታት ክነመዓራሪ፥ መፍረ ይነት ክዓቢ ኩሉ ክግበር ዝካኣል ክንገብር ኣለና። ትግራይ በዓል ብዙሕ ታሪኽ ጥራሕ እንተይኮነ፥ ልዑል ክብርታት ዘለዎ፥ እሂን ምሂን ኢሉ፥ ተወዲቡ ንልኡኽ ዝወፍር ህዝቢ፥ ዝተምሃረን ንሓዱሽ ቴክኖሎጂን ኣሰራርሓን ክመሃር ዝኽእልን ሓይሊ ሰብ፥ ሓጋዚ መንግስቲ ዘለሉ ብምኻኑ ሰብ ሃፍቲ ናትናን ወፃእተኛን ዘሎ ዕድል ክትጥቀሙ ንፅውዕ። ትግራይ ሰፊሕ ኢንቨስትመንት ኣብ ኩሉ ከባቢ ክሳለጥ ዘኽእል ምድላው ብምዝዛም ሰብ ሃፍቲ ኣብ ትግራይ ልምዓት ብስፍሓት ክትሳተፉ እናፀዋዕና ዘድልየኩም ድጋፍ ምሳኹም ከምንማኽርን ንኢን ቨስትመንት ዘሎ ምቹ ኩነታት ተጠቒምኩም ንባዕ ልኩምን ንትግራይን ክት ጠቕሙ ንፅውዕ።

ትግራይና ውሑዳት ብዝለዓለ ዝጥቀሙላ ጥራሕ እንድሕር ኮይና ግና ምዕባለ ትግራይ ዘይሕሰብን ትርጉም ዘይብሉን እዩ ዝኸውን። ስለዝኾነ።ውን ዕዉትነት ኢኮኖሚና ዝውሰን ብዝቐርብ ናይ ረድኤት መጠን እንተይኮነስ ፅዒርካ ትዓብየሉ፥ ኩሉ በብደረጅኡ ዝጥቀመሉን ዝሓልፈሉን ኩነታት ብምፍጣርን እዩ።

### ዝኸበርክን ደቀንስትዮ ትግራይ

መሰል ዓርሰ ውሳነና ኣብ ምርግጋፅ ዝለዓለ ተራኽን ብድምፅኽን ኣረጋጊፅክን። ኣብ ታሪኻዊ መረፃና ፍሉይ ታሪኽ ኣምዝጊብክን፥ ትግራይ ብኣኽን ኮሪዓ። ፍሉይ ታሪኽ ብምፅሓፍኽን እንኻዕ ደስ በለክን፥ ደስ በለና። ብኻሊእ ገፅ ግን ኣብ ፖለቲካን ኢኮኖሚያውን ተሳተፎን ተጠቃምነትን ደ/ኣንስትዮ ዘለዉ ሓጓፋት ዝዓብስ ወይ ዘፅብብ ስራሕ ክስራሕ ይግባእ። ናይ ደ/ኣነስትዮ ውዳበ ዝጠናኸረሉ በብውዳበን ቃልሲ ዝገብራሉ ኩነታት ምምችቻው የድሊ።

ናብ ገፅ 14 ይዘውር...

# ጥበብ መኸተ ኣዴታት ሑመራ

**ብተኻለ ገ/እግዚኣብሄር**

ዘለናሉ እዋን ካብ ዝሓለፉ እዋናት ብብዙሕ መለከዕታት ዝተፈለየን ፈተናታት ዝበ ዝሖን ስለዝኾነ ኲለመዳይ ትኹረትን ንቕሓትን ይሓትት። ገለን ብዓቕሊ ፅበት ገለን ድማ ብኽፉእን ብተልእኾን ኣብ ዘየድሊ ስራሕ ዝዋፈርሉ ኩነታት የጋጥም ኣሎ ። ነዚኦም ከከም ኣመፃፅእኦም ንም እላይ ዝተወደበን ዝሓየለን ሓይሊ ሰብ ወሳኒ እዩ። ነቲ መማረፂ ስኢኑ ናብ ሕመቕ ዝኣቱ ወገን ፀገሙ ተኻፊልካ፣ ካብ ዘለካ ኣካፊልካ ሓጋዝን ተኸላኺሊ እቲ ፀገም ክኸውን ምግባር የድሊ። ብዕላማ ወይ ብረብሓ ተዓሲቡ ኣብ መንገዲ ጥፍኣት ዝተሸመመ ወገን ግና ብንቕሓት እናመከትካ ብሕጊ ዝሕተተሉ መንገዲ ብምፍጣር ኣብ ዓይኒ ህዝቢ ክምዝገብ ምግባር።

ኣብ ከባቢኣን ስርቂ በዚሑ ዝተዓዘባ ልምዓት ጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ ከተማ ሑመራ ንስርቂ ዘቃልዑ ተግባራት ብምፅናዕ መፍትሒ ምንዳይ ጀመራ። እቶም ኣብ ስርቂ ዝተዋፈሩ ሰባት መን ምዃኖም ብምፅናዕ ንምንታይ ናብ ስርቂ ተዋፊሮም ዝብል ምኽንያት ምስ ዝምልከቶ ፀጥታ ኣካል ብምዃን ዳህሳስ ኣካይደን። ኣብ ከባቢኤን ዝርከብ ፀጥታ ሓይሊ እውን ነቲ ኩነታት ተዓዚቡ ምስተን ዋዕሮታት ብሓደ ኮይኑ ነቲ ጉዳይ ብጥብቂ ከም ዝተኸታተሎ ቤት ፅሕፈት ርክብ ህዝቢ ከተማ ሑመራ ይገልፅ።

እቶም ኣብ ስርቂ ዝተዋፈሩ ወገናት ከምኣ መሎም ገዛ እንዳማቶም ብለይቲ ክፈግሩ ኢድ ብኢድ ምስ ኤግዚቢቶም ተትሓዙ። ፖሊስ ከተማ ሑመራ ምስተን ዋዕሮታት ደቂ ኣንስትዮ ኮይኑ ምርመራኡ ቀፀለ። እቶም ኣብቲ ተግባር ስርቂ ዝተዋፈሩ ሰባት ክንደይ ምዃኖም፣ ሰሪቖም ንመን ከምዘረክብዎ፣ ንምንታይ ከ ኣብ ስርቂ ተዋፊሮም፣ ወዘተ. ዝብሉ ሕቶታት ብምልዓል ምርመራ ተኻየደ።

ኣብቲ ስርቂ ዝተዋፈሩ ሰባት መንነቶምን በዝሖምን ተፈለጠ። ኣብ ጎደናን መናሃርያን ዝነብሩ መናእሰይ ምዃኖም እውን ተፈለጡ። እቶም መና እሰይ ብሰንኪ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ዝተኣወጀ ህፁፅ ግዜ ኣዋጅ ሰሪሖም ዝበልዕሉ ኣጋጣሚ ብምስኣኖም ናብቲ ተግባር ስርቂ ከምዝኣተዉ ድማ ይገልፁ።

ብሓደ ለይቲ ብርክት ዝበሉ ገዛውቲ ብምኽፋት ከምቴለብኽዎንን ካልኦት ንብረታትን ከምዝሰረቑ ይዛረቡ። ነቶም ኣብቲ ተግባር ዝተዋፈሩ ሓደ ብሓደ ብምሓዝ ምፅራይ ብምግባር፣ ፀገሞም ብም ፅናዕ ግዝያዊ መፍትሒ ክግበር ተወሰነሎም።

ገለ ካብቶም ዝተሰረቑ ገዛውቲ ካብ ዝተፈላለዩ ክልላት ሃገር ዝመፁን ኣብ ከቢድ ፀገም ዝርከቡን ወገናት እውን ዝርከብዎም እዮም። ንዓኣቶም እውን ከመይ ከምዝሕገዙ መፅናዕቲ ብምኽያድ ህዝቢ በቢ ውዳብኡ እኽሊ፣ ገንዘብ፣ ብዓይነት ምግቢ፣ ወዘተ. ኩሉ ብዝኸኣሎ ብዓርሰ ፍቓዱ ብምውፃእ ነቶም ዝኸፍአ ፀገም ዘለዎም ወገናት ብምፍላይ ሓገዝ ከምዝተገበረሎም እቲ ቤት ፅሕፈት ይገልፅ።

ካብቶም ዝተሰረቑ ሰባት ሓንቲ ካብ ክልል ኣምሓራ ብግፍዒ ተመዛቢላ ዝመፀት ወገን እያ። ዳግም እግሪ ንምትካል ዘጥረየቶ ተሌቪዥን ሓዊሱ ካልኦት ንብረታ ጉሒሎም ባዶ ኢዳ ኣትሪፎምዋ። ነዚ ዝሰምዓ ኣባላት ልምዓት ጉጅለ በቲ ተግባር ሓዚነን እንታይ ክሰርሓ ከምዘለወን ተኣኪበን ወሰና።

ፈለማ ክልተ ግዜ ንዝተበደለት ወገን ክትሕገዝ ኣለዋ ብምባል፣ ካብ ኣባላተንን ካልኦትን ገንዘብ ብምውፃእ ሓገዝ ተገበረላ። ክልተ ኣባላት ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ ሓደ ወዲ ተባዕታይን ብምዃን "ፓትሮል ስዓረ ሞኮነን "ዝብል ስያመ ዝሓዘት ጉጅለ ሓለዋ ኣጣይሽን በቢተራ ኸባቢኣን ክሕልዋ ጀመራ።

ሓደ ለይቲ ኣብ ሓለዋ እናሃለዋ ሓደ መንእሰይ ማዕዖ ተሸኪሙ እንትኸድ ሃንደበት ረኺበን ሓዝኦ። ደው ኣቢለን "ለይቲ ምድሪ ድኣ ማዕዖ ተሰኪምካ ናበይ ትኸይድ? ካበይ ኣምፂኻዮ?" ክብላ ይሓትኦ ። ወዮ መንእሰይ ክዓ እቲ ሕቶ ሃንደበት ኾይንዎ ኣብ ኣፉ ዝፀንሖ ሓሳብ እናሓዋወሰ ተዛረበ። ካብ ገፁ እውን ዘይሕጋዊ ምዃኑ ዝንበብ ስምዒት ከምዝነበረ ይገልፃ። ናብ ቐጠና ወሲደን ምርመራ ክግበረሉ ድማ ገበራ። ኣብኡ ኣጥቢቖም ምስ ሓዝዎ ከምዝሰረቖ ተዛረበ። "ኣብ መናሃርያ መዓልታዊ ስራሕ ይሰርሕ ከምዝነበረ እውን ኣፍለጠ። ብምኽንያት ሕማም ኮሮና ስራሕ ጠጠው ብምባሉ ጠምዩኒ። ካብ ብጥምየት ዝመውት መውዐሊት ፅባሕ ክትኮነኒ ሰሪቐያ" በለ። ቅድሚ ሕዚ ሰሪቑ ከምዘይፈልጥን ኣማራፂ ስኢኑ ከምዝኣተዎን ድማ ይገልፅ።

እተን ኣብ ሓላዋ ተዋፊረን ዝነበራ ደቂ ኣንስትዮ ኣብዚ እውን መፍትሒ ከናድያ ሓቢረን ዘተያ። እንታይ ክገብራ ከምዘለወን ኣመራርሓ ኣባላት ጉጅለኣን ኣከባ። ነቲ መንእሰይ መርኣያ ገይረን ካልኦት 'ውን ተመሳሳሊ ፀገም ዘለዎም ኣብ ሕማቕ ተግባር ዝተዋፈሩ ከምዝህልዉ ብምሕሳብ ብዙሕ ዘተያ። ኣብ መናሃርያን ብተለምዶ መስቀል ኣደባባይ እናተብሃለ ኣብዝፅዋዕን /ማዓልታዊ ስራሕ ደለይቲ ዝእከብሉ ቦታ/ ኣብ ፀገም ዝወደቑ ወገናት ከምዘለዉ ኣፅንዓ። ሓደ መፍትሒ ክግበረሎም ዕሙቕ ዝበለ ዘተ ኣካይደን ናብቲ መፍትሒ ክኸውን ዝተበሃለ ተግባር ኣምርሓ።

ኣብ ከተማ ሑመራ ቀበሌ ሰለስተ ቀጠና ክልተ ዝርከባ ልምዓት ጉጅለ መለስ፣ ሓሪና፣ ማዕርነት፣ ው ህደት፣ ኮኾብን ሉሲን ምትሕብባር ፈጠራ። ነቶም ስራሕ ፈቲሖም ዝተፀገሙን ኣብ ጎዳና ጠምዮም ዝወደቑን ዓቕመን ዝፈቐዶ ንምቕራብ ተሰ ማዕምዓ። ሕድ ሕድ ኣባል ዘዝኸኣልኦ ብምውፃእ መግቢ ኣዳ ልየን ን364 ዝተፀገሙ ወገናት ቁርሲ ፣ ምሳሕ ድራርን ምቕራብ ጀመራ።

እተን ውሑዳት ደቂ ኣንስትዮ ዝመሃዝኦ ሰናይ ተግባር ናብ መላእ ሕብረተሰብ ተስፋሕፊሑ። ንካል ኦት ከባብታት ተመሳሳሊ ፀገም ዘለዎም ተመኩሮ ኮይኑ ክጥቀምሉ ከምዝኸኣሉ እቲ ቤት ፅሕፈት ይገልፅ።

ኣብ መንጎ ምንቅስቓስ ተፈቒዱ ዝበዝሑ ናብ ዓዶም እንተኸዱ እውን ሓገዘን ቀፀላሉ። ካልኦት ቀበሌታት፣ ልምዓት ጉጅለ፣ ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ውልቀ ሰባትን ነቲ ሰናይ ተግባር ክስዕብዎ ተሞክሮኣን ጎናጎኒ ኣማሓላለፋ።

ኖብል መፍረዪ ዕሹግ ማይ ፋብሪካ 420 ፍረ /35 ደርዘን ዕሹግ ማይ/ ሓገዝ ብምግባር ኣብጎነን ተሰለፈ። ካልኦት ከባብታት እታ ከተማ 'ውን በቢቀበሊኡ ነቲ ሰናይ ተግባር ሰዓቦ። ኣብ መኸተ እቲ ቫይረስ ኩሉ ዝካኣሎ ሓገዝ እናገበረ እጃሙ ክዋፃእ ዓብዪ ምልዕዓል ፈጠራ።



ምይይጥ ልምዓት ጉጅለ እንተካይዳ

"ዘለናሉ እዋን ካብ ዝሓለፉ እዋናት ብብዙሕ መለከዕታት ዝተፈለየን ፈተናታት ዝበ ዝሖን ስለዝኾነ ኩለመዳይ ትኹረትን ንቕሓትን ይሓትት። ገለን ብዓቕሊ ፅበት ገለን ድማ ብኽፉእን ብተልእኾን ኣብ ዘየድሊ ስራሕ ዝዋፈርሉ ኩነታት የጋጥም ኣሎ ። ነዚኦም ከከም ኣመፃፅእኦም ንም እላይ ዝተወደበን ዝሓየለን ሓይሊ ሰብ ወሳኒ እዩ። ነቲ መማረፂ ስኢኑ ናብ ሕመቕ ዝኣቱ ወገን ፀገሙ ተኻፊልካ፣ ካብ ዘለካ ኣካፊልካ ሓጋዝን ተኸላኺሊ እቲ ፀገም ክኸውን ምግባር የድሊ። ብዕላማ ወይ ብረብሓ ተዓሲቡ ኣብ መንገዲ ጥፍኣት ዝተሸመመ ወገን ግና ብንቕሓት እናመከትካ ብሕጊ ዝሕተተሉ መንገዲ ብምፍጣር ኣብ ዓይኒ ህዝቢ ክምዝገብ ምግባር። "

እተን ልምዓት ጉጅለ ካልኦት ልምዓት ጉጅለ ተሓዊሰንኣን ከባቢኣን ተወዲበን ምሕላው ኣጠናኺረን ብምቕፃል፣ ዛጊድ ሰለስተ ለያቡ፣ ኣርባዕተ ፀጉረ ለወጥ፣ ናብ 10 ዝበፅሑ ብዕራይ ወለደ ወረ እናውረዩ ህዝቢ ዘደናገሩን ተለኣኣኽትን ሒዘን ናብ ሕጊ ከምዘቕረባ እውን ይግለፅ።

ዝጀመርኦ ጥበብ መኸተ በዚ ዘብቀዐ ኣይኮነን። ብሓባር ካብዝገብርኦ ሰናይ ተግባር ብተወሳኺ ኣባላት እዘን ልምዓት ጉጅለ ዝኾና ሸውዓተ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ገዝኦን ንዘካረየኦን 16 ነብሰን ሸይጠን ዝነብራ ደቂ ኣንስትዮ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ክሳብ ሓደ መፍትሒ ዝግበረሉ ገዛ ኽራይ ከይሓሰባ ብነፃ ክቕመጣ ሓገዝ ገበራለን። ክሳብ ሓሙሽተ ክፍሊ ገዛ ንተኻረይተን ዘየኽፈላ ኣባላት ልምዓት ጉጅለ ከምዘለዋ እዩ ዝግለፅ። ኣብዝግበር ዘሎ መኸተ ኮሮና ቫይረስ ዓብዪ ኣበርክቶ ገይረን ። ሐዚ ድማ ንሃለዋትን ደሕንነትን ትግራይ ደገፍ ንምግባር መሓውረን ኣጠናኺረን ኣብ ምንቅስቓስ ከምዝርከባ እቲ ቤት ፅሕፈት ይገልፅ።

እተን ዋዕሮታት ዝጀመርኦ ጥበብ መኸተ ኣብ ኩሉ ከባቢ እቲ ከተማ መብዛሕትኡ ሕብረተሰብ ጉዳየይ ኢሉ እናሰርሓሉ ይርከብ። ከምቲ "ህዝቢ እንተሓቢሩ ዘይፍንፃሕ ከውሒ የለን" ዝበሃል፣ ፀገም ኣብ ዝኾነ ከባብን ሕብረተሰብን ክፍጠር ይኽእል እዩ። ነቲ ፀገም ተዓዚቡ ናብ ነገራዊ መፍ ትሒ ዝቕይር ንቕሓተ ሕልናን ተሪር መንፈስን ምህ ላው ድማ እቲ ዝበለፀ ይኸውን።

እዚ ዝተረድኣ ዋዕሮታት እየን እምብኣር ፀገም ዝፈጠሮ ጥበብ መኸተ ኣዴታት ፈጢረን ዋሓስ ብዙሓት ወገናተን ኮይነን ዘለዋ። እቲ ሰናይ ተግባር ኣብ ካልኦት ከባብታት ትግራይ እውን እናተሰራሓሉ እኳ እንተኾነ፣ ኣብ ሓደ ሓደ ከባብታት ግና ንፒሊስ ወይ ንካልእ መሓዉር መንግስቲ ምፅባይ ይርኣ እዩ። ስለዚ ዝኾነ ዘይሕጋዊ ተግባራት በቢከባቢኡ እንትርኣዩ ህዝቢ ምስ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ፀጥታ ሓይሊ ብምዃን ክምክቶን መፍትሒ ክናድን መልእኽትና እዩ።

**ኮሮና ቫይረስ ብሓባር ንከላኸል**

# ሪፖርታዥ

## ኣብዪ ኣሕመድ ለኣኸቱ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

እቲ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ኩሉ ዓይነት ወፍሪ ፀለመን ጠቐነን ተፀሚዱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ፣ መንግስትን ትግራይ ገዚፍ ወፍሪ ብምኽያድ ዝጀመረ ኣሃዳዊ ጉጅለ፣ ካብ ጠቐነን ፀለመን ተሰጋጊሩ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ኣብ ልዕሊ ዝነብሩ ተጋሩ ዘመተ ንብረት፣ መቕተልትን ማእሰርትን፣ ንዘበናት ዘፍረይዎ ንብረትን ኣባይትን ናብ ምቕፃል ብምስግጋር ውልቀ መላኺ ባህርያቱ ጀሚሩ።

ቀስ ብቐስ ነቲ ሕብረ ብሄራዊ ፌደራላዊ ስርዓት ብምፍራስ፣ ዴሞክራሲያውያን ትካላት መልክዐን ብምልዋጥ ወይ ክቕህማ ብምግባር ጀሚሩ፣ ነቲ እንኮ ልዕልና ሕገ-መንግስታዊ ሰርዓት ደጀን ዝኾነን ውክልና ብሄርን ብሄረሰባትን ዝሓዘ ቤት ምኽሪ ፌደራሽንን ወከልቲ ህዝብን ብምጭዋይ መጋበርይኡ ክኸውን ጌሩ።

እዞም ትካላት ኣብ ክንዲ ጠበቓ ሕገ-መንግስትን ሕገመንግስታዊ ሰርዓትን ዝኾኑ፣ ኣንፃር እቲ መላኺ ጉጅለ ንዝቃለሱ ህዝብታትን ፖለቲካዊ ውድባትን ክኣስሩን ከበስብሱን ይርኣዩ ኣለው።

ምስ ሓይልታት ትምክሕቲ ብውሽጢ፣ ብደገ ድማ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ብምኧን ህዝቢ ትግራይ ብሓይሊን ብቁጠባዊ ፖለቲካዊ ሽርሒ ንምስኧን ንተኸታተልቲ ሰለስተ ዓመታት ፈቲኑ ዘይሰመረሉ'ኳ እንተተረፈ ኣፍንጫ እንትውቃዕ ዓይኒ ይነብዕ ብዝብል ብሂል ህዝቢ ትግራይ መላምል ደቁ ከፊሉ ዘረጋገፆ ሰላምን ልምዓትን ክኹለፍ፣ ህዝቢ ምስ ማእኸል ዓዲ ከይራኸብ መንገዲ ክዕፆን ብቑጠባ ጎሮሮኡ ሓኒቕካ የሻል ንምባል ዝተጀመረ ፃዕሪ ከይሰመረሉ ተሪፉ።

በቲ ኣሃዳዊ ጉጅለ ዝቆፃፀረን ሚዲያታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተገበረ ወፍሪ ብምጥንኻር ህዝቢ ዓለም ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣሉታዊ ምስሊ ክህልዎ ተንቀሳቒሱ። ኩሎም ኣማራፅታት ፈቲኑ ዘይተዓወተ ጉጅለ ኣሃዳዊ ሓይሊን ምሩፃት ጀኔራላት ብምቕንፃል፣ ኢንጂነር ስመኘው በቀለን ኣርቲስት ሃጫሉ ሁንዴሳ ኣብ ኣደባባይ ብምቕታል ህዝቢ ክሸበርን ክስኮንን ተንቀሳቒሱ።

ኣካላት ፍትሒ ኢሉ ዝሸየሞም ሰብ ሙያ ሕጊ እውን ነቲ ገበን ደፊኖም እንተብቅዑ ብሽም ሹመት ኣምባሳደርነት ናብ ደገ ብምስዳድ ክገልሱ ብምግባር ገበን ቅትለት ጀጋኑ ጀኔራላትን ኣመራርሓ ክልል ኣምሓራን ዝጥምት ሓቂ ተደፊኑ ክተርፍ ፈቲኑ።

ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመታት እቲ ስርዓት ብዝወልዖ ፖለቲካ ዓሌት ህዝቢ ምስ ህዝቢ ክጋጮን ክቃተልን፣ ካብ ዝነብረሉ ከባቢ ክመዛበልን ብምግባር ኣሽሓት ክቕተሉ፣ ልዕሊ 3 ሚልዮን ወገናት ድማ ካብ ቤት ንብረቶም ክመዛበሉ ዝገበረ እንትኾን ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዘነፃፀረ ብሄር ተኮር መጥቃዕቲ ህዝብታት ክቃወምዎ ምስጀመሩ ኣሃዳውነት ኣብ ልዕሊ ዝቃወሙ ብሄራትን ብሄረሰባትን ዝጀመሮ መስካሕከሒ ጨፍጫፍ ኣጠናኺሩ ስለዝቐፀለሉ ብዘይካ እቶም ለኣኽቱ ኩሉ ህዝቢ ኣብቶም ዝሓለፉ ክልተ ዓመትን ፈረቃን ኣብ ልዕሊ እቲ ኣሃዳዊ ጉጅለ ብኣደባባይ ምቅዋሞም ቀፂሎምሉ ኣለው።

ብኸልተ ኣሃዝ ዝሕምበብ ዝነበረ ቁጠባዊ ምዕባለ ባይታ ዘቢጡ ኢትዮጵያ ተሸካሚት ዕዳ ቢልዮናት ዶላር ኮይና፣ ኣዕራብን ምዕራባውያንን ዝዝውርዎን እቲ ኣርማ ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝኾነ ህዳሰ ግድብ ደው ክብልን ህዝቢ ብጥሜት እንዳረገፈ ቤተ መንግስቲ ዘሐድስን፣ ፖርኪታት ዝሃንፅን ነውራም ሓይሊ ኢዱ ብሓይልታት ባዕዲ ተጠውዩ ክለምስ ምኽኣሉ ትግራይ ንማሕበረሰብ ዓለምን ዴሞክራሲያውያን ትካላትን ክተፍልጥ ፀኒሓ እያ።

ትግራይ ነቲ ሕገ መንግስቲ ዋርድያ ዝኾነ ህዝባ ሒዛ 6ይ ክልላዊ መረፃኣ ኣካይዳ መራሕታ ሓርያ፣ ሓዱሽ መንግስቲ ኣጣይሻ እያ። እዚ መንግስቲ ንምጥያሽ ኣብ ዝተገበረ ከይዲ ቅድመ መረፃ በጀት ካብ ምዕጋት፣ ተዓዘብቲን ጋዜጠኛታትን ምኽልካልን ዝተፈላለዩ ቶኽቷኻይ ፃሕታራይ ኩናት ምንቅስቓሳትን ብብቕዓት መኪታ እቲ ከይዲ መረፃ ኣሳሊጣ።

ኣብዚ እዋን መንግስቲ ኣብዪ ኣሕመድ ነቶም ኣይፋልካን መንገዲ ገጊኻ ዝበሉዎን ዝቃወምዎን ወገናት ብምእሳር ንዓለም ለኸ ሚዲያታት ዝወከሉ ጋዜጠኛታት ሓዊሱ ጋዜጠኛታት ውሽጢ ዓዲ ዝኾኑ ልዕሊ 300 ብሎገራት፣ ኣክቲቪስቲታት፣ ጋዜጠኛታትን ፖለቲከኛታትን ኣሲሩ የሳቕዮም ከምዘሎ ሚዲያታት ትግራይ ከቃልሓ ፀኒሐን።

ንኦሮሚያ ሚዲያ ኔትዎርክ ሓዊሱ ትግራይ ሚዲያ ሓውስን ቴሌቪዥን ትግራይን ድምፂ ወያነን ብምዕፃው ሓበሬታታት ንምዕፋን እኳ እንተፈተነ፣ ህዝቢ ትግራይን ኣብ ደገ ዝነብር ማሕበረሰብ ዲያስፖራ ትግራይን ብዝገበርዎ ዘይተሓለለ ቃልሲ እተን ሚዲያታት ስሩዕ ፈነውአን ቀፂለን ንፖለቲካዊ ሽርሒ ኢትዮጵያ ብምቅላዕ ቃልሰን ኣጠናኺረን ቀፂለናሉ ኣለዋ።

ብኻልእ መዳይ እቶም ኣብ ዝሓለፉ 27 ዓመታት ብኣምባሳደርነት ዝተቓለሱ ዲፕሎማትን ሚኒስትራትን እዛ ሃገር ናብ ዝኸፈአ ቅልውላውን ጥፍኣትን ትጥሕል ምህላዋ ማሕበረሰብ ዓለም ክፈልጦን መፍትሕታት ከቕምጥን ዝጀመርዎ ቃልሲ ተጠናኺሩ ቀፂሉ ኣሎ።

ኢትዮጵያ ናብ ምብትታትን ተምርሕ ከምዘላ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰል ተጠናኺሩ ቀፂሉ ምህላው መንግስቲ ትግራይ ንሃገራት ዓለም ዝለኣኾ ደብዳቤ ስዒቡ ኣብዚ ቕነ መንግስቲ ኢንግሊዝ ምላሽ ልኢኹ ምህላው እቲ ደብዳቤ የመልክት።

ነዚ ስዒቡ መንግስቲ እንግሊዝ ነቲ ብመንግስቲ ትግራይ ዝተልኣኸሉ ደብዳቤ መርሚሩ ምላሽ ዝሃበ እንትኾን፤ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምህዳር ፖለቲካ ንምስፋሕ ዝኣተዎ መፅብዓ ዝተባባዕ እኳ እንተነበረ፣ ሕዚ ግና ብጭቡጥ ኣብ መላእ እታ ሃገር ዓመፅ ምብርኻቱ ከምዘተሓሳሰቦ እዩ ኣብ ዝለኣኾ ምላሽ ዝገለፀ።

ኣብዚ ዓመት ኣሚኒስቲ ኢንተርናሽናል ኣብ ዝቐረቦ ፀብፃብ ኣብ ልዕሊ ክልል ትግራይ ተፈፂሙ ዘሎ በደልን ዝግበሩ ሽርሕታትን ዝምልከት ተዓዚብና ኢና ዝበለ መንግስቲ እንግሊዝ ኣምባደር እንግሊዝ ኣብ ኢትዮጵያ ነዚ ዛዕባ ኣመልኪቶም ምስ ሚኒስትራት ኢትዮጵያ ተዘራሪቦምሉ ከምዘለው ሓቢሩ።

መንግስቲ ኢትዮጵያ እውን በቶም ዓለም ለኸ ትካላት ሰብኣዊ መሰል ዝቐረቡሉ ክስታት ንምምርማር ቃል ኣትዩ ከምዘሎ ዝገለፀ መንግስቲ እንግሊዝ፣ ኣባል ቤት ምኽሪ እንግሊዝን ተወካሊ ኣፍሪካን ጀምስ ዱድሩጌ ካብ 27-29 ሓምለ ኣብ ኢትዮጵያ ዑደት ምክያዶም መንግስቲ እንግሊዝ ኣፍሊጦም።

እቶም ተወካሊ መንግስቲ እንግሊዝ ምስ ሚኒስትራት ጉዳያት ወፃኢ፣ ምክትል ቀዳማይ ሚኒ ስትርን፣ ፕሬዝደንት እታ ሃገርን ምስ ርእሰ ምምሕዳር ክልል ኢሮሚያን ኣብ ህልው ሃገራዊ ኩነታት ኣድሂቦም ከምዝተዘራረቡን እቲ ደብዳቤ ኣመልኪቱ።

መንግስቲ እንግሊዝ ኣብ ዝሰደዶ ደብዳቤ ኣብ ክልል ትግራይ ዝተኻየደ መረፃ ብሰላማዊ መንገዲ ምዝዛሙን እዙይ ድማ ንፖለቲካዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ከመሓይሽ እዩ ዝብል ተስፋ ከምዘለዎን፣ ኣብ ሃገራዊ ሰላም ምምፃእ እወንታዊ ግደ ከምዘለዎን **I note that elections were held in the Tigray Region on 9 September and were conducted peacefully. It our hope that the political situation will improve for the people of Ethiopia** ክብል ኣመልኪቱ ኣሎ።

መንግስቲ እንግሊዝ ኣብ ደብዳብኡ ብመንግስቲ ኣብዪ ኣሕመድ ዝተፈፀመ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላትን ዘጋጠሙ ፀገማትን ዝምልከት ምርመርኡ ኣጠናኺሩ ከምዝቕፅለሉን ተወሳኺ ደገፍ ንምሃብ ዘኽእል እንተልዩ እውን ደጊምና እንሪኤሉ ኩነታት ክህሉ እዩ ኢሉ።

**The Minister expressed the need for more peaceful dialogue between different groups In Ethiopia and for space to be given for political debate.** ብተወሳኺ ሃገራዊ መድረኽ ዘተ ክህሉ ከምዝግባእ እቶም ተወካሊ እንግሊዝ ምዝራቦም እቲ ደብዳቤ ሓቢሩ ኣሎ።

ይኹን'ምበር ቅድሚ መንግስቲ እንግሊዝ ምፅሓፉ እታ ናብ ሓደጋ ምብትታን ተምርሕ ዘላ ሃገር ንምድሓን ሓደ ሃገራዊ ባይቶ ክህሉ ከምዝግባእ መንግስቲ ትግራይን ፌደራሊስት ሓይልታት ዘቕረብዎ በዓል 11 ነጥብታት እማመ ሰላም ንመንግስቲ ኣብዪ ኣሕመድ ምቕራቦም ንሰላም ዘለዎም ቕርቡነት ኣቐዲሞም ገሊፆም እዮም።

ብሰንኪ እቲ ቕቡልነት ዝሰኣነ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ እዛ ሃገር ከስዕቦ ዝኽእል ምብትታንን ደም ምፍሳስን ንምትራፍ እቲ ቤት ምኽሪ ከምዘሎ ኮይኑ ብሰብ ሞያ ዝምራሕ በዓል ሓደራ መንግስቲ ክጣየሽ ምሕታቶም ዝዝከር እዩ።

እቲ ጥምረት መስከረም 2013 ኣብ ዘቕረቡዎ ፃውዒት ሰላምን መድሕን ሃገርን ኣብ ልዕሊ ንፁሃን ዜጋታት ዝግበር መቕተልቲ ደው ክብል፣ ብምኽንያት ፖለቲካዊ መርገፂኦም ዝተኣሰሩ ፖለቲከኛታት ክፍትሑ ሓይልታት ፀጥታ ካልኦት ሃገራት ካብ ኢትዮጵያ ክወፁ ኮማንድ ፖስትታት ክፈርሱን፣ ወታሃደራዊ ስግኣት ክቕንጠጥን፣ ዝፅውዕ በዓል 11 ነጥብታት እማመታት ሰላም ዝቐረቡ እንትኾን፣ ነቲ ጉጅለ መላኺ ስርዓት ሓዊሱ ኩሎም ውድባት ፖለቲካ፣ ወከልቲ ብሄራትን ብሄረሰባትን ህዝብ ታትን ፣ ማሕበራት ሞያ፣ ሓፋሽን እታ ሃገር እትድ ሕነሉ ዘተ ክካየድ ከምዘለዎ መፍትሒ ኣቕሚጦም።

ጉጅለ ኣሃዳዊ ሓይሊ ናብ ስልጣን ካብ ዝወፅእ ጀሚሩ ኣብ ኢትዮጵያ ተፈጢሮም ዘለውን ጥሕሰት ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላትን ሓደጋ ምብትታን እታ ሃገር ዝተፈላለዩ ዓለም ለኻዊ ትካላት ጉዳይ እዛ ሃገር ቀዳማይ ኣጀንድኦም ጌሮም ይከታተልዎ ምህላዎም ንምፍላጥ ተኻኢሉ።

መንግስቲ እንግሊዝ'ውን ነቲ ጉዳይ ትኹረት ሂቡ ክከታተሎን ኣድላይ ደገፍ ክገብር ምኧኑ ከምዝስዕብ **We will continue to consider a range of approaches in tackling and addressing human rights and consider what further support we can provide.** ክብል ሓቢሩ ኣሎ።

ኣብ ኢትዮጵያ ዝፍፀም ዘሎ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰል ይቃወሙ ከምዘለው ሞገትቲ ሰብኣዊ መሰላት ዝኾኑ ኢንተርናሽናል ክራይስስ ግሩፕ፣ ኣምኒስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን ገሊኦም እንትኾኑ ኣደናጊሩ ሽልማት ኖቤል ሰላም ዝወሰደ ውልቀ መላኺ ኣብዪ ኣሕመድን ጉጅሉኡን ፖለቲካዊ ሕመቑ ኣብ መላእ ዓለም ይቃላዕ ምህላው ኣሰካፊ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ዘቃልሓ ዓለም ለኻዊ ሚዲያታትን ማሕበረሰብ ዓለምን ዘውፅእዎም ፀብፃባት ጭቡ ጣት መረዳእታታት ምኧኖም ተንተንቲ ፖለቲካ ዓለም ኣቃሊፆም ኣለው።

ኣብዚ ቕነ ኣባል ፈፃሚት ስራሕ ህወሓት ኣይተ ጌታቸው ረዳ ንምብቃዕ ዘበነ ስልጣን ጉጅለ ኣብዪ ኣሕመድ ኣመልኪቶም ምስ ቴሌቪዥ ትግራይ ክፍሊ ቋንቋ ኣምሓርኛ ኣብ ዝገበርዎ ቃለ መሕትት፣ ድሕሪ 25 መስከረም 2013 ዓ/ም ውድብ ብልፅግና ኮነ መንግስቲ ኣብዪ ኣሕመድ ዘሕልፎም ውሳነታት፣ ኮኑ ዝገብሮም እገዳታትን ካልእን ብመንግስቲ ክልል ትግራይ ተቐባልነት ከምዘይብሎም ምግላፆም ዝዝከር'ዩ።

# መፍረያይነት ንብሉፅ ስራሕቲ

**ብተስፋልደት ገ/ማርያም**

መብዛሕቲኦን ሃገራት ዓለም ካብ ብማሕረስ ቁጠባዊ ምዕባለ ናብ ኢንዱስት ሪያላዊ ምዕባለ ዝገብረኦ ጉዕዞ ውፅኢት ሕርሻን ጥረ ማዕድንን ምስ ሕሳር ጉልበት ሰብ ተደሚሩ ወሳኒ ተራ ነይርዎ። እቲ ዝግበር መስርሕ ስግግር ከከም ናይተን ሃገራት ሃፍትን ትሕዝቶን ዝፈላለ ኮይኑ ንኢንዱስትሪ ዝተጠቐመኦ ፍርያት ሕርሻን ጥረ ማዕድንን እንትረአ ገሊኦን ካብ ውሽጢ ዓዲ ገሊኦን ድማ ብፍላይ ሃገራት ኣውሮፓ ብባዕዳዊ ግዝኣት ካብ ዝሓዘኦን ሃገራት ሃፍተን ብምጉሕጓሕ ዝተጠቐመኦ እዩ።

እዘን ሃገራት ኢንዱስትሪ ክሃንፃ እንተለዋ ንዕኡ ዘድሊ እታወት ካብ ውሽጢ ዓዲ ዝበዝሐ ድማ ካብ ደገ ብምርካብ መፍረያይነት ብምርግጋፅ ቁጠበኦን ክሃንፃ ኪኢለን እየን። ካብ ጠቕላላ በዝሒ ህዝቢ እቲ 79 ምኢታዊ ሓረስታይ ኣብ ዝኾነላ ሃገርና ድማ ካብቶም ዝሓለፉ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት ናብዚ ካብ ሱር ዝሰደደ ድኽነት ንምውፃእ የዋፅእ ዝብሉቶ "ሕርሻ ዝመርሖ ኢንዳስትርያላዊ ምዕባለ" ስትራተጂን ሓንፂፃ ትንቀሳቐስ ፀኒሓን ኣላን።



እዚ ማለት ኣብ ንእሽተይ ትሕዝቶ መሬት ዝግበር ንጥፈት ሕርሻ ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣዝርእቲ ብምስፋሕ ኣብ ዕዳጋ ምእታው፣ ክባር ዋጋ ዘውፅኡ ዓይነታት ዝራእቲ ንወፃኢ ሰደድ ንዝገብር ሓረስታይ ምድጋፍን ምስራሕን ዝብል እዩ።

ከምኡ እውን ዕዳጋ ተኮር ዝኾኑ ምህርትታት ክሰፍሑ ምድጋፍ፣ ሓረስቶት ምስ ውሽጥን ወፃእን ዕደጋ ስሉጥ ምትእስሳር ንኽፈጥሩን ከከም ባህርያት ኣየርን መሬትን ተፀኒዑ ንዝተመረፁ ዝራእቲ ትኹረት ሂብካ ምስራሕን እቶም ቀንዲ እዮም። እዚኦም ውፅኢታዊ ዝኾኑ ድማ ዘበናዊ ቴክኖሎጂ ብምትእትታው ምህርቲ ሕርሻ ካብቲ ዘለዎ ብርኪ እንትመሓየሽ እዩ። ብመሰረት እዚ ናብ ሃገርና እንትንመፅእ ሙሩፅ ዘርኢ ምጥቃም፣ ምስፋሕ ልምዓት መስኖ፣ ንሕርሻ ዘድሊ መሰረተ ልምዓት ምህናፅ፣ ዘበናዊ ድኹዕን ፀረ ባልዕን እታወታት ኣብ ምጥቃም ትኹረት ተዋሂብዎ እናተሰርሓሉ መፂኡ እዩ።

ብመሰረት እዚ ነዞም ስትራተጂካዊ ፖሊሲ ብምዕዋት ጠለብ ዕዳጋ ውሽጢ ዓዲ ንምምላእ ውሱን ፈተነ ተገይሩ እዩ። ኢሉ እውን ንኢንዱስትሪ ብምምጋብን ውፅኢት ኢንዱስትሪ ንደገ ሰደድ ብምግባርን ልዑል ሸርፊ ወፃኢ ብምርካብ ሃገርና እውን ከምተን ልዕል ኢለን ዝተፀርሓ ዓድታት ዕብየታ ንምርግጋፅ ዝዓለመ ከይዲ እናተሳለጠ ፅቡቕ ውፅኢት እውን እናተመዝገበ መፂኡ እዩ።

ነዚ መሰረት ገይሮም ብዝተሰርሑ ስራሕቲ ኣብ ዝሓለፈ 27 ዓመት ኣብ ሕርሻ ብዝመፀ ለውጢ ኣብ ዓውደ ኢንዱስትሪ፣ ዕዳጋ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ምንቅቓሕ ዘርአየሉ ከይዲ ነይሩ። እዚ ብብርኪ ክልል ትግራይ እንትሽረፍ ድማ ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝተመዝገበ ዓወት ንሕርሻ፣ ኣብ ሕርሻ ዝተመዝገበ ውፅኢት ድማ ንኢንዱስትርን ውፅኢት ኢንዱስትርን ናብ ዕዳጋ ብምቕራብ ተመጋጋቢ ውፅኢት እናተመ ዝገበ መፂኡ እዩ።

እዚ ድማ ኣብ ኣጠቓላሊ ማሕበረ ቁጠባዊ ምዕባለታት ክልልና ዝነበሮ ብፅሒት ቀሊል ዝበሃል ኣይኮነን። ካብተን በዚ መንገዲ ሓሊፈን ዝሓሸ ውፅ ኢት ዘመዝግባ ዞባ ምዕራብን ዞባ ደቡብን ከም ዝኮና ካብ ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ክልል ትግራይ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመልክት።



**ብዓል ሞያ ርክብ ህዝብን ሚድያ ኮሙኒኬሽንን ኣይተ ዮሃንስ ኣለማየሁ**

ኣብ ቢሮ ሕርሻን ልምዓትን ገጠርን ክልል ትግራይ ብዓል ሞያ ርክብ ህዝብን ሚድያ ኮሙኒኬሽንን ኣይተ ዮሃንስ ኣለማየሁ ኣብ ትግራይ ምህርቲ ምሽላ ብዙሕ እዩ ዝኣቱ። ምሽላ ኣብ ዓለም ካብ ስርናይ፣ ሩዝ፣ ምሽላ ባሕርን ስገምን ቀፂሉ ብሓይሊ ወሃብነቱ ብሓምሻይ ደረጃ ዝፍለጥ ዝራእቲ እዩ። ምሻላ ኣብ ንጥረ ነገራት ትሕዝትኡ ካርቦሃይድሬት ዘለዎ እንትኾውን 75 ሚኢታዊ ይሕዝ።

ክልል መንግስቲ ትግራይ፣ ብመግቢ ዓርሳ ክትክእል ብዝሓዞ ውጥን መሰረት ኣብቲ ቢሮና ክኽተሎ ዝፀንሐ ሜላ ምልማዕ ክላስተር ዝራእቲ ከምዘሎ ኮይኑ ሓረስቶትን ኣብ ልምዓት ሕርሻ ዝነጥፉ ሰብ ሃፍትን ንወፃኢ ሰደድ ንምግባር ዓሊሞም ዘፍርይዎ ዝነበረ ምህርቲ ሰሊጥ ብምንካይ ዘርኢ መሽላ ብስፍሓት ናብ ምፍራይ ኣትዮም እዮም። ፋብሪካታት ሕሩጭን ኣብ ምስንካት ሕብስትን ኬክን ዝነጥፉ ኣካላት ብዝተገብረ ምርድዳእ መሰረት እቶም ፍቓደኛታት ዝኾኑ ኣካላት ምሽላ ኣብ ፋብሪካ ፊኖ ተጣሒኑ ብዝተፈላለየ ኣገ ባብ ማለት ብእንጀራ፣ ብሕብስቲ/ባኒ/፣ ብኩኪስን ብኬክን ብምድላው ከምኡ እውን ኣብተን ፋብሪካታት ዝተጣሕነ ፊኖ ምሽላ ንምርኢት ቀሪቡ እዩ።

ፍርያት ምሽላ ኣብ ምቅላል ናብራ ሕብረተሰብ ልዑል ግደ ከም ዘለዎ ሓቢሮም። ኣስዒቦም ድማ ኣብዚ ዓመት ኣብ ሕርሻ ዝተዋፈሩ ዝበዝሑ ሰብ ሃፍቲ ኮኑ ሓረስቶት መንግስቲ ትግራይ ብዝሓዞ ኣንፈት መሰረት ፍቓደኛታት ኮይኖም መንግስትና ዝሓዞ ኣንፈት ክንትግብር ኢና ኢሎም ብሰሊጥ ይሽፈን ዝነበረ 338 ሽሕ ሄክታር መሬቶም ብመሽላ ብምሽፋን መንግስቲ ንዝሃቦ ኣንፈት ተግባራዊ ብምግባር ኣብ ጭቡጥ ልምዓት ከምዝርከቡን ብሓፈሻ ኣብ 2013 ዓ.ም ብብርኪ ክልል ትግራይ ሓደ ነጥቢ ክልየ ሚልዮን ሄክታር መሬት ብኣዝርእቲ ከምዝተሸፈነን ካብዙይ እቲ 529 ሽሕ ሄክታር መሬት ብምሽላ ከምዝተሸፈነ ኣይተ ዮሃንስ ሓቢሮም።

ከም ክልል ብምግቢ ዓርስና ንምኽኣል ኣብ ነሳልጦ ዘለና ምንቅስቓስ ምሽላ ብበዝሒ ምፍራይ ኣገዳሲ ኮይኑ ካብዚ ዓይነት እኽሊ ዝተዳለዉ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ ከምዝኮውን ኣይተ ዮሃንስ ሓቢሮም። እዚ ድማ እቲ ካብምግባዊ ትሕዝትኡ ንረኽቦ ረብሓ ከምዘሎ ኮይኑ እኹል ቀረብ ኣብ ክልልና ምህላዉ ብዝሓሸ ዋጋ ክንረ ኽቦም እውን ስለዝገብር ኣብ ምቅላል ምኽባር ዋጋዝህልዎእጃምልዑልምዃኑሓቢሮም።

ፍርያት ምሽላ ኣብ ክልልና ኣዝዩ ሰፊሕ እኳ እንተኾነ ሕ/ሰብና ግን ነዚ ሰፊሕ ፀጋ ክልልና ንምግብነት ኣብ ምውዓል ክፍተት ኣሎ። ምሽላ ምምጋብ ዳርጋ መግለፂ ትሑት እቶት ዘለዎ ሕ/ሰብ ተጌሩ ይውሰድ። እቲ ሓቂ ግን ብግልባጡ እዩ። ካብ እኽሊ መሽላ ዝዳለዉ ምግብታት ንኣካላውን ኣእሙሮኣውን ዕብየትና ብዝሕግዙ ንጥረ ምግ ብታት ዝበልፀገ ስለዝኾነ ኣብዚመዳይሕ/ሰብ ክላመዶብስፍሓትክንሰርሐሉይግባእኢሎም።

ብድምር ኣብ መፍራያይነት ምህርቲ ሕርሻ ዝሓሸ ምድላው ንኽገብር ካብ ስልጠና ጀሚሩ ካሳብ ምምላእ ቀረብ እታወታት ዝተገበረ ምድላውን ትግበራን ንካልኦት ኣብነት ዝኸውን እዩ።ብፍላይ ሓረስታይ ስልጠና ድሕሪ ምውሳዱ ካብ ቀዳማይ ካሳብ ሳልሳይ ማሕረስ መሬቱ ብዝግባእ ምልስላስ፣ ጠለብ እታወታት ምስፋሕን ዝነጠበት ማይ ኣብ ረብሓ ምዓልን ብእወንታ ዝግለፅ እዩ።ኣብዚ ሐዚ እዋን ድማ መብዛሕቲኡ ሽፋን መሬት ትግራይ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ሄክታር መሬት ብዝተፈላለዩ ኣዝራእቲ ተሸፊኑ ይርከብ።

ብመሰረት እዚ ኣብ ክልልና ዝተገበረ ምድላው ኩለ መዳይ ምድላው መፍረያይነት ምሕርቲ ሕርሻ ካብ ግራት ጀሚሩ ካሳብ ናብ ቆፎ ዝኣቱ ግቡእ ክትትል ምግባር የድልይ። ብፍላይ ኣወዳድባ ጉጅለ ልምዓት ብምጥንኻር ግቡኡ ኽንኽን ምግባር፣ ካብ ዝተፈላለዩ ባልዓትን ፃህያይን ብምኽልካል ቀፃሊ,ይ ክትትል ሓረስቶት ሰብ ሞያን ሕርሻ ክግበር ኣለዎ።

# ከተማታትና

# ትግራዋይ እምነቱ ኣብ ፃዕዳ ረሃፀ

**ብኣሸናፊ ዘውዴ**

ሃለቃ ፅጋብ ተስፋይ ነባሪ ክፍለ ከተማ ሃወልቲ ኾይኑ ኣብ ዘፈር ጨርቀ መርቅን ኣልባሳትን ካብ 2000 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ስራሕቲ ኽዳን ሓበሻ ተዋፊሩ ኣብ ምስራሕ ይርከብ። ሐዚ ዝተፈላለዩ ባህላውን ዘመናውን ክዳውንቲ ብምጥላፍ፣ ምስ ፋይ፣ ብምሻጥን ብምክፍፋልን ትኹረት ገይሩ ኣብ ምስራሕ ይርከብ።

ሃለቃ ፅጋብ ቅድም ናብቲ ስራሕ ምእታዉ ናብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ብስደት ብምኻድ ስደት እንታይ ምዃኡ ብዝግባእ ዝተረደአ እዩ። ናብ ሃገራት ስዑድ ዓረብ፣ የመን፣ ሱዳን፣ ጅቡቲ፣ ስእራኤል ብዝተፈላለዩ እዋናት ብምኺድ እንት ርፊ ፀገምን መከራን እዚ ዝበሃል ሃፍቲ ክሕዝ ኣይከ ኣለን። የግዳስ ክሰርሓሉ ዝግባእ ግዚኡ ኣብ ስደት ብፀገምን መከራን ኣባኺንዎ እዩ።

ኣብ ሃገርኻ ኮይንካ ስደት ምኻድ ከም ቐሊል ነገር ገይርኻ እዩ ዝርአ፤ ኮይኑ ግና ኣብ ስደት ማእለያ ዘይብሎም ፀገማት ብምህላዎም ከምቲ እትሓስቦ ጥዑም ኣይኮነን። ከም ኣገላልፃ ሃለቃ ፅጋብ፤ ናብ ስደት ብምኻዱ እንትርፊ ፀገምን መከራን እዚ ዝበሃል ረብሓ ከም ዘይረኸበሉን ጊዜኡን ጉልበቱን ከም ዘጥፍአ ይገልፅ።

ናብ ሃገሩ ምስ ተመለሰ ድማ ኣብ 2000 ዓ/ም ብ300 ብር መበገሲ ካፒታል ስራሕ ዝጀመረ ኮይኑ ፈለማ “ክሪኮፍ” ትበሃል ሰፋይት መኪና ብምዕዳግ ስራሕቱ ጀሚሩ። ስራሕ እትጅመር ብምስፋይ ክዳን ልምዲ ይኹን ትምህርቲ ኣይነበሮን። ኮይኑ ግና ብትብዓት ናብቲ ሞያ ብምእታው ዝተቀደደ ክዳውንቲ ብምስፋይን ብምልጋብን ኣብ ከይዲ ዝተፈላለዩ ባህላውን ዘመናውን ዓለባ ዓዲ ብም ጥላፍን ብምስፋይን እቲ ሞያ ከም ዝኸኣሎ ሃለቃ ፅጋብ የረድእ።

ፈለማ ስራሕ እትጅምር ምስ ሰብ ተፀጊዑ ይሰርሕ ነይሩ። ቐፂሉ ድማ ካብ ዝረኸበን ዝነበራ ኣታዊ ብበዝሒ ዕቛር ብምቅማጥ ናይ ባዕሉ ንእሽተይ ቦታ ተኻርዩ ብምስራሕ ስራሕቱ ብምስፍሕፋሕ ኣታዊኡ ክውስኽ ኽኢሉ። ብተወሳኺ ብክኢላታት ቤት ፅሕፈት ደኣንት እታ ክፍለ ከተማ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ስለጠና ብምርካቡ ስራሕቱ ዘስፈሕፍሐሉ ከእለትን ዓቕምን ክረክብ ኪኢሉ።

ካብ ምጥላፍን ምስፋይን ዓለባ ዓዲ ሓሊፉ ምሻጥን ምክፍፋልን ዓለባ ዓዲ ብምጅማር ኣብ ስራሕቲ ንግዲ ተዋፊሩ ኣታዊኡ ክውስኽ ኽኢሉ። ሐዚ ንብርክት ዝበሉ ወገናት ዕድል ስራሕ ዝፈ ጠረሉ ኩነታት ብስፍሓት ኣሎ። ልዕሊ 100 ወገናት ዝጠለፍዎም ጥልፍታት ብምእካብ ናብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ትግራይ የከፋፍል። እዚ ድማ ንብርክት ዝበሉ ወገናት ብምጥላፍ፣ ብምስፋይን ብምፍሓስን ዕድል ስራሕ ዝፈጠረሉ ኩነታት ከም ዘሎ የመላ ኽት።

ብቐዋሚ ድማ ንልዕሊ 10 ወገናት ዕድል ስራሕ ከም ዝፈጠረን ስራሕቱ ብምስፍሕፋሕ ዕድል ስራሕ ዝፈጥረሎም ወገናት ቑፅሪ ኣብ ምውሳኽ ይርከብ። ከምኡ’ውን ኣብ ዕዳጋ “ዓዲ ሓቒ” ዝር ከቡ ንልዕሊ 30 ወገናት ኣብ ዝተፈላለዩ ከም ቡን ዝኣመሳሰሉ ሸቐጣት ካብ ምሻጥ ናብ ዓለባዓዲ ምሻጥ ንክዋፈሩ ኣብ ምግባር ዝለዓለ ብፅሒት ኣበርኪቱ። ካልኦት ወገናት’ውን ምጥላፍን ምስፋይን ዓለባ ዓዲ ንክለምዱን ብኡ ኣቢሎ ድማ ናብርኦም ንከምሓይሹ ብትኹረት እናሰርሐ ከም ዝመፅ ሃለቃ ፅጋብ ይገልፅ።

ቅድም ኢሉ ስራሕቱ ንምስላጥ ገዛ ተኻርዩ ይሰርሕ ዝነበረ ኮይኑ ሐዚ ድማ ስራሕቱ እናስፋሕፈሐ ብምምፅኡ ናይ ባዕሉ ገዛ ገዚኡ ስራሕቱ ኣብ ምስፍ ሕፋሕ ይርከብ። ብመሰረት’ዚ ስራሕቱ ሽፋፊሉ ምስራሕ ጀሚሩ እዚ ድማ ላውንደሪ፣ መጥለፍን መስ ፈይን ኽፋፊሉ ምስራሕ ብምጅማሩን ከምኡ’ውን ጠላፊት መሸን ብምትእትታዉን ውፅኢታዊ እናኾነ ምምፃእ ጀሚሩ።

ዓለባ ዓዲ ኣሰፋፍይኡን ኣጠላልፍኡን በቢ እዋኑ ብምምዕባለን ፅሬት ዘለዎ ስራሕቲ ብምውጋንን ቑፅሪ ተጠቀምቲ በቢ እዋኑ ዝበዝሕሉ ኩነታት ንምፍጣር ብትኹረት ይሰርሕ። ሐዚ ስራሕቱ መብዛሕቱ ኣብ ትግራይ ኮይኑ ብውሱን መልክዑ ድማ ካብ ትግራይ ወፃኢ ይሸይጥ።



ሞዴል ውልቀ ደኣንት ሃለቃ ፅጋብ ተስፋይ

ካብ ምጥላፍን ምስፋይን ዓለባ ዓዲ ሓሊፉ ምሻጥን ምክፍፋልን ዓለባ ዓዲ ብምጅማር ኣብ ስራሕቲ ንግዲ ተዋፊሩ ኣታዊኡ ክውስኽ ኽኢሉ። ሐዚ ንብርክት ዝበሉ ወገናት ዕድል ስራሕ ዝፈጠረሉ ኩነታት ኣሎ። ልዕሊ 100 ወገናት ዝጠለፍዎም ጥልፍታት ብምእካብ ናብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ትግራይ የከፋፍል።

እዚ ድማ ንብርክት ዝበሉ ወገናት ብምጥላፍ፣ ብምስፋይን ብምፍሓስን ዕድል ስራሕ ዝፈጠረሉ ኩነታት ከም ዘሎ የመላኽት።

ሐዚ ናይ ዕዳጋ ፀገም የለን። ብዝግባእ ፅሬቱ ሃሊኻን በቢ እዋኑ ቕዲ ዲዛይኑ ብምቕይያር እንድ ሕር ተሰፍዩን ተተጠሊፉን ተደላይነቱ ብምውሳኽ ቐልጢፉ ዝሸወጠሉ ኩነታት ኣሎ። ስለዚ ኣብዚ ሐዚ እዋን ፀገም ዕዳጋ የለን።

ኣብ ትግራይ ብርክት ዝበሉተቐዲሖም ዘይነፅፉ ፀጋታት ኣለዉ። እዚኣቶም ድማ ኣብ ረብሓ ብምው ዓል ወገናት ተረባሕቲ ክኾኑ ይግባእ። ናብ ዓዲ ጓና ስደት ከይድካ ንዝተፈላለዩ ፀገማት ካብ ምቅላዕ፤ ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ሃፍትታት ብኣግባቡ ብም ልማዕ ንባዕልኻ ተረቢሕኻ ንካልኦት ወገናት ዕድል ስራሕ ምፍጣር እዩ ይብል ሃለቃ ፅጋብ።

መንእሰይ መሓመድ ስዒድ ኣወል ካብቶም ኣብቲ ትካል ዕድል ስራሕ ዝተፈጠረሎም ወገናት ሓደ እዩ። ኣብቲ ትካል ስራሕቲ ምስፋይ ኣብ ምውጋን ይርከብ። ብዝፈጠሮ ምቹው ኩነታት ብምጥቃም ኣብ ዓድኻ ብምስራሕ ንባዕልኻ ተረቢ ሕኻ ንካልኦት ወገናት ዕድል ስራሕ ምፍጣር ከም ዝከኣልን ትብዓትን ሓቦን ካብ ሃለቃ ፅጋብ ተስፋይ ከም ዝተምሃረ ይገልፅ።

ብተወሳኺ ዝሓሸ ልምዲ ስራሕ እናወነነ ድሕሪ ምምፃእ ኣታዊኡ ዝዓብየሉ ኩነታት ከም ዘሎን ካብ ዝረኽቦ ኣታዊ ዕቛር ብምቕማጥ ንቐፃሊ ብስፍየት ክዳን ትካል ብምጥያሽ ንባዕሉ ተረቢሑ ንካልኦት ወገናት ዕድል ስራሕ ንምፍጣር ዓሊሙ ኣብ ምንቅ ስቓስ ከምዝርከብ ይገልፅ።

ወ/ሮ ዓወት ትካቦ ኣብ ዕዳጋ ዓዲ ሓቒ ኣብ ንግዲ ቡን ተዋፊረን ኣብ ምስራሕ ካብ ዝርከባ ወገ ናት ሓንቲ እየን። ሃለቃ ፅጋብ ብዝፈጠረለን ዕድል፣ ስራሕተን ካብ ምሻጥ ቡን ናብ ምሻጥ ዓለባ ዓዲ ብምልዋጥ ከም ከላስተር ኹሉ ኣብቲ ከባቢ ዘለዉ ነጋዶ ኣብ ምሻጥ ዓለባ ዓዲ ተዋፊሮም ንክስርሑ ከም ዘኽኣሎም ይገልፃ።

እቶም ወገናት ኣብቶም ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ብብርኪ ክላስተር ኣብ ምሻጥ ዓለባ ዓዲ ብምውፋሮም ተረባሕቲ ኮይኖም እዮም። ከም ኡ’ውን ተጠቀምቲ ዝደልይዎ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዓለባ ዓድን ጥልፍታትን ኣብ ሓደ ከባቢ ብበዝሕን ብፅሬትን ብምርካቦም ናብቲ ከባቢ ብበዝሒ ዝመ ፅሉ ቑፅሪ ዓደግቲ ዝወሰኸሉ ኩነታት ከም ዘለዎ ወ/ሮ ዓወት የገንዝባ።

ኣብ መወዳእታ ቑፅሮም ዘይነዓቕ ወገናት ዘለዎም ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ንምፍታሕ ናብ ስደት ምኻድ ከም መማረፂ ገይሮም ይወስዱ። እዚ ድማ ንዝተፈላለዩ ፀገማት ዝሳጥሕሉ ኩነታት ብስፍሓት ኣሎ። ኮይኑግና ኣብ ሃገርካ ኮይንካ ሃፍተ ገነት ከባቢኻ ብኣግባቡ ብምጥቃም ንባዕልኻ ተረቢሕኻ ንካልኦት ወገናት ምርባሕ ይከኣል። ከምኡ’ውን ካብ መንግስቲ ይኹን ካብ ካልኦት ወገናት ተፀባዩ ብምኺን ኩለ መዳያዊ ዕብየት ምርግጋፅ ኣይከኣልን። ብመሰረት’ዚ ሃለቃ ፅጋብ ከም ዝብሎ “እምነተይ ኣብ ፃዕዳ ረሃፀይ” ይብል። እዚ ድማ ኩሉ እምነታትኻ ኣብ ባዕልኻ ፍልጠት፣ ክእለትን ዘለካ ካፒታልን ገይርካ ንክትሰርሕ ድሉው ክትኸውን ይግባእ።

# ልጓም ፈረስ ሕማም ዓሶ

**ብተስፋልደት ገ/ማርያም**

ሕማም ዓሶ ኣብ ዓለምና ይኹን ሃገርና ካብ ዘለዉ ፀገም ጥዕና ማሕበረሰብ ዝበሃሉ ተመ ሓላለፍቲ ሕማማት ሓደ እንትኸውን ኣብ ክልል ትግራይ እውን ሰፊሕ ሽፋን መሬት ከምዘለዎ ዝፍ ለጥ እዩ። ብፍላይ ኣብ ትሕቲ 2000 ሜትሮ ብራኽ ልዕሊ ፀፍሒ ባህሪ ዝነብር ከባቢ 70 ምኢታዊ ህዝቢ ትግራይ ማለት እውን 3.8 ሚልዮን ህዝቢ ንሕማም ዓሶ ዝተቓልዐ ምዃኑ ካብ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመልክት።

ሕማም ዓሶ ኣብ ሃገርና ብፍላይ ክልልና ብቀታላይነቱ ኣብ ቅድሚት ዝስራዕ ዓይነት ሕማም እዩ። ብምኽንያት ጣንጡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ሕማም ዓሶ ብፍላይ ዝረግአ ማይ፣ ጆቓጆቕን ጭቃን ኣብ ዝበዝሖ ከባቢ ብበዝሒ ይረአ። መንቀሊ ሕማም ዓሶ ብዓይኒ ዘይረኣይ ፕላዝሞዲየም ዝበሃል ደቂቕ ተዋህስያን እዩ። ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ክልልና ዝፍለጡ ዘርኢ ዓሌት ተሃዋሲያን፣ ፕላዝሞዲየም ፋልሲፓረምን ፕላዝሞዲየም ቫይቫክስን እንትኾኑ ብቐደም ሰዓብ 60 ምኢታውን 40 ምኢታውን ይረአዩ።

እዚ ሕማም ብንክሲት ኣንስተይቲ ጣንጡ ኣቢሉ ዝመሓላለፍ እዩም። እዚ ዝኾነሉ እውን እታ ጣንጡ በቲ ሕማም ናይ ዝተለኸፈ ሰብ ደም ብምምጣጥ ብርኪ ጋሜቶሳይት እቲ ፅግዕተኛ ተሃዋሲያን ኣብ ደም ወድሰብ ዝርከብ ናይ መጀ መርያ ብርኪ ኣብ ውሽጢ ኣካል እታ ጣንጡ ለውጥታት ብምክያድ ናብ ብርኪ ስፖሮዞይት ረኽሲ ዝፍጠረሉ ብርኪ እንትቕየር እዩ።

እታ ጣንጡ ንካሊእ ጥዑይ ሰብ ኣብ እትነኽሰሉ እዋን እቲ ስፖሮዞይት ካብ ፅኪ ሳሊቫሪይ ጣንጡ ናብ ዑደት ደም እቲ ጥዑይ ሰብ ብምትሕልላፍ በቲ ሕማም ክልከፍ ይግበር። ኣብ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ኪኢላ ምክልኻል ሕማማት ኣይተ ኅይቶም መሓሪ ከምዝገለፅዎ፣ ሓንቲ ጣንጡ እንት ትነኽሰና ኣብ ውሽጢ ኣካል ሰብነትና ንቐያሕቲ ዋሕዮታት ደምና እያ እተጥቕዕ።

ዝኾነ ሰብ ብጣንጡ ካብ ዝተነኸሰሉ ሰዓት ጀሚሩ ክሳብ እቲ ሕማም ዝፍጠረሉ ዘሎ ንውሓት እዋን ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ሰሙን ክኸውን ይኽእል። ገለ ገለ ዓይነታት ጣንጡ ግና ንኣብነት ቫይቫኽስ ን ኦቫሊን ምልክታት ዘርእያ ኣዝየን ዘን ጊዐን ካብ ሽሞንተ ክሳብ ዓሰርተ ኣዋርሕ ኣብ ዘሎ ግዜ ክኸውን ይኽእል። ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ውሽጢ ረቀቕቲ ዋህዮታት ፀላም ከብዲ ዝኾነ ዓይነት ከየርኣያ ክፀንሓ ይኽእላ።

ሓደ ሰብ ካብ ሕማም ዓሶ እንተድሒኑ እኳ እቶም ጉድኣት ዘብፅሑ ዓይነታት ዓሶ ካብ ውሽጢ ሰብነት ከይጠፍኡ ዳግም ደጊሶም ምልክታት ሕማም ዓሶ እንሪኣሉ ኩነታት ክፍጠር ይኽእል። ቀንዲ ምልክታትን ስምኢታትን ሕማም ዓሶ ቅልል ዝበለ ዘይፅኑዕ ን ከቢድን ፅኑዕን ተባሒሎም ኣብ ክልተ ይምቀሉ። ቅልል ዝበለ ዘይፅኑዕ ምልክት ስምኢት ዝበሃል ድሕሪ ረኽሲ ኣብ ዘለዉ ካብ 8 ክሳብ 25 መዓልትታት Following infection ክረ ኣይ ዝኽእል ኾይኑ ፍልፀት ርእሲ፣ ረስኒ፣ መቑራር፣ ቁርጥማ መገጣጠሚ ኣካላት፣ ሕማም ጭዋዳ፣ ርሃፅ፣ ምንኻይ ሸውሓት ምግቢ፣ ሰዓል(ኣብ




**ዛንዜራ ብኣግባቡ ብምጥቃም ሕማም ዓሶ ንከላኸል**

ህፃናት)፣ ተምላስ፣ውፅኣትን ሕፀረት ደምን እዮም። ከቢድ(ፅኑዕ) ዝበሃል ድማ ልዑል ረስኒ፣ ከቢድ ተምላስ፣ ሃተፍተፍ ምባል፣ ምስሓት ውነ፣ ከቢድ ድኻም፣ ርሃፅ ሰውነትን ፀገማት ምትንፋስን እንትረአይ እዩ።

ሰለዚ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ምልክታት ገሊኦም ወይ ድማ ብምልኦም ዝተርኣዮም ሰባት ብቕልጡፍ ናብ ቀረባ ዘሎ ትካል ጥዕና ብምኻድ ኣድላይ ምርመራን ሕክምናን ክገብሩ ኣለዎም። እቲ ሕማም ከምዘለዎም ብምርመራ ምስተረጋገፀ ድማ ዝተውሃቦም ኣፍውስ ብምዕሩይ (ዘይተቖራረፀ) ኣገ ባብ ክውሰዱ ኣለዎም።

ካብዚ ብተወሳኺ ዝተኣዘዘልኻ መድሓኒት ሙሉእ ብሙሉእ ዘይምውሳድ ወይ እዉን ንኻሊእ መቒልካ ምሃብ ሓደጋ ምኻኑ፣ ካብ ትእዛዝ በዓል ሞያ ወፃኢ ኣፋውስ ምውሳድ እውን ብተመሳሳሊ ሓደጋ ምኻኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ።

ሕማም ዓሶ ንምክልኻል፣ ንምቁፅፃርን ምውጋድን ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣለዉ። ምንፃግ ኣባይቲ፣ ምጥ ቃም ዛንዜራ፣ ምጥቃም ኬምካል ፀረ ህንፀ (ላርባ)ን ከባቢያዊ ፅርየትን ብብርኪ ሃገርን ክልልን ኣብ ጥቕሚ ካብ ዝውእሉ ዘለውን ፅቡቕ ውፅኢት ይምዝገበሎም ካብ ዘለውን ሜላታት ተጠቀስቲ እዮም። ብሓፈሻ እዚ ሕማም ፀገም ጥዕና (ሕማምን ሞትን) ካብ ምዃን ሓሊፉ ንነዊሕ እዋን ሕብረተሰብ ናብ ዝኸፍአ ኢኮኖሚያውን ማህበራውን ፀገም ክሳጣሕ እናገበረ ፀኒሑ እዩ።

መንግስትና እውን ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ዓሶ ዝለዓለ ጠመተ ሂቡ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ። ብመሰረት እዚ ቁፅሪ ተጠቃዕቲ እቲ ሕማም ናብ ዝተሓተ ብርኪ ከምዝወረደ ካብ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልልና ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመልኽት። ይኹን እምበር ሕዚ እውን ነዚ ሕማም ንምክልኻልን ምቁፅፃርን፣ ሕብረተሰብ ናይ ምልዕዓልን ምብርባርን ስራሕቲ ኣብ ዘድልየሉ እዋን ከም እንረክብ ካብ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልልና ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመላክት።

ሰለዚ ብብረኪ ክልልና ኣብ 2030ዓ/ም ዝተትሓዘ ዓሶ መሊእኻ ናይ ምውጋድ (Malaria elimination) ዕማም ንምዕዋት ካብ ዓበይቲ ሆስፒታላት ክሳብ ኬላታት ጥዕና፣ ልምዓት ጉጅለን ኩሉ ክፋል ሕብረ ተሰብ ሰፊሕ ርብርብ ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ 66 ወረዳታት ትግራይ ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ዛንዜራ ንተጠቃማይ ሕብረተሰብ ተዓዲሉ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ 8 ወረዳታት ን150ሽሕ ኣባይቲ ን460 ሽሕ ህዝቢ ነፀጋ ኬሚኻል ከምዝተካየደ ኣይተ ኅይቶም መሓሪ ሓቢሮም። ሕማም ዓሶ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ብምጥቃዕ ኣብ ልቢ፣ ኩላሊትን ርእስን ተሰግሲጉ ናብ ሓደጋ ዘብፅሕ ሕማም ስለዝኾነ በዚ ሕማም ዝተትሓዘ ሰብ ቀልጢፉ ናብ ሕክምና እንተዘይከይዱ ክሳብ ሞት ዘብፅሕ ሓደጋ ኪጋጥሞ ከምዝኽእል ኣይተ ኅይተኦም ሓቢሮም፡፡

ሕማም ዓሶ ብበዝሒ ዝረኣየሉ ካብ ክራማት መወዳእታ ብፍላይ ከዓ ካብ መስከረም መጀመርያ ክሳብ ታሕሳስ መወዳእታ እዩ ዝበሉ ኣይተ ኅይተኦም፣ ሕብረተሰብ ነቲ ሕማም ንምክልኻል ድሕሪ ክራማት ንሰብን እንስሳን ዘይጠቕሙ ቆፅላ መፅሊ፣ ዝዓቖሩ ማያ ትን ጆቕጆቓትን ንምርባሕ ጣንጡ ምቹዋት ስለዝኾኑ ክፃህዮም፣ ክፍስሶምን ከደፍኖምን ኣለዎ ኢሎም፡፡

ብድምር ሕማም ዓሶ ንምክልኻል ብኡ ኣቢሉ እውን ንምውጋድ ምእንታን ክኸኣል ብዋናነት ሕብ ረተሰብ ኣብቶም መከላኸሊ ሜላታት ብዝግባእ ክሳ ተፍ ምስራሕ የድልይ። ኣብዚ ከይዲ ዚ ሕብረተሰብ በቢ ከባቢኡ ወፍሪ ፅሬት ብምክያድ ዝዓቖሩ ማያት ብምፍሳስ ወይ ብምድፋን ከባቢኡ ከፅርን ካብ ሕማም ዓሶ ክከላኸል ኣለዎ። ብፍላይ ኣብዚ ሐዚ እዋን ተኸሲቱ ምስ ዘሎ ለሽዳ ቫይረስ ኮሮና ተተሓሒዙ ሕማም ዓሶ እውን ተደራቢ ለበዳ ኸይኸውን ክልተ ለበዳ ሕማማት እናተሓጋገዙ ከየጥቅዕዎ ኣብ ዝግበሩ ወፍርታት ብምፍንታት ከባቢኡ ከፅሪ ከምዘለዎ ምርዳእ የድሊ።

ካብኡ ሓሊፉ እቲ ሕብረተሰብ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል እቶም ዝወሓቡ ዘለዉ እታወታት ብዝግባእ ክጥቀም ከምዘለዎ፣ሎምዘበን ዝዕደል ዘሎ ዛንዜራ ድማ ብኣግባቡ ኣብ መደቀሲ ቦታታት ክጥቀምሉ ይግባእ።

ዛንዜራ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታ ታት ክትጥቀመሉ እትክእል ተንቀሳቓሲ ሜላ መከላ ኸሊ ስለ ዝኾነ ዝተውሓቦ ዛንዜራ ብቐዳምነት ንኣዴታትን ህፃና ትን ብምሃብ ብምሉእነት ክጥቀሙ ኣለዎም። ካልእ እቲ ኣብ ኣባይቲ ዝንፀግ ኬሚካል ዕድሜኡ ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ስለ ዝኾነ ኣብዚ እዋን ገዛ ካብ ምሕባፅ ክቑጠብ ኣለዎ ።

ካብዚ ብተወሳኺ ዝኾነ ሰብ ምልክታት ሕማም ዓሶ እንተርኣይዎ ብቕልጡፍ ናብ ከባቢኡ ዝርከብ ትካል ጥዕና ብምኻድን ምርመራ ብምኽያድን ሕማም ዓሶ እንድሕር ተረኺብዎ ድማ ዝተውሓቦ መድሓኒት ብኣግባቡ ምውሳድ ክዝንጋዕ የብሉን። ብዋናነት ግና ኣብ ምክልኻል ሕማም ዓሶ ርብርብ ዘድልዮ ፅሬት ከባቢን ውልቀን ምሕላው ስለ ዝኾነ ሕብረተሰብ ኣብ ዝካየድ ወፍሪ ፅርየት ብምሉእነት ናተይ እዩ ኢሉ ክሳተፍን ጣንጡ ዝፈርያሉ ከባቢ ክፀሪ ይግባእ።

**... ካብ ገፅ 13 ዝዞረ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ፦ 1.ኣይተ ሽሻይ ሰመረ ተስፋይ ሞንጎ ብዛዕባ ዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ዝብል ገበን ክሲ ቀሪብልኩም ኣብ ኣድራሻኹም ተኣሊሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 10/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ወረዳ ጉሎምኻዳ ዛላንበሳ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተብሃለ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለ ኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ናይ ዛላንበሳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ጉሎ መኸዳ ቤት ፍርዲ ዛላንበሳ**

ከሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ኤፍሬም ሃ/ጀወርግስ ትካቦ ኣድራሻ ዓዲግራት ቀበሌ 06 ዞን 4 ብዝተተኸሰስኩምሉ ናይ ኢ.ፌ.ድ.ሪ ገበን ዓንቀፅ 32/1/ሀ ምስ 555/ሐ ናይ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ተኸሲስኩም ስለ ዘለኹም በዚ ምልክታ ተፀዊዕኹም ንዕለት 10/2/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ከ/ዓዲግራት ገበን መጋባእያ ቁፅሪ 5 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኩም ግን ክስ ኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኧኑ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓዲግራት ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ**

መመልከቲት ወ/ሮ ፀጋ ገ/የሱስ፣

ተፀዋዒ ባዓል ገዛይ ኣይተ የማነ ገ/ገርግስ ሓጎስ ካብ ወረዳ ጋ/ኣፈሹም ጣብያ ኣዘባ ቁሸት ገርገራ ብዕለት 07/06/2006 ዓ/ም ወፂኡ ምስ ከደ ከይተመለሰ ስለ ዝጠፍአኒ ናይ ምጥፋእ ውሳኔ ይወሃበኒ ክብላ ስለ ዘመልከታ ተፀዋዒ ንክትቐርቡ ወይ እዚ ምጥፋእ ውሳኔ ዝቃወም እንተሃልዩ ንዕለት 17/2/13 ዓ/ም ሰዓት 5፡00 ናብ ወ/ጋ/ኣፈሹም ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ተቃውሞኡ ንከቕርብ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ጋ/ኣፈሹም ቤት ፍርዲ**

መመልከቲት ወ/ሮ ፍታው ግርማይ ብርሃነ ኣድራሻ ወረዳ ውቅሮ ጣብያ ሓየሎም፣ ተፀዋዒ በዓል ሓዳረይ ዝኾነ ኣይተ ገ/ሄር ኪዱ ኣብርሃ ካብ ንነብረሉ ከተማ ውቅሮ ብዕለት 21/11/2010 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ናብ ገዝኡ ስለ ዘይተመለሰ ኣብ ልዕሊ ተፀዋዒ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ክብላ ስለ ዘመልከታ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 18/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ መጋባእያ ብኣካል ንክት ቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግን ኣብ ልዕሌኹም ናይ ምጥፋእ ውሳነ ከም ዝወሃብ ቤት ፍርዲ ከተማ ውቅሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ከተማ ውቅሮ**

# ዞባ ማእኸል

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1.ሙሉኣለም ኪዳነ ማርያም ካሕሳይ መንጎ ብዘሎ ናይ ከ/ኣ/ጉድኣትን ቀ/ኣ/ጉድኣትን ክሲ ተኸሳሲ ተደሊኹም ክትርከቡ ስለዘይኸኣልኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ንዕለት 09/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናይ ክሲ መዝገብኹም ናብ ዝርከበሉ ቤት ፍርዲ ወረዳ እንትጬ ንኽትቐርቡ ክትቐርቡ እንት ዘይኸኢልኩም ግና ኣብ ልዕሌኹም ዝቐረበ ክሲ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኧኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ወረዳ እንትጬ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ እንትጬ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲት ወ/ሮ ፀጋ ደስታኣለም ዕቁባይ፣ ተኸሳሲ 1.ኣይተ መብራህቶም ሃይለ ገ/ኣምላኽ መንጎ ዘሎ ናይ ፍ/ቀ/ቆልዓን ክሲ ተኸሳሲ ተደሊኹም ክትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም መልስኹም ሒዝኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ንዕለት 17/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናይ ክሲ መዝገብኹም ናብ ዝርከበሉ ቤት ፍርዲ ወረዳ እንትጬ ንኽትቐርቡ ክትቐርቡ እንተዘይኸኢልኩም ግን ኣብ ልዕሌኹም ዝቐረበ ክሲ ናይ ፅሑፍ መልስን መርትዖን መልስኹም ተሓሊፉ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኧኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ወረዳ እንትጬ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ እንትጬ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1.ኣይተ ኪሮስ ኣረጋዊ ኣድራሻ ወረዳ እገላ ጣብያ ዕርዲ ጀጋኑ ቁሸት ኣንበረቁና መንጎ ዘሎ ናይ ፈተነ ከቢድ ቅትለት ገበን ክሲ ብዕለት 08/01/2013 ዓ/ም ኣብ ዝወዓለ መጋባእያ ዝተውሃበ ትእዛዝ ተኸሳሲ ተደሊኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ንዕለት 12/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናይ ክሲ መዝገብኹም ናብ ዝርከበሉ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ እንትጬ ምድብ መጋባእያ ንኽትቐርቡ ክትቐርቡ እንተዘይኸኢልኩም ግና ኣብ ልዕሌኹም ዝቐረበ ክሲ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኧኑ ነፍልጥ ክብል እንትጬ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**እንትጬ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1.ኣይተ ብርሃነ ግደይ ኣ/ሻ ወ/ኣሕፈሮም ጣብያ ዓዲይዕቆሮ ቁሸት ልምዓት ፣ 2.ኣይተ ኣረጋዊ ወዳጅ ኣ/ሻ ወ/ኣሕፈሮም ጣብያ ዓዲይዕቆሮ ቁሸት ልምዓት ፣ 3.ገ/ሄር ተክለብርሃን ኣ/ሻ ወ/ኣሕፈሮም ጣብያ ዓዲይዕቆሮ ቁሸት ልምዓት ፣ 4.ኣይተ ብርሃና ብርሃነ ኣ/ሻ ወ/ኣሕፈሮም ጣብያ ዓዲይዕቆሮ ቁሸት ልምዓት መንጎ ብዘሎ እምባጓሮ ገበን ክሲ ብዕለት 08/01/2013 ዓ/ም ኣብ ዝወዓለ መጋባእያ ዝተውሃበ ትእዛዝ ተኸሰስቲ ተደሊኹም ክትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለዘይኸኣልኩም ንዕለት 12/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናይ ክሲ መዝገብኹም ናብ ዝርከበሉ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ እንትጬ ምድብ መጋባእያ ንኽትቐርቡ ክትቐርቡ እንተዘይኸኢልኩም ግና ኣብ ልዕሌኹም ዝቐረበ ክሲ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኧኑ ነፍልጥ ክብል እንትጬ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**እንትጬ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1.ኣይተ ሃይሉ ገ/መስቀል ኣ/ሻ ወ/ኣሕፈሮም ጣብያ ዓዲዛታ ቁሸት ዓዲ ፍርንጊ ፣ 2.ኣይተ መብራህቶም ገ/ሄር ኣ/ሻ ወ/ኣሕፈሮም ጣብያ ዓዲዛታ ቁሸት ዓዲ ፍርንጊ ፣ 3.ኣይተ ገ/ስላሴ ይትባረክ ኣ/ሻ ወ/ኣሕፈሮም ጣብያ ዓዲዛታ ቁሸት ዕዳጋ ቀዳም ፣ 4.ኣይተ ክብሮም ግደይ ኣ/ሻ ወ/ኣሕፈሮም ጣብያ ዓዲዛታ ቁሸት ዓዲ ፍርንጊ ፣ 5.ኣይተ ኣለም ገ/ሄት ኣ/ሻ ወ/ኣሕፈሮም ጣብያ ዓዲዛታ ቁሸት ዓዲ ፍርንጊ መንጎ ብዘሎ እምባጓሮ ገበን ክሲ ብዕለት 11/01/2013 ዓ/ም ኣብ ዝወዓለ መጋባእያ ዝተውሃበ ትእዛዝ ተኸሰስቲ ተደሊኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ንዕለት 12/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናይ ክሲ መዝገብኹም ናብ ዝርከበሉ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ እንትጬ ምድብ መጋባእያ ንኽትቐርቡ ክትቐርቡ እንተዘይኸኢልኩም ግና ኣብ ልዕሌኹም ዝቐረበ ክሲ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኧኑ ነፍልጥ ክብል እንትጬ ምድብ መጋባእያ ማእ ኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**እንትጬ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሰስቲ 1. መብራህቱ በርሀ ገ/ዋህድ ፣ 2.ለተመስቀል ገ/ማርያም ገ/ሄር ኣብ መን ጎኹም ዘሎ እምባጓሮ ክሲ ክትዕ ዋኒን ብኣድ ራሻኹም ስለ ዘይተረኸብኩም ንዕለት 19/2/ 2013 ሰዓት 3፡00 ናብ ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ ማእ ኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምኧኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1ይ.ኣይተ ሓየሎም ገብረሂወት ሓጎስ ወ/ማይቅነጣል ጣ/ዘበነገ ቁ/መቀ ረት ፣ 2ይ.ኣይተ ገብረሃወርያ ተኽለንችኤል ሓጎስ ወ/ ማይቅነጣል ጣ/ዘበነገ ቁ/መቀረት ፣ 3ይ.ኣይተ ኣረጋዊ ተኽላይ ደስታ ወ/ማይቅነጣል ጣ/ዘበነገ ቁ/መቀረት ፣ 4ይ.ኣይተ ገብረኣብዝጊ ገብረስላሴ ተኽሉ ወ/ ማይቅነጣል ጣ/ዘበነገ ቁ/መቀረት ብዝተኸሰ ስኩምሉ ናይ እምባጓሮ ገበን ንስኹም ተኸሰስቲ ንዕለት 10/02/ 2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ዓድዋ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ እንተዘይቀሪ ብኹም መዝገብኩም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ዓድዋ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ደጀን ሓጎስ ይሕደጎ ነባርነት ወረዳ ዓድዋ ጣብያ ወዲ ቀሺ ቑሸት ማይ ዳዕሮ ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን ተኸሳሲ ንዕለት 10/2/13 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ዓድዋ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ እንተዘይቀሪብኹም መዝገብኩም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ዓድዋ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ፀጉ መለስ በዛብህ ነባርነት ወረዳ ዓድዋ ጣብያ ማይጥዑም ኣብ ሞንጎኹም ብዘሎ ናይ ከቢድ ክትራን ክትዕ ተኸሳሲ ንዕለት 10/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንጎሆ ናብ ዓድዋ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተፃርዩ ዝውሰን ምኧኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ዓድዋ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ከሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ጎይትኦም ጉሹ ዝተኸሰስኩምሉ ገበን ገ/ሕ/ዓ 555 /ለ/ ብመሰረት ገ/መ/ስ/ስ/ሕ/ቁ 161ን ተኸተልቱን ብዘየለኹምሉ ዝረአ ገበን ስለ ዝኾነ ተኸሳሲ ኣብ ወረዳ ዓዲ ኣቤቶ ቤት ፍርዲ ጉዳይ ከምዘለኩም ፈሊጥኹም ጉዳይኹም ናብ ዘለዎ ወረዳ ዓዲ ኣቤቶ ቤት ፍርዲ ኣብ ቆፀሮ ዕለት 18/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቀሪብኹም ንኽት ከታተሉ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኧኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ ዓዲ ኣቤቶ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ዓዲ ኣቤቶ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሰስቲ 1.ቐሺ ወለማርያም ገ/ሄር ፣ 2.ወ/ሮ ሂወት መኮነን ፣ 3.ኣይተ ሓጎስ ገ/ሂወት ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ሊዝ መሬት ውራ ገበን ጉዳይ ኮይኑ 3ይ ተኸሳሲ ኣይተ ሓጎስ ገ/ሂወት ኣድራሻ ወረዳ ዓድዋ ጣብያ ደ/ገነት ቁሸት ራህያ ነባሪ ዝኾንኩም ኣብ ቤት ፍርዲ ንዘለኩም ክሲ ኣብ ኣድራሻኹም ተኣሊሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 09/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀትሪ ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓድዋ ቀሪብኩም ጉዳይኹም ንኽትከታተሉ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓድዋ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓድዋ**

መመልከቲ ሌ/ኮ ዜናዊ ኪሮስ ገ/ሚካኤል 20ኛ በርጌድ 4ተ በጠለኒ 2ተ ፣ ተፀዋዒት ባዓልቲ ገዛይ ወ/ሮ ገነት ወ/ፃዲቅ ሃፍተማርያም ካብ 07/02/1997 ዓ/ም ጀሚራ ስለ ዝጠፍኣትኒ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ስለ ዝበለ ዝቃወም ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 01/03/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀትሪ ናብ ወረዳ እገላ ቤት ፍርዲ ንከቐርብ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ እገላ ቤት ፍርዲ**

መመልከቲት ወ/ሮ ስላስ እልፉ ጣብያ ሃ/ማርያም ቁሸት እ/ገርግስ ፣ ተፀዋዒ ኣካል ኣይተ ሰለሙን ዕቁባይ ግርማይ ወረዳ ኣሕስኣ ጣብያ ሃ/ማርያም ቁሸት ዓዲ 2ተ ነባሪ ዝኾነ ካብ ዓዲ ካብ ዝወፅእ 4ተ ዓመትን 8ተ ወርሕን ስለ ዝገበረ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ክብላ ስለ ዘመልከታ ነዚ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ዝቃወም ኣካል እንተሃልዩ ንዕለት 09/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ ኣሕስኣ ቤት ፍርዲ ንከቐርብ ክብል ወ/ኣሕስኣ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ኣሕስኣ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲት 1.ወ/ሮ አወጣሽ ገ/እግዚኣብሄር

ተኸሰስቲ 1. ወ/ሮ ፀሃይ ጌታቸው ዩናይትድ እስቴት ኣሚሪካ ፣ 2.ወ/ሮ ራሄል ጌታቸው ዩናይትድ እስቴት ኣሚሪካ ፣ 3.ኣይተ በለጠ ጌታቸው ዩናይትድ እስቴት ኣሚሪካ ፣ 4.ወ/ሮ ኣይዳ ጌታቸው ዩናይትድ እስቴት ኣሚሪካ ኣብ መንጎኹም ዘሎ ገዛን ቦታን ክሲ ክትዕ ዋኒን ብኣድራሻኹም ስለ ዘይተረኸብኩም ንዕለት 18/2/2013 ሰዓት 8፡00 ናብ ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምኧኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

# ዞባ ሰ/ምዕራብ

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ኣማኒኤል ጌት ነት ኣ/ሻ ወ/ፀለምቲ ጣብያ ሓየሎም ቁሸት እንዳ መድሃንኣለም ኣብ መንጎኹም ንዘለኩም ብገ/ሕ/ዓ 32/1/ሀ/ምስ 669/3/ለ/ክርክር ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 8/2/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀትሪ ናብ ወረዳ ኣስገደ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳዩ ንስኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝፍረድ ምኧኑ ነፍልጥ ክብል ናይ ኣስገደ ወረዳ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወ/ኣስ/ፅምብላ ምድብ መጋባእያ**

መመልከቲት ወ/ሮ መብርሂት ተኩሉ ገ/ማርያም ጠበቃ ኣብራሃ ኣለባቸው፣ ተፀዋዒ ኣይተ ሙሉእ ፀጋይ ኣብራሃ ስለ ዝጠፍኡ ናይ ምጥ ፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ክብላ ስለ ዘመልከታ ተፀዋዒ እንተሃሊኹም ንዕለት 04/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጎሆ ናብ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፀለምቲ ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ ፀለምቲ ምድብ መጋባእያ**

# ዞባ ምዕራብ

ኸሳሲ ዞባ ምዕራብ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1.ኣይተ መኳንንት ታደሰ አዛናው ኣድራሻ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ዓዲ ሰላም ቁሸት ዓዲ ኣገው ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ቅትለት ሰብ ገበን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ንዕለት 09/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 9፡00 ናብ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ ቀሪብኹም ጉዳይኹም ንኽትከታተሉ እንተ ዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኧኑ ቤት ፍርዲ ዳግም ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ገበን ምድብ መጋባእያ ዳንሻ**



# ረ ዊ ና



# ምሸጥር ዕውት ናብራ ከተማ...

**ብተስፋልደት ገ/ማርያም**

ሃገርና ብሃፍቲ እንስሳ ዘቤት ብደረጃ ዓለም ዓስረይቲ ካብ ኣህጉር ኣፍሪካ ድማ ካልኣይቲ ትስራዕ። እዚ ብቑፅሪ እንትግለፅ ድማ ልዕሊ 57 ሚልዮን ከፍቲ ትውንን። ክልልና ትግራይ እውን ልዕሊ ኣርባዕተ ነጥቢ ሽዱሽተ ሚልዮን ከፍቲ ከም ዘለዋኣ መረዳእታ ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገፀርን ክልል ትግራይ የቑምጥ። በዚ ድማ ክልል ትግራይ ካብቲ ጠቕላላ ሃገራዊ ቁፅሪ እንስሳ ዘቤት 12 ምኢታዊ ኣበርክቶ ኣለዋ። በዝሒ ቁፅሪ እተን ከፍቲ ዓብዪ ፀጋ እኳ እንተኾነ ብውፅኢት እንትዕቀን ግን ነቲ ዘለና ቁፅሪ ዝምጥን ኣይኮነን።

ኣብ ከተማታት ንዘሎ ሰፊሕ ስእነት ስራሕ ንምንካይ ከም ዝዓበየ መማረፂ ተወሲዱ ዝሰርሐሉ ዘሎ ዘፈር ልምዓት ደኣንት እዩ። እዚ ብውፅኢቱ እንትዕቀን ድማ ንነበርቲ ከተማ በቢከባቢኦም ብውልቀን ብውዳበን እናሰርሑ ዓርሶም ካብ ምኽኣል ብዝዘለለ ሃፍተ ገነት ዘዋህልለሉ ዘፈር እናኾነ ይመፅእ ኣሎ። ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ቁጠባዊ ዓቕመን ንምጉልባት ኣብ ሕርሻ ከተማ ኣብ ምርባሕ ፀባ ከፍቲን ደርሁትን ተዋፊረን ብምስራሕ ውሕስንት ምግብን ካብ ምርግጋፅ ብዝዘለለ ሃፍትን ጥሪትን ዘውንናሉ ኩነታት ይፍጠር ኣሎ።

ካብተን ኣብ ዘፈር ልምዓት ደኣንት ተዋፊረን ውሕስነት ምግብን ካብ ምርግጋፅ ሓሊፈን ሃፍተገነት ዝወነና ዋዕሮታት ደቂ ኣንስትዮ ሓንቲ ነባሪት ዞባ ደቡብ ትግራይ ከተማ ኣላማጣ ወ/ሮ ዘብና ፋንታይ ጣሰው እያ። እታ መራሒት ስድራ ቅድሚ 2007 ዓ/ም ታሽዓይ ክፍሊ ኣቋሪፃ ምስ ስድረኣ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝኾነ መነባብሮ ተዋፊራ፡፡

ይኹን እምበር ካብ ብርኺ ድኽነት ትወፅሉ መንገድታት ካብ ምንዳይ ዓዲ ዓይወዓለትን። ነዚ ድማ ሓደ መዓልቲ ኣብ ልምዓት ደኣንት ተሓቂፎም፣ ኣብ ምርባሕ ፀባ ከፍቲ ተዋፊሮም ዝሰርሑ መናእሰይ ዘረጋገፅዎ ዘለው ለውጢ ብቴሌቪዥን ትግራይ ብምኽትታል ንሳ እውን ንኽ ትሰርሖ ወሲና ናብ ተግባር ኣትያ።

ነዚ ድማ ብውሕድ ካፒታል ናብ ስራሕ ትኣትወሉ፣ ልቃሕ ገንዘብን ስልጠናን ትረኽበሉ ዘፈር ልምዓት ደኣንት ከምዝኾነ ተረዲኣን ሕቶ ኣቕሪባን። እቲ ኤጀንሲ እውን ኣብ ከተማ ሕርሻ ኮይኑ ኣብ ምርባሕ ፀባ ከፍቲ ንምስራሕ ብዘቕረበቶ ሕቶ መሰረት ፈለማ ኣብ ኣተሓሕዛን ክንክንን ፀባ ከፍቲ ሓፂር ስልጠና ብምሃብ ካብ ማረት 10,000 ሽሕን ናይ ባዕላ 5000 ብር ልቓሕ ኣውፂኣ፣ ሓንቲ ናይ ወፃኢ ዓሌት ፀባ ላሕሚ ዓዲጋ ናብ ስራሕ ኣትያ።

ካብኡ ብምቕፃል ቤት ፅሕፈት ልምዓት ደኣንት እታ ከተማ ብወገኑ ንምርባሕ ፀባ ከፍቲ ዝኸውን መስርሕን መሸጥን ቦታ 20 ብ 80 ሂብዋ። ግቡእ ክንክን እናገበረት ከባቢኣ እውን ብዝግባእ እናፅረየት ኣብ ዓመታ ኣንስተይቲ ወሊዳትላ።

ብድሕሪ እቲ ልቓሓ ብኣግባቡ እናመለሰት ተወሳኺት ፀባ ላሕሚ ዓዲጋ፣ ኣብዚ ሐዚ 12 ኣላሕም ምስ ምራኹተን ወኒና ትርከብ። ካብዚኤን ኣብ ሓደ መዓልቲ ክሳብ 90 ሊትሮ ፀባ ይረኽባ።እዚ መጠን ምህርቲ ናብ ኣብያተ ቁርስን ብልዕን እናሸጣ ልዕሊ 50 ሽሕ ብር ኣታዊ ትረክብ ከምዘላ ትገልፅ።



ምርባሕ ከፍቲ ምርባሕ ሃፍቲ

ካብ ዝረኸበቶ እቶት እቲ ኣስታት 15 ሽሕ ብር ንቀለብ ከፍቲ፣ ንሰራሕተኛታት ጣጣ ንገዝኣን እናውዓለት ኣብ ትካል ፍትሓዊ ልቃሕን ዕቋርን እውን በብወርሑ ክልተ ሽሕ ብር ትዓቁር። ናይዚ ውፅኢት እውን ኣብ ከተማ ኣላማጣ ክልተ ገዛ ሰሪሓ ኣላ።በዚ ውፅኢት ድማ ንዓርሳ ካብ ም኿ን ብተወሳኺ ንሓደ ሰብ 1500 ብር ነቲ ካልኣይ ድማ 2000 ብወርሒ ንዝኽፈሎም ክልተ መናእሰይ እውን ዕድል ስራሕ ፈጢራ ኣላ።

ኣብዚ ሐዚ 12 ዝሕለባ ኣላሕም ምስ ምራኸን ውህሉል ሃፍታ ዝወነነት ወ/ሮ ዘብና ልዕሊ 200 ሽሕ ብር ከምዝበፅሐን ዓርሳን ደቃን ኣብ ዝሓሸ መነባብሮ ከምዘለዋ ካብ ህልው ኩነታታ ምርዳእ ይከኣል። ብመሰረት እዚ ምርባሕ ፀባ ከፍቲ ግቡእ ክትትልን ትኹረትን ሂብካ እንተሰሪሕኻሉ፣ ዝሓሸ ምህርቲ ፀባ ክህቡ ዝኽእሉ ቐለብ እንስሳ ብምቕራብ፣ ፅሬት ደንበአን ብኣግባቡ እንተተሓልዩ ብኡ ልክዕ ኣታዊኻ እውን ከምዝዓቢ ወ/ሮ ዘብና ትምስክር።

እዛ ሞዴል ከተማ ሕርሻ ንዓርሳ ካብ ም኿ን ሓሊፉ ንኻልኦት ወገናት እውን ማእኸል ተሞኩሮ ምፍጣር ዕድል ስራሕ ኮይና ኣብ ምርባሕ ፀባን ከምዝኾነት ትገልፅ። ካብዚ ብተወሳኺ ንካልኦት ወገናት ፍልጠት ከሕዙ እንበር ኣብ መንግስቲ ክቑፀሩ ከምዘይብሎም ብምእማን ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውደ ስራሕ ክዋፈሩ ከምዘለዎም ትምዕድ።

ቐፃሊ ትልሚ ወ/ሮ ዘብና ፋንታይ ቑፅሪ ፀባ ካብቲ ሐዚ ካብ ዘለወኣ ናብ 30 ብምዕባይ ናብ ሕሩጭ ፀባ ዝቕይር ማሽን ንምትእትታው መደብ ሒዛ ትንቀሳቐስ ከምዘላ ትገልፅ። ከምኡ እውን ኣብ ምህጣር ከፍቲ ካብ 50 ክሳብ 70 ንምብፃሕ ዝለዓለ ባህጊ ከምዘለዋ ትገልፅ።

> “ኣብዚ ሐዚ 12 ዝሕለባ ኣላሕም ምስ ምራኸን ውህሉል ሃፍታ ዝወነነት ወ/ሮ ዘብና ልዕሊ 200 ሽሕ ብር ከምዝበፅሐን ዓርሳን ደቃን ኣብ ዝሓሸ መነባብሮ ከምዘለዋ ካብ ህልው ኩነታታ ምርዳእ ይከኣል። ብመሰረት እዚ ምርባሕ ፀባ ከፍቲ ግቡእ ክትትልን ትኹረትን ሂብካ እንተሰሪሕኻሉ፣ ዝሓሸ ምህርቲ ፀባ ክህቡ ዝኽእሉ ቐለብ እንስሳ ብምቕራብ፣ ፅሬት ደንበአን ብኣግባቡ እንተተሓልዩ ብኡ ልክዕ ኣታዊኻ እውን ከምዝዓቢ ወ/ሮ ዘብና ትዘረብ።”

ብድምር ኣብ ከተማ ኣላማጣ ኣብ ምርባሕ ፀባ ከፍትን ምህጣርን ተዋፊሮም ዝንቀሳቐሱ ወገናት ቑፅሮም እናሰሰነ ይመፅእ ኣሎ። ቑፅሪ ጥራሕ ምስ ሳን ዘይኮነስ ከም ሞዴል ሰብ ሃፍቲ ወ/ሮ ዘብና ዝኣ መሰሉ ንለውጢ ቆሪፆም ዝተልዓሉ ወገናት ድኽነት ብሃፍተ ገነት ይስዕርኦ ኣለዋ።

ካልኦት መናእሰይ እውን ኣሰር እዛ ሞዴል ጓል ኣንስተይቲ ብምኽታል፣ ካብ ወልፊ ነፃ ኮይኖም ስራሕ ከይነዓቑ ከየማረፁን ክሰርሑ ይግባእ። ይኹን እንበር ንመራብሒ ከፍቲ ዝኸውን መሬት፣ ቐረብ ግልጋሎት ማይ፣ መብራህቲ፣ መንገድን ብዘይምህላው ነቲ ተጀሚሩ ዘሎ ብሃፍቲ እንስሳ ኣቢልካ መነባብሮ ነበርቲ ከተማ ናይ ምምሕያሽ ስራሕቲ ንድሕሪት ንኸይምለስ ግን ሐዚ እውን እኹል ትኹረት ክወሃበሉ ይግባእ።

ግልጋሎት ሓደ ማእኸል ከተማ ኣላማጣ ኣብ ዘፈር ልምዓት ደኣንት ንዝተዋፈሩ ወገናት ተግባር ተኮር ስልጠና ኣብ ምሃብ፣ ዕዳጋ ኣብ ምትእስሳር መስርሕን መሸጥን ቦታ ኣብ ምምችቻው ዝሓሸ ምንቅስቓስ ይገብር ኣሎ። ይኹን እንበር እቶም ልዕል ክብል ዝገለፅናዮም ከምዘለዉ ኾይኖም ጠለብ ቴክኖሎጂ ክተኣታተዉ ኣብ ምግባር፣ ብልቓሕ ዝተኸፋፈለ ገነዘብ ብእዋኑ ክምለስ ኣብ ምግባር፣ ግን ሐዚ እውን ዝተርፎ ነገር ኣሎ። ስለዝኾነ እዚ ፀገም እዚ ንምፍታሕ ድማ ምስ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ደኣንት እታ ከተማን ምስ ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ዝተዋደደ ስራሕ ብምስራሕ ማሕለኻ ዕብየት ደኣንት ንምፍታሕ ፃዕሪ ክገብር ይግባእ።

# ኲናትን ኪነትን ገድሊ

ብተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

ኣብ 1960ታትን 70ታትን ዝነበረ ወለዶ ከምቲ ናይ ሎሚ ጥራዝን ብርዕን ሒዙ ናብ ቤት ትም ህርቲ ዝኸትት እይነበረን። በትሪ፣ ፋስን ጎዞሞን ሒዙ ናብ መጓሰ ዝወፍር እዩ ዝነበረ። እቶም ስሕት ኣሎም ኣሰር ምምሃር ዝረኸቡ እውን ኣብ ቀረባ ምስ ወለዶም ኮይኖም ዝመሃርሉ ዕድል ኣይነበሮምን። ስንቂ ቋፂሮም ናብ ዓበይቲ ከተማታት እናኸዱ ይመሃሩ። ምስ ስድርኦም ዝራኸብሉ ዕድል እውን ብጣዕሚ ዝፀበበ ነይሩ። ከምቲ ሎሚ ኣብ ዝደለኻዮ ቦታ ኾይንካ ምስ ዝደለኻዮ ሰብ ብተንቀሳቓሲ ቴለፎን ምርኻብ ኣይነበረን። ቀልጢፉ እንተተባሂሉ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ወይ ኣብ መንፍቕ ብደብዳቤ ምርኻብ እዩ። እኹል መጓዓዝያ ብዘይምንባሩ በቢግዚኡ ዝመላለስ ሰብ ስለዘይርከብ ነዊሕ ግዜ ይወስድ ከምዝነበረ ይዝረብ።

ኣብ ከምኡ ኩነታት ኮይኖም እዮም እምበኣር ስለህዝቦምን ዓዶምን ድቃስ ስኢኖም ዝሓስቡን ዝቃለሱን ዝነበሩ። ምስቲ ዝነበረ ወፅዓን ፍትሒ ምስኣንን ተታሓሒዙ ድቃስ ዝስእኑ ዝነበሩ መናእሰይ፤ ገሊኦም ትምህርቶም ኣቋሪፆም ገሊኦም መጓሰን ሕርሻኦምን ገዲፎም ንበረኻ ወፂኦም ምግ ዳል መሪፆም።

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝበፅሕ ዝነበረ በደልን ግፍዕን ድቃስ ዝኸልኦም ተጋደልቲ ትግራይ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ኣካይዶም ከም ዝዕወቱ ብምልኣት ልቢ ይኣምኑ ነይሮም። ነቲ ቃልሲ እንትጅምርዎ፣ ኣብ በረኻ ኮይኖም ብረቶም እናፀረጉ መፃኢት ትግራይ ከመይ ክትኸውን ከምዘለዋ ይዝትዩ ከምዝነበሩ ዘዘራረብናዮም ነባራት ተጋደልቲ ህወሓት ተጋዳላይ/ ኮማንደር/ ገረንስአ ተኹሉን ተጋዳላይ ሃይለኪሮስ ገብረሃወርያን ይዛረቡ። እዞም ነባራት ተቓለስቲ ንድሕሪት ምልስ ኢሎም ነቲ ዝነበረ ወፅዓን በደልን ህዝቢ ትግራይ፣ ዘሕለፎ መከራን ስቓይን እንትገልፁ እማን ሓሊፉ ድዩ? ኢልካ ንምእማኑ የፀግም። ኣብቲ ህዝብን ተጋዳላይን ዝነበረ ሓቦ፣ ወነ፣ ትብዓትን ውፍይነትን ግና ነቲ ዝነበረ ምእማኑ ዘፀግም መስካሕክሒ ግፍዕታት ፀበባታትን ከመይ በዲሁዎ ከምዝወፀ ይገልፁ።

ኮማንደር ገረንስአ ተኹሉ ብናይ ገድሊ ሽሙ “ንእሽተይ ሰብኣይ” ይበሃል። ናብ ቃልሲ ዝተፀ ምበረሉ፣ ብ1971 ዓ/ም እንትኾን ሓምለ 1969 ዓ/ም ፀላኢ ዝለኣኸን ሄልኮፕተራት ኣብ ዓብዪ ዓዲ ንዕደጋ ዝተኣከበ ህዝቢ ደብዳብ ኣብዘካየዳሉ እዋን፣ ዓብዪ ሓዉ ግዳይ እተን ሄልኮፕተራት ምስ ኮነ እዩ። ሓዉ ወላዲኦም ብቆልዕቶም ስለዝሞተ ከምኣቦን ሓውን ኮይኑ የባፅሖም ከምዝነበረ ይዛረብ። ወላዲቶም ብሞት ውላዳ ጉሓትን ምሽትን ኣምሪራ ትበክን ትሓ ዝንን ከምዝነበረት እውን ይዛረብ። እንታይ ክገብር ኣለኒ? ኢሉ ለይትን ቀትርን ክሓስብ ጀመረ። ብፍላይ ንበይና ኮይና ኣብ እግሪ መጥሓን ኮይና እንትትቁዝም ዝያዳ ይሓርቖ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ስምዒት እንተሎ፣ ኣብርሃ ወያናይ ዝበሃል ዕጡቕ ኣብ ከባቢኦም ስለዝነበረ፣ ኣንፃር ፀላኢ ዝቃለሱ መናእሰይ ተጋደልቲ ከም ዘለዉ ይነግሮም ነይሩ ። ቆልዑ ኮይኖም ተኣ ኪቦም እንትፃወቱ እውን ከም ብዋዛ ኣምሲሉ ታዕ ሊም የምህሮም ከምዝነበረ እውን ይገልፅ። ተጋዳላይ ገረንስአ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ሓሳብ ንመሓዙቱ ኣማ ኸሮም። መሓዝቱ እውን ብሓሳቡ ተስማዕምዑ።



ተጋዳላይ ሃ/ኪሮስ ገ/ሃዋርያ

ብ1971 ዓ/ም ሓሙሽተ መሓዙት ናብቶም ተጋደልቲ ኣምርሑ።

ፀጋብርሃን ይመርሓ ናብ ዝነበረ ቦጠሎኒ 60ን ተስፋይ ሽላ ዝመርሓ ሓይልን ተመደበ። ኣጋጣሚ ኮይኑ እዋኑ ኲናት ፆመ ኣርብዓ ዝጀመረሉ ስለዝነበረ ብዘይ ታዕሊም ናብ ውግእ ከምዝኣተወ ድማ የዘንቱ።

ብ1973 ዓ/ም ኣብ ውግእ 6ይ ወራር ደርግ ኣብ ከባቢ ዓብዪ ዓዲ ጎምባስ ሞሞና ኣብ ዝበሃል ቦታ ተወጊኡ። ኣብቲ ውግእ ተጋዳላይ ህወሓት ቅድመ መፅናዕቲ ዘይገበረሉ ኣጋጣሚ ብምንባሩ ፀላኢ ሓያል መጥቃዕቲ ዝፈፀመሉ ኣጋጣሚ ነይሩ። ነፈርቲ ፀላኢ ናብ ጣሻታት እንተይተረፈ እናኣተዋ መጥቃዕቲ ኣብ ፅሓ። እንበዓል ዶክተር ኣታኽልቲ ቀፀላ ዝተ ሰውእሉ ውግእ ነበረ። ተጋዳላይ ገረንስአ ምስ ክልተ ብፆቱ ተወቒዑ ወዲቑ ። እቶም ክልተ ብፆቱ ተሰዊኦም ። ንሱ ድማ ሓያል መጉዳእቲ በፂሕዎ ተደፊኡ ወዲቑ ኣሎ። ፀላኢ ደፊኡ ስለዝነበረ ናብቲ ተጋዳላይ ገረንሰአን ብፆቱን ወዲቖምሉ ዘለዉ ወታደራት ደርግ መፅኡ።



ኮማንደር ገረንስአ ተኹሉ

ነቶም ክልተ ብፆቱ ብጥይት ደጊሞም ወቒዕዎም። ንተጋዳላይ ገረንስአ ክደግሞ እንትብል፣ “ኣምላኽ ውፂ ዝበላ ነብሲ ኣይትመውትን” ከምዝበሃል ሓደ ካብቶም ወታደራት ደርጊ “ተው ባክህ የሞተ መግደል ትርጉም የለውም” እንትብሎ ነታ ብረቱ ሓፍ ኣቢሉ በቲ ከስክስ ጫምኡ ሕቑኡ ረጊፅዎ ከምዝኸደ ይዛረብ። ተጋዳላይ ገረንስአ ካብ 1975 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ኪነት ዝነጥፍ ዝነበረ እንትኸውን ካብቶም መስረትቲ ሰላም ባንድ ሓደ እዩ።

ተጋዳላይ ሃይለኪሮስ ገብረሃወርያ እውን ናብ ገድሊ ዝኸደሉ ግዜን ኩነታትን ብኸምዚ የዘንቱ። “ወዲ ሓረስታይ ብምንባረይ ከፍትን ኣጣልን ሒዘ ንበረኻታት ይወፍር ነይረ። ከባቢና እውን መዋፈርታት ተጋደልቲ ተሓሕት እዩ ነይሩ። ተጋደልቲ ንህዝቢ የላዓዕሉ ነይሮም። ኣነ እውን ካብ 1972 ዓ/ም ኣብ ናይ ወረዳ ምልዕዓል ስራሕቲ ምንጣፍ ጀሚረ። ኩነታት ፀላእን ወፅዓ ህዝብን ይርዳኣኒ ብምንባሩ ክቃለስ ኣለኒ ዝብል ወነ ኣሕደርኩ። ኣብ ክሊ እዚ እንተለኹ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብዙሕ በደላትን ግፍዕታትን ይፍኖ ነበረ። ኣነ እውን ከምዚ ኢልካ ኣይንበርን፣ ክቃለስ ኣለኒ ኢለ ናብ ቃልሲ ኣምራሕኹ “ይብል።

ናብ ቃልሲ ዝኣተወሉ ማዝያ 1973 ዓ/ም ኮይኑ ኣብ ኣፅረጋ ተዓሊሙ። ንመጀመርታ እዋን ኲናት ማይፀብሪ ተኻፊሉ። ድሕሪ ዝተወሰነ ኣዋርሕ ዘመቻ ቀይሕ ኮኾብ ስለዝተኣወጀ፣ ኣብ ወርሒ ሕዳር ናብ ኤርትራ ግምባር ሳሕልን ናቕፋን ምስ ብፆቱ ከምዝኸደ እዩ ዝዛረብ። ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ፃንሒቱ ከቢድ ነይሩ ይብል። ሓያል ምቆትን ቁርን፡ ሓያል ፃምእን ጥምየትን፣ ክፉእ ዕርቃን፣ ሓያል ውግእን ድኻምን ከምዝነበረ እውን የዘንቱ። ማይ ንምርካብ የፀግም ብምንባሩ ኣህባይ ዝሸናሉን ዝፃወታሉን እንትትሪኦ ዕረ ዝመስል ሓፊስ ማይ እናሰተዩ ከምዝሓለፍዎ እውን ይዛረብ። ህይወት ክትተርፍ እያ ኢልካ ተስፋ ዘይትገብረሉ ኩነታት ከምዝነበረ ይዛረብ።

ድሕሪ ሓደ ዓመት ፃንሒት ኣብ ኤርትራ ናብ ትግራይ ምስተመለሰ ናብ ኲናት ህንደሳ ተመልሚሉ ተመደበ። ዝተመደቦ ቦታ እውን ዞባ ደቡብ ትግራይ ከም ዝነበረ ይገልፅ። ኣብ ዞባ ደቡብ ትግራይ ይካየዱ ዝነበሩ ግብረ ራዕድታት እናፈሸለ ብምፅናሕ ብ1975 ዓ/ም ናብ መእኸል ትግራይ ተላዒሉ ተባሂሎም ኣብ ዝመፀሉ ግዜ ኣብ ከባቢ ዓብዪ ዓዲ ፍሉይ ቦታ “ወለገሳ” ኣብ ዝበሃል ደርጊ ብግዜ ዝትኮስ ፈንጂ ኣፃዊዱ ከምዘሎ ተሰምዐ። ንዕኡ ንምቁፅፃር ናብቲ ቦታ ከዱ። እታ ሓንቲ ተተኩሳ ፀንሒቶም። ነቲ ካልእ እናኣለሹ እንተለዉ ኣጋጣሚ እቲ ካልእ ሰዓቱ ኣኺሉ ተተኩሱ። ተጋዳላይ ሃይለኪሮስ እውን ሽዑ መጉዳእቲ ኣካል ከም ዘጋጠሞ ይዛረብ። ድሕሪ መጉዳእቲ ኣካልካብ 1977 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ስራሕቲ ኪነት ብምንጣፍ ኣብ ሰላም ባንድ መራሒ ኮይኑ ሰሪሑ።

እዞም ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ትርጉም ቃልሲ ብምርዳእ ዕድመ ንእስነቶም እንተይፀገቡ፣ እንጀራ ኣዲኦም በሊዖም እንተይመነዉ ብዕሽሎም ምእንተ ህዝቦምን ዓዶምን ክብሉ ንውልቀ መላኺ ፋሽሽታዊ ስርዓት ካብ ስሩ ንምብቋስ ቃልሲ መሪፆም ተቓ ለሱ። ዓወት ኣብርእሲ ዓወት እናተጎናፀፉ ፀላኢ ሓመድ ድብ ክሳብ ዝኣቱ ተቓለሱ።

ሽሕ እኳ ኣካላዊ መጉዳእቲ ይብፃሓዮም እምበር፣ “ሕዚ እውን መልክዕ ምግዳል ኢና ቀይርና እምበር ኣብ ምግዳል ኢና ዘለና” ይብሉ። ብረት ሒዞም ምስ ፀላኢ ተዋጊኦም ዓወት ዓቲሮም። ሎሚ ድማ ሕጊ ዝኽበረሉ፣ ሰላም ዝነግሰሉ፣ ዲሞ ክራሲ ዝስፋሕፍሓሉ፣ ህዝቢ ዝመሃረሉ፣ ካብ ገበን ዝመሓረሉ፣ ናብ ስራሕ፣ ናብ ልምዓት ብሰላም ወፂኡ ብሰላም ዝኣትወሉ ኣብ ስራሕቲ ፖሊስ ተዋ ፊሮም ህዝቦም እናገልገሉ ይርከቡ።

ብዛዕባ ታሪኻዊ 6ይ ዙር መረፃ ትግራይ ዝተሰምዖም ኩርዓትን ሓበንን እንትገልፁ ድማ፣ “ህዝቢ ትግራይ ቃሉ ዘይዓፅፍ ጅግና ህዝቢ እዩ። ሕድሪ ስዉኣት ደቁ ከየዕበረ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ትግራይ ጠጠው ኢሉ ኩለመዳይ ቃልሲ ብምክያድ ዕውት መረፃ ኣካይዱ። ትግራይ ብዝኾነ ሓይሊ ኣይትድፈርን። ናብ ዝለዓለ ብራኸ ኸትበፅሕ እያ። ንሕና እውን እታ ተረፍ ህይወትና ኣብ ኲናትን ኪነትን ቃልሲ ኣለና። ልዕሊ ዝኾነ እዋን ፍረ ቃልስና ዝረኣናሉን ዝኾራዕናሉን ግዜ ሎሚ እዩ።” ክብሉ ይገልፁ።




ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሰስቲ 1.ኣይተ ናሆም ወ/ብርሃን ኣርኣያ ፣ 2.ኣይተ ኣማኑኤል ወልዳይ ታደለ ፣ 3.ኣይተ ናትናኤል ተስፋይ ኣበራ ፣ 4.ኣይተ ኣማኑኤል ኣብርሃ ጎበዛይ ተኸሰስቲ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ክትራን ገበን ጉዳይ ኮይኑ ተኸሰስቲ መዝገብኩም ኣብ ከይዲ ስለ ዝርከብ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 10/2/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንክትቐርቡ ኣብ ግዜ ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ከምዝወሃበሉ ነፍልጥ ክብል ሰሜን ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰሜን**
**ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ንጉስ ጠዓመ ኣሰፍ ኣድራሻ መቐለ ክ/ከ/ ሰሜን ጣ/መለስ ቀጠና ፈለግ ዳዕሮ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ጉዳይ ኮይኑ ተኸሳሲ መዝገብኩም ኣብ ከይዲ ስለ ዝርከብ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 10/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ ኣብ ግዜ ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ከምዝወሃበሉ ነፍልጥ ክብል ሰሜን ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰሜን**
**ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1. ኤልያስ ኣረጋዊ ገ/ሄር መንጎ ብዘሎ ናይ ሐሰተኛ ገንዘብ ምቅራብ ገበን ክትዕ ጉዳይ ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለዝተሰኣንኩም ንዕለት 12/2/2013 ዓ/ም ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ብዘየለኽምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1. ሃይለ ብርሃነ ሽፋረ መንጎ ብዘሎ ናይ ዘይሕጋዊ ሽጉጥ መሓዝ ገበን ክትዕ ጉዳይ ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለዝተሰኣንኩም ንዕለት 17/2/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተ ዘይቀሪብኹም ብዘየለኽምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1. ሻም ሄኖክ ፍቃዱ ፣ 2.ኣይተ ዓወት ገ/ሚካኤል ገ/ዮሃንስ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ክትራን ገበን ክትዕ ጉዳይ ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለዝተሰኣንኩም ንዕለት 9/2/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ብዘየለኽምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

## ን2ይ ጊዜ ዝወፀ ጨረታ

ማሕበር ኣክስዮን ማይክሮ ፋይናንስ ኣደዳይ ጨንፈር ሓውዜን ንወ/ሮ ለምለም ገ/ማርያምን መ/ር ሃፍቶም መለሰን ንዝሃቦ ልቓሕ መምለሲ ብኣዋጅ ቑፅሪ 97/98 ብትሕጃ ዝሓዞ ካብዚ ንታሕቲ ኣብ ሰደቓ ዝተመልከተ ንብረት ብጨረታ ኣጫሪቱ ክሸይጥ ይደሊ ፡፡

| ሽም ተለቓሕቲ | ዝሸየጥ ንብረት ዓይነት ፣ ዝርከበሉ ቦታን ስፍሓትን | ጨረታ ዝካየደሉ ቦታ | መበገሲ ዋጋ ጨረታ | ጨረታ ዝካየደሉ ዕለትን ሰዓትን |
|---|---|---|---|---|
| 1. ወ/ሮ ለምለም ገ/ማርያም<br>2. መ/ር ሃፍቶም መለስ | ኣብ ከተማ ሓውዜን ቀበሌ 01<br>ዝርከብ ገዛን ቦታን ንመንበሪ ግልጋሎት ዝውዕል<br>ስፍሓት 154 ሜ/ካሬ መዋሰኒኡ ፡-<br>ብምብራቅ - ፅርግያ ፣ ብምዕራብ - መ/ር ራጉኤል ግርማይ ፣ ብሰሜን ሃረያ ኪዳኑ ፣ ብደቡብ - ገ/ሂወት ተኹሉ ዝኾነ | ኣብቲ ቦታን ገዛን<br>ዝርከበሉ ከተማ<br>ሓውዜን ቀበሌ 01 | 221,530.80<br>/ክልተ ሚኢትን ዒስራን ሓደን ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ሰላሳን ብርን 80/100 / | ዕለት 02/03/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት<br>3፡00 – 5፡30 |

### ረቛሒታት ጨረታ

1. ጨረታ ተጫረቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኸብሉ ብግልፂ ዝካየድ ኾይኑ ውፅኢት ጨረታ ድማ በዚ ዕለት ጨረታ ምስ ተዓፀወ ወዲያው ዝግለፅ ይኸውን ፡፡
2. ጨረታ ሰዓራይ ድማ ጨረታ መክበሪ ወድያው ናይ ዝሰዓሮ ዋጋ 25% ብጥረ ገንዘብ ናብ ኣደዳይ ማይክሮ ፋይናንስ ጨንፈር ሓውዜን ኣታዊ ክገብር ዝኽእልን ዝተረፈ ገንዘብ ድማ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ዝኸፍል ይኸውን ፡፡
3. ጨረታ ሰዓራይ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ጨረታ ዝሰዓረሉ ጠቕላላ ገንዘብ እንተዘይኸፊሉ ቐዲሙ ኣታዊ ዝገበሮ /ዘትሓዞ/ ጨረታ መክበሪ 25% ናብ ኣደዳይ ማይክሮ ፋይናንስ ኣታዊ ተገይሩ ጨረታ ይስረዝ
4 .ጨረታ ዝሰዓረ ሰብ እቲ ገዛን ቦታን ብናይ ሊዝ ደንቢ ናብ ሽሙ ይዘውር ፡፡

**ኣደዳይ ኣነስተኛ የፋይናንስ ተቋም ኣ/ማ**

ኸሳሲ ኣይተ ኣለም ሓጎሰ፣ ተኸሳሲት ኣስቴር ኣስገዶም ብዝተኸሰስትሉ ብናይ ስራሕ ውዕል ጉዳይ ተኸሳሲት ንዕለት 17/2/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ 1ይ ወያነ ቤት ፍርዲ ንክትቐርባ ተኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቀዳማይ**
**ወያነ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲት ወ/ሮ ሮማን ታደሰ ተላ ኣ/ሻ መቐለ ክ/ከ/ ሰሜን ጣብያ ኢንዱስትሪ፣ ተፀዋዒ ኣይተ ሚዛን መለስ ምትኩ መቐለ ክ/ከ/ ሰሜን ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ክትዕ ጉዳይ ተፀዋዒ ኣይተ ሚዛን መለስ ምትኩ ጠፊእኹም ኢኹም ትባሃሉ ስለ ዘለኹም እንተሃሊኹም ወይም ተቃዋሚ እንተሃልዩ ኣብ ቆፀሮ ዕለት 11/2/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ ክ/ከ/ ሰሜን ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰሜን**
**ምድብ መጋባእያ**

## ጨረታ

ኣፈ/ተኸሳሲት ወ/ሮ ዘውዱ ገ/ሂወት፣ ኣፈ/ከሰስቲ 1.ኣይተ ኣርኣያ ገ/ሂወት ፣ 2.ወ/ሮ ጥበብ ገ/ሂወት ፣ 3.ወ/ሮ ርሻን ገ/ሂወት ፣ 4.ወ/ሮ ኣሰፉ ገ/ሂወት ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ጉዳይ ንውርሲ ሃፍትን ክርክር ጉዳይን ብሽም ወ/ሮ ዘነቡ ኣማረ ገ/ማርያም ዝፍለጥ ኣብ ክ/ከ/ሰሜን ጣብያ መስፍን መዋሰኒኡ ብምብራቕ መንገዲ ፣ ብምዕራብ ገረብ ፣ ብሰሜን ታዩች ገ/ማርያም ፣ ብደቡብ ተገኝ ስፍሓት ቦታ 224.9 ሜ/ካ ዝኾነ 8ተ ክፍሊ ገዛ ዝሓዘ ብመበገሲ ዋጋ ብር 817,670.37 /ሸሞንተ ሚኢቲ ዓሰርተ ሸውዓተን ሽሕን ሽዱሽተ ሚኢትን ስልሳን ሸውዓተን ሳንቲም / ክሽወጥ ስለ ዝኾነ ጨረታ ዘሸነፈ ኣካል ቅድሚያ ናይቲ ዘሸነፎ 25% ቅድሚት ከትሕዝ ዝኽእል እቲ 75% ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ጠቕላላ ክኸፍል ዝኽእል ፣ ተጫረትቲ ድሕሪ ጨረታ ዘሎ ወፃእታት ጨረታ መሸነፊ ዝሸፍን ነዚ ዝጫረት ኣካል እንተሃልዩ ንዕለት 2/3/2013 ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ ሰዓት 6፡00 ኣብ ዘሎ ኣብቲ ገዛን ቦታን ተረኺብኩም ንክትጫረቱ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰሜን**
**ምድብ መጋባእያ**

ብኸሳሲ ኣይተ ሙዑዝ ዳኘው ነጋሽ

ብተኸሳሲ ኣይተ ኣማሃ ኪሮስ ኣባይ መንጎ ብዘሎ ናይ ውዕሊ ይፈፀመለይ ክሲ ክትዕ ተኸሳሲ ኣይተ ኣማሃ ኪሮስ ኣባይ ኣብ መ/ቑ 16205 ስለ ዝተኸሰስኩም ነዚ ክሲ ካብ ክፍለ ሬጅስትራር ቅድሚ ዕለት ቆፀሮኹም ምስ ወሰድኩም መልስኹም ብፅሑፍ ንዕለት 17/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንጉሆ ንክትቐርቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኩም መልሲ ናይ ምቅራብ መሰልኩም ዝሕለፍ ምኧኑ ክ/ከተማ 1ይ ወያነ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቀዳማይ**
**ወያነ ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ደቡብ

ኸሳሲ ወ/ራ/ዓዘቦ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ብሪሃኑ ፀጋይ በርሀ ኣብ መንጎኹም ዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ጉዳይ ተኸሳሲ ናብ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ብፖሊስ ኣብ ዝትነብርሉ ኣድራሻ ብተደጋጋሚ ተኣልሾም ተሳኢኖም የለን ዝብል መረዳእታ ስለ ዝቀረበ ኣብ ቤት ፍርዲ መኾኒ ንዕለት 9/02/2013 ሰዓት 3፡00 ቆፀሮ ስለ ዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ዕለት ሰዓትን ኣብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ምድብ መጋባእያ መኾኒ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኹም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምኧኑ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

## ዞባ ምብራቕ

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሃፍቶም በርሀ ተፈሪ ኣ/ሻ ከተማ ዓዲግራት ቀበሌ 05 ዞን 2 ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም በዚ ምልክታ ተፀዊዕኹም ንዕለት 23/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ብዘየለኹምሉ ክረአ ምኧኑ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓዲግራት ኣዚዙ ኣሎ ።

**ከተማ ዓዲግራት**
**ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ መርሃዊ ተክላይ ካሕሳይ ኣድራሻ ዓዲግራት ቀበሌ 05 ዞን 2 ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ጉድኣት ኣካል ገበን ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም በዚ ምልክታ ተፀዊዕኹም ንዕለት 23/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተ ዘይቀሪብኹም ግን ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኧኑ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓዲግራት ኣዚዙ ኣሎ።

**ከተማ ዓዲግራት ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዞባ ምብራቕ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ፡ 1.ኣይተ ኣረጋዊ ሃይሉ ደስታ ኣድራሻ ወረዳ ሳዕሲዕ ፃዕዳ እምባ ከተማ ዕ/ሓሙስ ዞዘነ 2 ፣ 2.ኣይተ ነጋሽ ኣብርሃ ከበደው ኣድራሻ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ጣብያ ቤተሃዋርያት ቁሸት ሳሱን መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ክትራን ገበን ክትዕ ንሽኻትኩም ተኸሰስቲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዓዲግራት ቆፀሮ ስለዘለኩም ንዕለት 06/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ቅረቡ ኣብ ዝተብሃለ ዕለት ቆፀሮ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**ዓድግራት ማእኸላይ**
**ቤት ፍርዲ**

**ናብ ገፅ 10 ይዘውር ...**

# ንወለዶ ዝሓልፍ

## ሕድሪ እቶም ንመሰል ዓርሰ ውሳነና ዝሓለፉ... ካብ ገፅ 4 ዝዘረ

**ዝኸበርኩም መናእሰይ ክልልና**

ኣቱም ተረከብቲ ወለዶ ዝኾንኩም መናእሰይ እቲ ከቢድ ናይ ህይወት መስዋእቲ ዝሓተተ መድረኽ ሓሊፉ ትምህርቲ ተስፋሕፊሑ ካብ ድኽነትን ድሕረትን መሊእና ክንወፅእ ዝጀመርናዮ ጉዕዞ እትምልእዎ ንስኻትኩም ኢኹም ክልልና ክትቅየር ትኽእል ብመሰረቱ ንስኻትኩም ብትፍፅሙዎ ተግባርን ውፅኢትን እዩ። እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ጉዕዞ ኣብ ቦትኡ ክተብፅሑዎ ብኣኹም ስለዝኾነ ናይ ባዕልኹም ታሪክ ክትሰርሑ ዝጀመርኩምዎ ስጉሚ ቀፂሉሉ። ኣብ ተሳታፍነትኩምን ተጠቃምነትኩምን ዝራኣዩ ፀገማት ደረጃ ብደረጃ ክንፈትሕ ምሳኹም እና ተመኻኺርና ክንሰርሕ ድሉዋት ኢና።

ሓድነትና ክሽፋፍሉና ዓገርገር ዝብሉ ናይ ውሽጥን ግዳምን ሓይልታት ትኽክለኛ ኣተሓሳስባ ሒዝኩም ሓድነትኩም ኣረጋጊፅኩም ብምቅላስኩም ናይዚ መድረኽ ሰብ ታሪኽ ሃር በኛታት ምዃንኩም ኣብ 2012 ዝተገብረ ቃልሲ ኣመስኪርኩም፥ ብፍላይ መ/ዓ/ውሳነ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምርግጋፅ ዝፀሓፍኩምዎን ትሰርሑዎ ዘለኹም ታሪኽን ናይዚ እዋን ወለዶ ዝኾንኩም ናትኩም ታሪኽ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ። ሕዚ'ውን ንኹሉ ድሉዋት ኩኑ፥ ንስኹም እውን ገና ብዙሕ ታሪኽ ክትሰርሑ ዝተሓረኹም ኢኹም።

**ዝኸበርኩም ምሁራት**

ኣብ ዘዘለኹሞ ብምዃን ህዝብኹምን ክልልኩምን ብዘለኩም ሙያ፣ ልምዲን ዓቕሚን ንምሕጋዝ ዓብይ ምርብራብ ኣካይድኩም ኢኹም። ናይ ክልልና ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ኩነታትን ደረጃን ክልወጥ በዚ'ውን ረብሓ ህዝብና ክዓቢ ንምግባር ክሳብ ሕዚ ዝገበርኩሞ ደገፍ ዓብይ ትርጉም ዝወሃቦ እዩ።

ብምዃኑ'ውን ሕዚ'ውን ብዘለኩም ምሁራዊ ዓቕሚ ሽቶታትና ንምዕዋት ክትረባረቡ ዘኽእል ዕድል ብቐፃሊ ክነመቻቹ ብሓባር ክንሰርሕ ተዳሊና ምዃንና ክንገልፀልኩም ንፈቱ።

**ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን**

ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ ንፖለቲካዊ ባይታ ትግራይ ኣብ ምስፋሕን ዝረኸብኩሞ ልምዲ ዓቕምና ስለዝኾነ ዝበለፀ ዓቕሚ ንክተጥርዩ ተጠቐሙሉ። ብሓባር ዝጀመርናዮ ክንቅፅለሉ ምሳኹም እናተዛተና ክንሰርሕ ጉዕዞ መኸተ ጥራሕ እንተይኮነ ኣብ ካልኦት ጉዳያት እናተማኸርና ንኸደሉ ኩነታት ከምነመቻቹ፥ ፖለቲካ ትግራይ ፍልፍል ምሩፅ ሓሳብ ኮይኑ ክቕፅል ብሓባር ክንሰርሕ ቃል ንኣቱ።

**ዝኸበርኩም ህዝብታት ኢትዮጵያ**

ሕገ መንግስቲን ፌደራል ስርዓትን ንምጅማርን ንምህናፅን ብዙሕ መስዋእቲ ዝተኸፈለሉ፥ ማዕርነት ብሄራት ክረጋገፅ፥ ዴሞክራሲ ክዕምብብ ዝተኸፈለ መስዋእቲ ብዙሕ ንቕድሚት ዘሰጎምና ይኹን እምበር እቲ ዘሎ ፌደራላዊ ስርዓት ከምዘለዎ ክቕፅል ምግባር ሕዚ ኣቲናዮ ዘለና ፀገም ክቕፅል ምግባር ስለዝኾነ ዝግባእ ምድላውን ዘተን ብምክያድ ዘድሊ ምስትኽኻል ምግባር ይግባእ እንተዘየለ ሕዚውን ውሳነና ኣብ ኢድና ምዃኑ ክፍለጥ ኣለዎ። ተጋሩ ምስ ካልኦት ህዝብታት ተኸባቢርና ክንነብር ሰላም፥ ደሕነንትን ልምዓትን የተኣሳስረና ምስ ዝብሉ ተደጋጊፍና ክንጓዓዝ፥ ሰላምና ንዘይደልዩ ግና ንኹሉ ድሉዋት ምዃንና ክንገልፀልኩም ንፈቱ።

> **“ኣብ ክልልና ዝራኣይ ተግባራት ክራይ ኣካብነት ንልምዓትና ናብ ዘየዕንቅፈሉ ብርኪ ንምውራድ እተን ክራይ ኣካብነት ተግባራት ዝፍፀመለን መዳያት ብምንፃር ፅንዓትን ክትትልን ብምክያድ ንዝረኣዩ ክፍተታት ስጉምቲ ምውዳስ፣ ሰፊሕ ናይ ግንዛበ ስራሕቲ ምስራሕ፣ ተኸታታልን ውዕይን ቃልሲ ክራይ ኣካብነት ምክያድን ተሓታትነት ምርግጋፅን ይግባእ።”**

**ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን**

ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝጀመርኦ ጉዕዞ ሰላም ንቕድሚት ምውሳድ ዝካኣል እናሃለወ ካብ ፈለምኡ ዝተፍሓሰ ሽርሒ ብዙሕ እንተይፀንሐ ስለዝፈሸለ ተጀሚሩ ዝነበረ ርክብ ህዝብታት ብወግዒ ክቋረፅ ተገይሩ ይኹን እምበር ሕዚ'ውን ምስ ኤርትራውያን ኣሓትናን ኣሕዋትናን ኢሂን ምሂን እናበልና ንቕድሚት ክንስድር ድልየትና ልዑል እዩ። ንሕና ሕሉፍ ንክንመሃረሉ፥ ፀገማት ክንፈትሐሉ እምበር ኣብ ሕሉፍ ተሸኺልና ክንነብረሉ ኣይንደልን። ኣብ 2013 ልኡኽና ህዝብታትና ዝምድንኦም ዘሐይሉሉ ኩሉ ኣግባብ ክንጥቀም፥ መፃኢ ጉዕዞናን ታሪኽናን ብሩህ ክኸውን ምግባር እዩ።

**ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን**

ሕዚ ንሕና ሰላም እናደለና ብኹሉ ሙሉ ከሰኩኑና፥ ሓድነት እናደለና ክበታትኑና ርብርብ ይግበር ኣሎ። ዘለዓለ ናይ መንፈስ ፅንዓት ኣብ ዝሕተተሉ እዋን መኸተ፥ ምላሽና እውን ብልዑል መንፈስ ምግጣም እዩ። ዘለና ምትእምማን ዝበለፀ እናሃነፅና፥ ካልኦት ዓቕምታት እናተጠቀምና ንሰጉም፥ ልዕሊ ኹሉ ዝኾነ ዓቕምና ግን ህዝብና፥ ክብሪ ህዝብናን ዓርሰ ምትእምማን ህዝብና ምዃኑ ተረዲእና ህዝብና ሒዝና ንሰጉም።

ከምታ ኣብ መረፃ ዘርኣናያ ሓድነት ኣብ ቀፃሊ ናይ መኸተን ካልኦት ትግራይ ንምቕያር እንሰርሖም ሓደ ኮይንና ክሳብ ዝወፈርና ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ ትግራይና ክንቅይራ ኢና። ኩልና ትግራይና ምቕያር ተሓጋጊዝና ንውፈር። ትግራይና ናብ ዝለዓለ ብራኸ ናብ ክትበፅሖ ዘለዋ ምዕባለ ነብፅሓያ።

ሃይማኖት፥ ዕድመ፥ ከባቢ፥ ምንጪ ድኽመትና እንተይኮነ ምንጪ ዓቕምታትና እዩ። ዓለም የመና እናተኣሳሰረን ራሕቒ ኣልቦ እናኾነ ኣብዝኸደሉ እዋን ሓድነትና ብዝያዳ እናሰጠመ ክኸድ ይግባእ።

**ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን**

ህዝቢ ትግራይ ዝመረፆ መንግስቲ ትግራይ ንምልዋጥ ለይትን ቀትርን ክሰርሕ፥ ዝካኣል ኩሉ ክግበር እዩ። ሰናይ ምምሕዳር ክነግስ፥ ስራሕ ስእነት እናተቓለለ ክኸይድ፥ ሰብ ሃፍቲ በበዝሒ ናብ ስራሕ ክኣትዉ ብምግባር ልምዓትና ነሳልጥ፥ ስራሕ ዕድልና ነስፍሕ። ንኹሉ ዝውስን ግና ዓቕሚ ሓይሊ ሰብና ብምዃኑ ኣብ ፅርየት ትምህርቲ ፍሉይ ትኹረት ክንገብር ይግባእ። ትግራዋይ ንዝሓሸ እምበር ንዝኸፍአ ህይወት ዘይስደደሉ ኩነታት ብምፍጣር ብዓየን ዕሙተይ ዝግበር ስደት ተጋሩ ደው ክነብል ኩልና ተሓጋጊዝና ንስራሕ።

ኣብ ክልልና ዝራኣይ ተግባራት ክራይ ኣካብነት ንልምዓትና ናብ ዘየዕንቅፈሉ ብርኪ ንምውራድ እተን ክራይ ኣካብነት ተግባራት ዝፍፀመለን መዳያት ብምንፃር ፅንዓትን ክትትልን ብምክያድ ንዝረኣዩ ክፍተታት ስጉምቲ ምውዳስ፣ ሰፊሕ ናይ ግንዛበ ስራሕቲ ምስራሕ፣ ተኸታታልን ውዕይን ቃልሲ ክራይ ኣካብነት ምክያድን ተሓታትነት ምርግጋፅን ይግባእ።

ስልጣን ክንዲ ንህዝቢ ንምግልጋል ወገን ንምንግልታዕ፡ ብግዕዝይና ህዝቢ ክማረር ትገብሩ ኣብ ዝተጋገየ መስመር ታሪኽ ብምህላውኩም ፈሊጥኩም ሰላም፥ ልምዓት፥ ስርዓት ምክብባር ተቐቢልኩም ጉዕዞኹም ክተመዓራርዩ ንፅበ። እንተዘየለ ግቡእ መስተኻኸሊ ዘይቀሪ ምዃኑ ክፍለጥ ኣለዎ።

**ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን**

ካልኣይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ኮንትራቱ ስለዝወድአ ዝርዝር ገምጋም ኣካይድና ክንወስዶም ዝግባእ ልምዲ ተማሂርና ተጀሚሩ ዝነበረ ስሉጥ ኢኮኖሚ ምዕባለ ክቐፅል ዘኽእል ትልሚ 5 ዓመት ብምድላው ናብ ስራሕና ክንኣቱ ኣለና። ትግራይ ድሕሪ 25 ዓመት እንታይ ትኹን? ክነመዝግቦም ዝግባእ ለውጥታት ክንዛተ ሰላምና ኣረጋጊፅና ካብ ድኽነት ወፂእና ራህዋን ምዕበለን ነመዝግብ።

ኣብ ከተማ ይኹን ገጠር ርኡይ ለውጢ ንምምፃእ ክንሰርሕ፥ ትግራይና ካብ ድኽነት ኣውፂእና ኣብ ዝቕፅል 5ተ ዓመታት ናብ ዝተሓተ ማእኸላይ እቶት ብርኪ ክነእትዋ ኣለና። ክብሪ ትግራይ ሒዝና ዝተምሃረ መንእሰይን ምሁርን ሒዝና ጉዕዞና ብሩህዩ፥ ኩሉ ተፃብኦ ፈንፂሕና ፍሉይ ታሪኽ ንምስራሕ ዝተዳለና ህዝቢ ምኻንና ክነረጋግፅ ኢና። እዚ ዓመት ሰላምና ሓሊና ስራሕቲ ሪፎርም ዝያዳ ኣሐይልና እንፍፀመሉ ዓመት እዩ።

ዝተጀመረ ናይ ውድብን መንግስትን ዝምድና፥ ነፃነትን ተሓታትነትን ዘረጋግፅ ክኸውን ዝገብር ናይ ኣሰራርሓታት ምስትኽኻል ኣብዚ ዓመት ውን ክቕፅል እዩ። ኣካል ናይ መንግስቲ ዴሞክራታይዘሽን ዝኾነ ሲቪል ሰርቪስ ሪፎርም ብዝተጠናኸረ ንምፍፃም ሓዱሽ ክልላዊ ናይ ቢሮታትን ዘፈራትን ናይ ኣወዳድባ ምትዕርራይ ንምክያድ መፅናዕቲ ተኻይዱ እዩ። እዚ ምትዕርራይ ቆጣብን ውፅኢታዊን ስራሕ ንምስራሕ ዘኽእል፥ ትካላትና ስሉጥ ኣገልግሎት ዝወሃበለንን ዕዉት ልምዓታዊ ስራሕቲ ከካይዳ ዘኽእለን ኩነታት ንምፍጣርን ምስዚ ብዝተዛመደ እውን ብቑዕ ሓይሊ ሰብ ክህልወን ዝገብር እዩ።

ክልልን ዞባን ዝምልከት ዝተኻየደ መፅናዕቲ ብምህላው እውን ክግበር ዝግባእ ናይ ውደባ ምትዕርራይን ምስኡ ዝኸይድ ሓዱሽ ሽመትን ክሳብ ናብ ዝተኸበረ ቤት ምኽሪ ዘቕርብ ኣብ ስራሕ ዘሎ ሹመት ቀፃሊ ክኸውን ውሳነኹም ይሓትት። ድሕሪ ዝተወሰነ ጊዜ ዝተመዓራረየ መሓውር ክልል፥ ዞብን ሹመትን ከቕርብ ከምዝኾንኩ ብትሕትና የቕርብ።

**ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን**

እዛ መዓልቲ ንዘክራ፥ ንሕና መን ምዃንናን ክንደይ ከምዝሰጎምናን ንርእ። ብዕጥቃዊ ቃልስና መሰል ዓርሰ ውሳነና ንምርግጋፅ ቃልስና ነዊሕን መሪርን እዩ፥ ዓወትና ናይ ግድን እዩ ብዝብል ድሕሪ ክንደይ መስዋእቲ ድሙቕ ዓወት ተመዝጊቡ ከምዝኾነ ዝፍለጥ እዩ። ዝተረፍናን ዘለናን ትውልዲ ድማ ሕድሪ ኣይነዕብርን ኢልና መሰል ዓርሰ ውሳነና ደጊምና ብምርግጋፅ ክንምርሽ ይግባእ።

ብካሊእ ገፅ ገና ካብ ድኽነትን ድሕረትን መሊእና ስለዘይወፃእና ብዙሓት ክንፈትሖም ዝግብኡና ሽግራት ከምዘለዉን ኣብ ዝሓፀር ጊዜ ክንፈትሖም ከምዘይንኽእልን ፍሉጥኳ እንተኾነ ክፍትሑ ዝኽእሉ ብቅደም ሰዓብ ነፂርና ብምስራሕ ሽግራትና እናተቓለሉ ምኻዶም ኣይቐርን። ንኹሉ ህዝቢ ትግራይ ሒዝካ ብዙሕ ላዕልን ታሕትን ሓሊፍካ ብዘተኣማምን ትግራይና ክንቅይራ ኢና።

**ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን**

ዝጀመርናዮ መኸተ ኮቪድ 19 ብቁም ነገሩ ንህልውናን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ ዝግበር ወሳኒ ግጥም ምኻኑ ተረዲእና ክንቃለስ ኣለና። መኸተ ኮሮና ቫይረስ ላሕሊሑ ኣብ ህዝብና ዝለዓለ ጉድኣት ከይበፅሕ ብኻሊእ ገፅ ድማ ኢኮኖሚያዊ፥ ማሕበራዊን ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ክልልና ካሊእ ዝኸፍአ ጉድኣት ከይገጥም ሚዛን ሓሊኻ ምኻድ ይግባእ። እዚ ለበዳ ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ውሕ ስናና ኣብ ኢድና ኣብ ምክልኻልናን ብምዃኑ ዝኸፍአ ሓደጋ ገና ኣብ ቅድሜና ከምዘሎ ተረዲእና ኩሉ ጥንቃቐታት ንግበር።

ዝራኣዩ ዘለዉ ሽለል መለል ገና ዋጋ ከኽፍለና ምዃኑ ፈሊጥና መኸተ ኮቪድ 19 ዕዉት ምግባር ልዕሊ ኹሉ ህዝብና ካብ ብርሰት ብምድሓን ህዝብና ከይተበሳበሰ መንነቱ፥ ክብሩን ደሕንነቱን ሓሊዩ ክምርሽ ምግባር ማለት ምኻኑ ተገንዚብና ኩልና ብሓላፍነት መኸተና ነዕውት።

ታሪኽ ከምዝነግረና ህዝቢ ትግራይ ውሽጣውን ግዳማውን ብድሆታት ብዘተኣማምን እናመከተ ዓወት ኣብ ልዕሊ ዓወት እናመዝገበ ዝመፀ ህዝቢ እዩ። ዝጀመርናዮ ናይ ለውጢ ምንቅስቓስ ብምሕያል ሓድነት ህዝብና ሒዝና ካብ 2013 ዓ.ም. ጀሚርና ትግራይ ንምልዋጥ ንለዓል። ታሪኽ ብዙሕ ገፅ ዘለዎ መፅሓፍ ብምዃኑ ኣብ ሕድ ሕድ መዓልቲ ንሰርሖ ስራሕ ንቕድሚት ዘሰጉም ኮይኑ ክፅሓፍ ንረባረብ። ኣብ ናይ ሓዱሽ ምዕራፍ፥ ሓዱሽ ገፅ ፍሉይ ታሪኽ ክነመዝግብ፥ ሓድነትና ሒዝና ናይ ሓባር ታሪኽ ንስራሕ። ሓዱሽ ዓመት ናይ ሰላምን ሓቢርካ ምዕባይን ዓመት ክኾነልና ሰናይ ትምኒተይ ክገልፀልኩም ይፈቱ።

**◆ ልዑል ክብሪ ንመሉእ ህዝቢ ትግራይ!**
**◆ ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ስውኣትና!**
**የቐንየለይ!**

# ንወለዶ ዝሓልፍ



## “ ሕድሪ እቶም ንመሰል ዓርሰ ውሳነና ዝሓለፉ ...”

**ፕሬዝደንት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል ኣብ ምጥያሽ ሓዱሽ መንግስቲ ትግራይ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ**



ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል ቃለ መሓላ እንትፍፅሙ

**ዝተኸበርካ ህዝቢ ትግራይ**

ዝተኸበርክንን ዝተኸበርኩምን ኣባላት ቤት ምኽሪ

ዝተኸበሩ ኣይተ ሩፋኤል ሽፋረ ኣፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ህዝቢ ትግራይ

ዝተኸበራ ዶ/ር ፋና ሓጎስ ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

ዝተኸበርኩም ዕዱማት ኣጋይሽ

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ኣቐዲመ እንኳዕ ናብ መበል ሻድሻይ ዘመን ቀዳማይ ስሩዕ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብሰላም መፃኹም ክብለኩም እፈቱ።

### ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ህዝቢ ትግራይ ሕገ መንግስቲና ኣይጠሓስን፥ ንመ/ዓ/ውሳነና ዝሓለፉ ሕድሪ ደቅና ኣይነዕብርን ኢሉ፥ ኮሮናን ካልኦት ተፃብኦታትን መኪቱ ብልዑል ወነን ሓቦን ብኹሉ መዳይ ዕዉት ዝኾነ ታሪኻዊ መረፃ ኣካይዱ እዩ። ኣብዚ ፍሉይን ታሪኻውን ናይ መሰል ዓርሰ ውሳነን ዓርሰ ምሕደራን መረፃ ንዝቐፅሉ 5 ዓመታት ትግራይና ዘመሓድሩ ዝተመረፁሉ እዩ።

ክሳብ እዛ ዕለት ዘገልግል ዝነበረ መንግስቲ ትግራይ ዝተጣየሸሉ ጉባኤ ዝተጀመረሉ ኣብ መስከረም 14 2008 ዓ.ም ኮይኑ ብሕገ መንግስትና መሰረት ልክዕ ኣብ 5 ዓመቱ ሎሚ ኣብ 1ይ ዋዕላ ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምጥያሽ ተኣኪብና ኣለና። ሕገ መንግስቲ ይከበር እናበልና ዝተቓለስናዮ ብጭቡጥ ሕገ መንግስትና ኣኽቢርና ታሪኻዊ መረፃና ኣሳሊጥና ሕሉፍ መንግስትና ዝተመስረተሉ ዕለት ሎሚ ድማ ሓዱሽ መንግስቲ ንምጥያሽ ተራኺብና ኣለና።

ስለዝኾነ'ውን ሕዚ ክልላዊ መንግስትና ኣጣይሽና ናብ ስራሕ ንወፍረሉ ዕለት መስከረም 14 2013 ዓ.ም.እዩ። ኮይኑ'ውን ህዝቢ፥ ውድብን፥ ቤት ምኽሪ ህዝቢ ትግራይ ኣባይ እምነት ብምሕዳርኩም ር/ምምሕዳር ትግራይ ኮይነ ከገልግል ዕድል ብምሃብኩም ዝተሰምዐኒ ክብሪ ዝለዓለ ምዃኑ ክገልፅ ይፈቱ። ቅድመይ ዘገልገሉ ርእሰ ምምሕዳራት ቃለ መሓልኦም ኣብ እዋን ከበድቲ ሽግራትን ብድሆታትን ዝተገብሩ ይኹን እምበር ኩሎም ዝሓለፉ ርእሰ ምምሕዳራት ህልውናን ዕብየትን ትግራይ ብዝተኸኣለ መጠን ክቐፅሉ ስለዝኸኣሉ ንኹሎም ነመስግኖም። ልዕሊ ኹሉ ግን ትግራይ ህልውናኣ ኣረጋጊፃ ክትቕፅል ዝኸኣለት ህዝቢ ትግራይ ውፅኢት ዕጥቃዊ ቃልሱ ዝኾነ ሕገ መንግስትን ፌደራል ስርዓትን ኣብ ባዕሉን ተኣማሚኑን ክረባረብ ስለዝኸኣለ እዩ። ሕዚ በዚ ኣጋጣሚ ናብ ሓላፍነት ንመፅእ ተጋሩ እውን ሕድሪ ሰውኣት፥ ሕድሪ ሕሉፋት ኣመራርሓታትን ወለዶን ኣኽቢርና ንቕድሚት ክንምርሽ ይግባእ።

### ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ሓንፈፅ ናይ መረፃ ስርዓትና ድምፂ ህዝቢ ከይባኽን ተባሂሉ ሓዱሽ ኣሰራርሓ ዝተኣታተወ ይኹንእምበር ህዝቢ ንኹሎም ተናሓናሕቲ ዝሃቦ ድምፂ ሓደ ወንበር እዩ ኾይኑ፥ ብሓደ ገፅ ውሳነ ህዝቢን ሕግን ኣኽቢርካ ምኻድ ግቡእ ኾይኑ፥ ብኻሊእ ገፅ ግና ዝተወሰነ ድምፂ ዝረኸቡ ፖለቲካዊ ውድባት ኣብ ፖለቲካ ትግራይ ቀፃሊ ተሳትፎኦም ከመይ ክረጋገፅ ከምዝካኣል ክንመክር ድሉዋት ኢና ብዝተብሃለ መሰረት ኣብ መረፃና ዝተሳተፉን ይዕበ ይንኣስ ድምፂ ደገፍቲ ዝረኸቡ ንዴሞክራታይዘሽን ትግራይ ዝጠቅም ፖለቲካዊ ፍታሕ ተዋሂቡ ኣሎ። እዚ ኣብ ዴሞክራሲ ትግራይ ዝተርኣየ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ዘተኣናግድ ቤት ምኽሪ ኩሉ ተረባሓይ ዝገብር ካሊእ ሓዱሽ ምዕባለ ኣብ ዴሞክራሲ ትግራይ እዩ። ትግራይ ብዴሞክራታይዘሽን እናማዕበለት ትቕፅል እምበር ንድሕሪት ክትምለስ ከምዘይትኽእል ካሊእ መረጋገፂ ስጉምን ትካላዊ ውሳነን እዩ።

### ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ኣብዛ ዕለት ተኣኪብና ዘለና ምብትታን እንተይኮነ ናይ ዕላማ ሓድነት፥ ፍርሒ እንተይኮነ መኽተን ተስፋን ዝመረፅና ስለዝኾንና ኢና። ኣብዛ ዕለት ዘይትግበር ተስፋ ምሃብ፥ ኣነ ዝበልኩዎ ዘይኮነ እናበልካ ብህልኽ ናብ ክንደይ ስሓቦ ጉተቶ ምእታው ደው ይበል ንብለሉ እዩ። ጊዜ፥ ጉልበት ካልኦት ዓቕምታት ምብኻን ይኣክል። ሕሉፍ ድሙቓት ታሪኻትና ዘኪርና፥ ምሩፃት ክብርታት ትግራይ ኣኽቢርና ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክነስግሮም ክንውስን ኣለና።

ሕሉፋት ወለዶታት ኣክሱማውያን ንባዕሎምን ለዊጦም፥ ከባብታትና ከመሓድሩ በቒዖም፥ ንቱሪስትን መፅናዕትን ዝኾኑ መስተንክራት ገዲፎሙልና ሓሊፎም። ናይ ትግራይ ሕሉፍ ታሪኽን ዕብየትን እንት ንዝክር ዕብየትን ልምዓትን ከም ውሁብ ከምዘይውሰድ ምርዳእ ይካእል። ኣፍቲ ዝለዓለ ስልጣነ በፂሕኻዶ ድሕሪ ኩሉ ይትረፍ? ማንም እናተልዓለ ኣብ መሰልናን ክብርናንዶ የወጣውጠልና? ፅዒርካ፥ ሽቂልካ ዝርከብ ልምዓትን ክብርን'ምበር ዝወሃብ ውህብቶ ከምዘየለ ታሪኽና ይምስክር።

ሕሉፋት ወለዶታት ትግራይ ብተደጋጋሚ ምስ ናይ ግዳምን ሓይልታት ተቓሊሶም፥ ክብሮምን ደሕንነቶምን ከመይ ከምዝሓለዉ ኣምሂሮም ናብርኦም ክቕይሩ ኣእዳዎም ቆርፎጭፎጭ ክሳብ ዝብል ለይትን ቀትርን ሸቂሎም ተረከብቲ ትውልዲ ዝሓሸ ህይወት ክህልዎም ፅዒሮም እዮም። ካብ ትሰርሖ ንላዕሊ እናተዛነኻ፥ ንእሽተይ ሰሪሕካ ዝለዓለ ውፅኢት ትምነየሉን ትፅበየሉን ብኣቋራጭ ትኽብረሉ ክህሉ ኣይግባእን። የግዳስ ለይትን ቀትርን እናሸቀልካ፥ ክሳራታት ዋላ የጋጥም ኢልካ ብምልፋዕ ንዝመፅእ ዕብየትን ልምዓትን ንሰለፍ። ትግራይ ልዕሊ ድምር ውፅኢት ባህጊ ውልቀ ተጋሩ ዝኾነት፥ ትግራይ ልዕሊ ኩልና እያ። ኩልና ንትግራይ ዘይጠቕሙ ኩሉ ኣራጊፍና ብሓዱሽ መንፈስ ትግራይና ናፍቲ ክትበፅሖ ዝግባእ ንክነብፅሕ ንለዓል።

> **“ስልጣን ክንዲ ንህዝቢ ንምግልጋል ወገን ንምንግልታዕ፡ ብግዕዝይና ህዝቢ ክማረር ትገብሩ ኣብ ዝተጋገየ መስመር ታሪኽ ብምህላውኩም ፈሊጥኩም ሰላም፥ ልምዓት፥ ስርዓት ምኽብባር ተቐቢልኩም ጉዕዞኹም ክተመዓራርዩ ንፅበ። እንተዘየለ ግቡእ መስተኻኸሊ ዘይቐሪ ምዃኑ ክፍለጥ ኣለዎ።”**

### ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ዝሓለፉ ትውልድታት ክንደይ ወራራት ባእዳ ውያን ዝመከቱ ዘመናዊ ኣፅዋራት ሚሳይላት፥ ታንክታት ሒዞም ኣይኮኑን፥ ናይ ህዝቢ መሰል ኣሕሊፍና ኣይንህብን፥ ኣይንምብርከክን፥ ብዝብል ናይ ዕላማ ፅንዓትን ምትሕብባርን ሒዞም እዮም ገጢሞም ዝሰዓሩ።

ንሕና ሓላፍነት ዝተውሃበና ኣመራርሓ እውን ዝውሃበና ልዑኽ ንምፍፃም ንድሕሪት እንተይበልና ገጢሙና ንዘሎ ፈተና እምነትና፥ ፅንዓትና ጥንካረና ሒዝና ክንምክትን ክብሪን ታሪኽን ተጋሩ ደሚቑ ክቕፅል ምግባርን ይግባኣና። ኩልና ተጋሩ ንትግራይ እንታይ ገይርናላ? ተሓባቢርና ንትግራይ እንታይ ክንገብር ንኽእል ኢልና ንሕተት።

ንሕና ናይ ቀዳሞት ወለድና ክብርታት ሓለውቲ ክንኮን፥ እዞም ክብርታት ሒዝና ናይ ባዕልና ክብሪ ወሲኽና ብዝለዓለ ፃዕርን ምትሕብባርን እዞም ዝራኣዩ ዘለዉ እዋናዊ ስግኣታትን ጠለባትን ክንምክት፥ ዝሃለወ ሽግር ይሃሉወና ናይ ምምካት ዓቕምናን ድሉውነትናን ኣሐይልና ብናይ ማንም ሓይሊ ድሕረት ክንስኮን እንተይኮነስ ክንስዕር ዝተዳለና፥ ብታሪኽ ዝተሓረና ትውልዲ ኢና።

### ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ህዝቢ ትግራይ ብውድብ ህወሓት እናተመርሐ ተቓሊሱ በሕገ መንግስታዊ ስርዓት ትምራሕ ፌደራላዊ ስርዓት ተተኺሉ ንኣስታት 30 ዓመታት ዝፅጋእ ተተግቢሩ ኩልና ከምንፈልጦ ውድብ፥ መንግስትን ህዝብን ኣብ ዝገበሩዎ ምርብራብ ኣብ ፖለቲካዊ፥ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዓበይቲ ለውጥታት ኣብ ሃገርናን ክልልናን መፅዮም፥ ህዝብና በብደረጅኡ ተጠቃሚ ኮይኑ እዩ።

ይኹን እምበር ኣብ ዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ሓይልታት ተኣሳሲሮም ንህዝቢ ትግራይ ምስ ካልኦት ህዝብታት ሃገርና

ናብ ገፅ 4 ይዘውር ...



# መናእሰይን ስፖርትን



ዝተፈላለየ ንጥፈታት መናእሰይን ስፖርትን ዘተኣናግድ መደብ

# ድሌትና ሰማይ - ፃዕርና መሬት ከይኾን...

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ክልል ትግራይ ብዙሕ ፀጋታት ኣለዋ። ካብቶም ፀጋታት ገሊኦም ሰፊሕ ተሓራሲ መሬት፣ ፅቡቕ ሃፍቲ ከርሰ መሬት ማይ፣ ብቀሊሉ ዝለምዕ መሬትን ንሃፍቲ እንስሳት ከም ምርባሕ ንህቢ፣ ጠለበጊዕን ፀባ ላሕምን፣ ምህጣር ኣብዑር ዝምችው ከባቢ ኢሉ እውን ምርባሕ ዓሳ ኣብ ተከዘን ኦፍላን መናእሰይ ብማሕበር ተወዲቦም ዓሳ ብምርባሕ ተጠቀምቲ እናኾኑ እዮም።

ኣብ ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ክልል ትግራይ መተሓባበሪ ጉጅለ ስራሕ ዕድል ፈጠራን ፓኬጅን ኣይተ ገብረሃዋርያ ግደይ በቲ ቢሮ ንመና እሰይን ደቂ ኣንስትዮን ዝተፈጠረ ስራሕ ዕድል ዝምልከት ሓበሬታ ሒዝናልኩም ቀሪብና ኣለና። ኣብ 2011 ዓ/ም ንልዕሊ 86 ሽሕ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ስራሕ ዕድል ንምፍጣር ተተሊሙ፤ እቲ ልዕሊ 45 ሽሕ ተፈፂሙ።

ኣብ 2012 ዓ/ም ንምፍጣር ስራሕ ዕድል ዓብዩ ትኹረት ተዋሂብዎ። ከባቢ 100 ሽሕ ስራሕ ዕድል ንምፍጣር ሽቶ ተታሒዙ። ን96 ሽሕን 180 መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ስራሕ ዕድል ከምዝ ተፈጠረ እቶም መተሓባበሪ ሓቢሮም።

ካብዚ ኣብ ሃፍቲ እንስሳ ዝተፈጠረ ስራሕ ዕድል ንልዕሊ 59 ሽሕ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን እንትኮኑ፤ ካብዚኦም ዝሓሸ ጨገረት ዘለወን ልዕሊ 588 ፀባ ላሕምን 1264 በጋይት ኣተኣታትዮም። ከምኡ እውን ኣብ ምህጣር ኣብዑር፣ ምርባሕ ደርሁን ዝተዋፈሩ እንትኮኑ፤ ጫቃዊት እናዕበዩ ንሕ ብረተሰብ ዘከፋፍሉ 256 መናእሰይ በብወረድኡ ተዋፊሮም ኣለዉ።

ኣብ ልምዓት መስኖ ንልዕሊ 30 ሽሕ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ስራሕ ዕድል ተፈጢሩ። ኣብ መስኖ ዝስራሕ ስራሕ እቲ ሓደ ኅቦ መቐሎ እዩ። ኣብዚ ኣብ ሓደ ሓደ ከባብታት ፈልሲ ጣብያ መንግስቲ ዝነበረ ነቶም መናእሰይ ተዋሂቡ። መስኖ ከልምዕሉን ተገይሩ ኣሎ። ኣብ ልምዓት መስኖ ንመናእሰይ ዝሓሸ ስራሕ ዝሰርሓ ዘለዋ ከባብታት ኣብ ወረዳ እንደርታ ብገበርቲ ሰናይ ትካላት እናተሓገዙ ክሳብ 40 ሄ/ር ዘልምዑ ኣለዉ። ኣብ ዞባ ምብራቕ ክልተ ኣውላዕሎን ኣፅብን፣ ብውሱን መልክዑ ድማ ኣብ ሓውዜን፤ ኣብ ዞባ ደቡብ ራያ ዓዘቦን ኣላማጣን ይርከበኦም።

መንግስቲ ትግራይ ካብ ዝሓዞም ቁልፊ መደባት መሳርሕታት ቴክኖሎጂ እታወታትን ዝጥ ቀም ሓረስታይ ምፍጣርን ሕርሻ መካናይዝድ ምግባርን ሓደ እዩ። እዚ ንምትግባር ፃዕርታት እኳ እንተተገበረ ብሰንኪ ሕፅረት ግንዛበ ከምቲ ዝድለ ኣይፍፀምን ዘሎ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንልዕሊ ክልተ ሽሕ መናእሰይን ሓረስቶትን ናብ መካናይዝድ ንምስጋር ተተሊሙ ነይሩ። ካብዚ 67 ጥራሕ ተፈፂሙ። እዚ ድማ እቲ ዝዓበየ ዘይተ ዓወተን ምስቲ ተታሒዙ ዘሎ ዓብዩ ትልምን ዘመናዊ መሳር ሕታት ቴክኖሎጂ ምትእትታዉን ኣድላ ይነቱን እንትነፃፀር ዝተሓተ እዩ።

ኣብ ዕድል ስራሕ ፈጠራ ኣብነታውያን ከባብታት እንትጠቅሱ ኣብ ወረዳ ጨርጨር ጣብያ ሓዱሽ ቅኚ ሓደ እዩ። ኣብቲ ጣብያ ብሓፈሻ ን400 ወገናት ስራሕ ዕድል ተፈጢርሎም እዩ።



መተሓባበሪ ጉጅለ ስራሕ ዕድል ፈጠራን ፓኬጅን ኣይተ ገብረሃዋርያ ግደይ

ኣብዚ ዝነብራ 300 ደቂ ኣንስትዮ ኣለዋ። እዚኣተን ጠርነፍቲ ስለዘለወኦን እቲ በዓል ሃፍቲ ክንድዚ ስራሕተኛ እደሊ እየ ብምባል፣ ነተን ጠርነፍቲ ረኪቡ ዘድልዮ ሰራሕተኛ ዝረክበሉ ዕድል ፈጢረን ኣለዋ። ከምኡ እውን 300 መናእሰይ ኣብ ምውፃእ እምኒ ተወዲቦም ይሰርሑ ኣለዉ። ብተመሳሳሊ ኣብ ጣብያ ሓደ ኣልጋ እውን 19 መናእሰይ ኣብ ልምዓት መስኖ፣ 62 መናእሰይ ኣብ ሰብ ሃፍቲ ተቖፂሮም ይሰርሑ ኣለዉ።

ኣብ ወረዳ ኦፍላ ጣብያ ሓሸንገ እውን ሓሙሽተ ማሕበራት መናእሰይ ኣለዋ። እዚኣተን 185 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 351 መናእሰይ ዝሓቖፋ እየን። ካብዚኦም እቶም 259 ቀላሚጦስ እናዕበዩ ንፋብሪካ ፓርቲክል ቦርድን ንውልቀ ነጋዶን የቕርቡ። ኣብ ቀላሚንጦስ ምልማዕ፣ ምርባሕ ዓሳ፣ ምህጣር ጠለ በጊዕ፣ ኣብዑርን ምርባሕ ፀባ ላሕምን ዝተዋፈሩ ካብ 30 ሽሕ ክሳብ 200 ሽሕ ብር ሃፍቲ ከምዝወነኑ እቶም መተሓባበሪ ገሊፆም።

ኣብ ጣብያ ስምረት እውን ልዕሊ 575 መናእሰይ፣ ብተመሳሳሊ ኣብ እንዳሞኮኒ ጣብያ መካን ዘለዉ ብርከት ዝበሉ መናእሰይ ኣብ ቀላሚጦስ፣ ምፍራይ ኣሕምልትን ኣፑልን፣ መዳለዉቲ ቀለብ ሃፍቲ እንስሳ፣ ምርባሕ ደርሁን ነፀጋ ኪሚካልን ተወዲቦም ዝተዋፈሩ ሕድ ሕዶም ካብ 36 ሽሕ ክሳብ 385 ሽሕ ብር ሃፍቲ ኣዋህሊሎም ኣለዉ።



ኅቦ መቐሎን ምርባሕ ንህብን

መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ክልልና ብሕርሻ ክልወጡ ዝገብሩ ዘለዉ ማሕለኻታት እቶም ቀንዲ ድሑር ኣተሓሳስባን ግንዛበን ምህላው፣ ብኣ ቋራፂ ክሓልፈልካ ምድላይ፣ ፃዕሪ ዘለዎ ስራሕ ዘይምፍታዉ፣ ሕፅረት ልቓሕን ኣብዚ ዘለዉ ኣሰራርሓታት ምንዋሕን ቢሮ ክራስን፣ ኩለ መዳይ ፅፉፍ መረዳእታ ኣታሕዛ ዘይም ህላው፣ ነዚኣቶም ዝግበረሎም ክትትልን ደገፍን ምንኣስን ምቁ ርራፅን፣ እቲ ቢሮ ዓቕሚ ንምዕባይ ኣብ ዝግበሮ ፃዕሪ ሕፅረት በጀት ምግጣምን ፀገም ኣወዳድባ ምህላውን ካልኦትን ምኧኖም ገሊፆምልና።

እቲ ዝተፈጠረ ስራሕ ዕድል ብትኽክል ኣብ መሬት ኣሎ ዶ? ብፍላይ ቅድሚ ዓመታት ህዝቢ ትግራይን መንእሰይን ዘይተጠቐመ እናሃለወ ተጠቂሙ እናበልካ ፀብፃባት ምድርዳር ስለዝነበረ ካብዚ ነገር ክንደየናይ ተማሂርና ፅሩይ ፀብፃብ ሒዝና ዶ? ብስሩ ኸ እቲ ልዕሊ 90 ሽሕ ስራሕ ዕድል ተፈጢሩ ዝበሃል ዘሎ ኣብ መሬት ኣሎ ድዮ? ምኽንያቱ ኣብ ቢሮ ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን ዘሎ ክኢላ ተፈጢሩ ዝበሃል ዘሎ ስራሕ ዕድል ኣብ ገለ ቦታታት ኣብ መሬት ወሪደ ዝሳኣንክዎም ኣለዉ ዝብል ሓሳብ ሂቡና እዩ ክንብል ዝሓተትናዮም ሕቶ እቶም መተሓባበሪ ዝሃቡና መልሲ ዝስዕብ እዩ።

እቲ ተፈጢሩ ዝበሃል ዘሎ ስራሕ ዕድል ብጂፒኤስ ኣፅኒዕና ኢና ኣቕሪብናዮ። ግን ድማ ሙሉእ ከባቢ ዘይሸፈነ ክኾን ይኽእል እዩ። እቶም ኣብ መሬት ዘየለው ዝበሃሉ ዘለዉ ስራሕ ዕድል ዝተፈጠረሎም በቢ እዋኑ እናተኸታተልካ ክሰጋገሩ ምግባር ኣድላይ እዩ። ምኽንያቱ ሕዚ እውን ብሕርሻ ሰሪሖ ድየ ክሓልፈለይ ዝብልን ድሑራት ኣተሓሳስባታት ካልኦትን ስለዘለዉ ስራሕ ጀሚሮም ዘቋርፁ ኣይሳኣኑን።

ኣብ መሬት ዘየለ ነገር ከይፅብፀብን ስራሕ ዝጀመሩ ወገናት እውን ስራሕቶም ንከዕብዩን ናብ ዝሓሸ ብርኪ ንክሰጋገሩን ኩሉ ሓላፍነቱ ክርዳእን ሓላፍነቱ ንምውፃእ ኣድላይ ደገፍን ክትትልን ምግ ባር ከምዘድሊ ሓቢሮም።

ክልል ትግራይ ብዙሕ ፀጋታት ኣለዋ። ኮይኑ ግና ኣብ ብዙሓት መናእሰይ ብሕርሻ ሰሪሐ ድዩ ክሓልፈለይ ዝብሉን ካልኦትን ብፍላይ ብኣቋራፂ ክሓል ፈልካ ምድላይ ብምህላው ትግራይ ዘለዋ ፀጋ ብዝ ግባእ እናተጠቐመ ዝዓቢ መንእሰይን ካሊእን ምስቲ ዘሎ ሃፍቲ ዝመጣጠን ኣይኮነን።

ኣብ መናእሰይ ዘሎ ፀገም ኣተሓሳስባ ብም ቅያር ፈለማ ተፀባይነት ብምውጋድ፣ ብኣቋራፂ ክትህፍትም ምድላይ ደው ብምባል ስራሕ ከየማረፀን ከይናዓቐን ክሰርሕ ኣለዎ። መንግስቲ እውን ንመናእሰይ ዘድልዩ ቀረባት ብኣግባቡ ብምድላውን ብምቅራብን ኩሉ ዜጋ ዝብህጋ ትግ ራይ ንምፍጣር ኣብ ዝግብር ዘሎ ርብርብ ግደ መናእሰይ ልዑል ምግባር የድሊ። ነዚ እውን ኢና ድሌትና ሰማይ ፃዕርና መሬት ከይኮን ተዋዲድና ንስራሕ ንብል ዘለና። ሰናይ ቅነ

## 2013 ዓ/ም ትግራይ ብሓዱሽ ናህሪ ናብ ብራኽ ዓወት !